www.shalom7.org/debora

# መጽሄት ዴቦራ

መጽሄት ዴቦራ ቁ.3 ሓምለ 2017

“ብርሃንኪ መጺኡ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ወጺኡልኪ እዩ እሞ፡ ተንስኢ፡ ብርሂ።” (ኢሳ 60:1)



“ንፋስ ብቕድሚኦም ነበረ‘ሞ ክኸዱ ከለዉ ብማዕበል ክጭነቑ ረኣዮም። ብራብዓይ ምቃል ለይቲ ኣቢሉ ባሕሪ ባሕሪ እናኸደ ናባታቶም መጸ።” ማሪ6፡45-52

# ትሕዝቶ




ገጽ 4 እዋናዊ ቓል

ጎይታ ዝመጽኣሉ ራብዓይ ምቃል ለይቲ በጺሑ

ገጽ 5 ሓድሽ ተኽሊ

ጥምቀት ማይ ብጎይታና የሱስ ዝኣመነ ጥራይ ዝጥመቕ ጥምቀት እዩ።





ገጽ 9 ዝተማረኽ ይመስል፥ ግና'ኸ ዘይማረኽ! ዝማርኽ ደኣ!

ብዘይ ቃል ምኺን ኩሉ ግዜ ስዕረት እዩ።

12 እዋናዊ ሕቶ ?

ንእግዝኣብሄር ብጸጋ ምግልጋል ዘይኮነስ ብባህሪ ምግልጋል እዩ ዘገርሞ።






ገጽ 18 ካብ ዘንበብናዮ

ሰማያዊ ክብሪ ይሕሸና



ገጽ 20 ነፍሰየ!

ነፍሰየ ብጽድቂ የሱስ ጸዲቕኪ ኢኺ!



ገጽ 21 ኣማንን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን

ንየሱስ ዝነብር ንመንፈስ ቅዱስ ኣየጉህን

ገጽ 22 ምኽሪን ማዕዳን መንፈሳዊ ሕደማ ጥቕሲ ዲቦራ

ገጽ 23 ጋሻ ዲቦራ

ዘይተሓደሰ ኣእምሮ እምነት ከምጽእ ኣይክእልን እዩ።

ገጽ 27 ደብዳቤ ናብ ኣምላኽ

ኣብ ክንዳይ ኳንካ ነታ ናተይ መሰንገለ ድለየለይ!

ገጽ 28 ቤተሰብ

ግሉጽ ምኺን ሲ ክሳዕ ክንደይ ጽቡቕ እዩ ኣሕዋተይ!

ገጽ 30 ምስክርነት ምሃብ ይባርኽ

"ኣታ ጎይታ! ሰብኣይ ምሉእሲ በዛ 50 ቅርሺ ክነብር ይኽእል?"

ገጽ 32 ሕብራዊት ዓምዲ

እቲ ቃል ንከናፍርካ እንተደኣ መሊኹ፣ ንልብኻውን ክመልኮ ኢዩ።

ገጽ 34 ናይ የሱስ ህጻናት

ዘይምእዛዝ በረኸትካ ይመልስ!

# መልእኽቲ ዲቦራ

ዲቦራ” ትብል እብራዊት ስም፡ “ንህቢ” ዝብል ቀጥታዊ ትርጉም ክህልዋ እንከሎ፡ ነታ ምርሒት ወሲዳ ተንሲኣ ብሓይሊ ንቕድሚት ትግስግስን፡ ንጸላእታ ረጊጻ እትዝምርን ቤተክርስትያን ዝውክል፡ ካብ መንፈስ ነብዩት ዲቦራ ዝርዓመ ተወሳኺ ምሳሌያዊ ምግላጽ ድማ ኣለዋ (መሳ4*1-24 ፡ መሳ5*1-31)፡፡

መጽሄት ዲቦራ፡ እግዝኣብሄር ነዚ ዕዮ እዚ ኢሉ ብዘንቅሖም፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሕብረታት ዘገልግሉን ዝግልገሉን ኣሕዋት እትዳሎ፡ ሰለስተ ወርሓዊት መጽሄት ኮይና፡ ከምተን ኩለን ኣሓት መጽሄታት፡ ስጋ ክርስቶስ ንምህናጽን ንህዝቢ ኣምላኽ ንምጽኣት ንምድላውን ዝዓለመት እያ (ኤፌ4*11-13)። ነዛ መጽሄት (ከም ልሳን መንግስቲ ኣምላኽ መጠን)፡ ብጸሎት፡ ብምኽሪ፡ ጽሑፋት ብምብርካት፡ ስእልታት ብምስዳድን ብኻልእ መገድን ክትድግፉ እግዝኣብሄር ዘነቓቕሓኩም ኣመንቲ፡ ሓንጎፋይ ኢልና ከም ንቕበለኩም እናገለጽና፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻና ክትረኽቡና ከም እትኽእሉ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ክቡራት ኣንበብቲ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡና ንዕድመኩም

ዳውንሎድ ክትገብሩ
www.shalom7.org/debora

ር ኢቶታትኩም ክትገድፉልና ድማ
www.facebook.com/deborahwordoftruthmagazine



## ነታ መርከብ ኣቕለሉላ

ኣብ ግሃ26፡1-44 “...በሊያም ምስ ጸገቡ፣ ኸኣ ነቲ ስርናይ ናብ ባሕሪ ደርብዮም ነታ መርከብ ኣቕለሉላ...።” ዝብል ቃል ኣሎ። እዛ ምዕራፍ እዚኣ፣ ከም እንፈልጦ፣ ጳውሎስ ምስ ብዙሓት ሰባት እሱር ኮይኑ ናብ ሮማ ይጎዓዘሉ ኣብ ዝነበርሉ እዋን፣ ብዛዕባ ዘጋጠሞም ኤውሮክሊዶን ዝተባህለ ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስን፣ ከቢድ ናይ ሞትን ሂወትን ፈተና እያ እተዘንቱ።

ጳውሎስ ኣብ ቅድሚ ቄሳር ክትቀውም ኢኻ ተባሂልሉ ክነሱ፣ እዚ ማዕበል ግና ሂወቱ ክሳዕ ዝቐብጽ ካብቲ ጉዕዘኡ ከተዓናቕፎ ንርኢ። በዓል ጳውሎስ ግና ጉዕዘኦም ናብ ጻዊዕቶም ንምዕቓጻል ዝተጠቕሙሉ ሜላ፣ ድሕሪ ጸሎት ጽዕነት ወይ ክብደት እታ መርከብ ምቅላል ኢዩ ነይሩ።

ሎሚ ሂወትና ናብቲ እግዚኣብሄር ዝረኣየላ ምዕራፍ ከይትበጽሕን ናብኡ ከይተተኩርን፣ ዝዓግታ ናይ ሂወት ማዕበል ወይ ክብደት እንታይ ኮን ይኸውን? እወ ካብ ኤውሮክሊዶን ዝኸፍእ፣ ረቂቕን ዝተሰውረን ንመርከብ እምነትና ካብቲ ናይ ላዕሊ ጽወዓ ማለት ካብቲ ተስፋ ምጽኣት የሱስ ኣውጺኡ፣ መንፈሳዊ ብዝመስልን ብምድራዊ ሕቶን ጸሚዱ፣ ዝዓገተና ማዕበል ተኸቢባ ንረኽባ።

ጎይታ ግና ኣብ ማቴ 11፡28-30፡ “ኣቱም ኩልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን ኣነ ከዕርፈኩም ናባይ ንዑ፣ ኣነ ለዋህ እየ፡ ልበይ ውን ትሑት ኣርዑተይ ፈኩስ፡ ጾረይ ውን ቀሊል ኢዩ እሞ፣ ኣርዑተይ ጹሩ፣ ኻባይ ውን ተምሃሩ፣ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም።” ይብለና። ኣብ ካልእ ምዕራፍ ውን ኣብ ማቴ6፡ 33-34፡ “ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፣ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም።” ኢሉና ኣሎ።

ኣብ ቆሎ 3፡1-3 ምስ እንርኢ ውን፡ “ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተኾይንኩም፡ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ፡ ነቲ ኣብላዕሊ ዘሎ ድለዩ። መዊትኩም ኢኹም፡ እታ ሂወትኩም ድማ ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ እሞ፣ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕሰቡ። ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣይኮነን። ክርስቶስ ሂወትና ምስ ዝግለጽ ሽዑ ንስኻትኩም ምስኡ ብኽብሪ ክትግለጹ ኢኹም።” ኢሉ ኣበይ ክነተኩር ከም ዘለና ኣነጺሩልና ኣሎ።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን፣ ካብዚ ናይ ምድሪ ነገር ከም ዘይንወጽእ ገይሩ ዝሓዘና ኩነታትን ሓሳባትን፣ ንልብና ከቢድዎ ኣብ ዝሃለወሉ እዋን፣ የሱስ ክመጽእን ኣብ ሰማያት ክገሃድን ዝተረፎ የለን። ኣስታት ኩሉ ትንቢታትን ምልክታትን ተፈጺሙሉ ኣብ ዘሎ እዋን ኢና ዘሎና። እቲ ዓለም እናሃለወት ቤተክርስቲያን ናብ ጎይታ እትንጠቐሉ ግዜ ድንገት ኢዩ እሞ፣ ዝተዳለና ንኹን።

ግሃ1፡11 “ኣቱም ሰብ ገሊላ ስለምንታይ ናብ ሰማይ እናጠመትኩም ደው ኢልኩም ዘለኹም? እዚ ካባኻትኩም ናብ ሰማይ ኪዓርግ ከሎ ዝርኤኹምዎ፡ ኸምኡ ኸኣ ኪመጽእ ኢዩ በልዎም።” በዚ ምኽንያት ሃዋርያት እቲ ዝለዓለ ናፍቖቶምን ትጽቢቶምን ምጽኣት የሱስ ኢዩ ዝነበረ። ኣብዚ እዋን ናትና ዝለዓለ ትጽቢት ኣብዛ ምድሪ እንታይ ኮን ይኸወን? የሱስ ክምለስ ኢዩ እሞ ንሂወትና ኣይነኽብደላ!!

# ዓምዲ - እዋናዊ ቃል

“ ... እዚ እቲ ንዘሩባቤል ዚኸውን ቃል እግዚኣብሄር እዩ ...” ዘካ 4:6-7



## ራብዓይ ምቃል ለይቲ



“ንፋስ ብቕድሚኦም ነበረ‘ሞ ክኸዱ ከለዉ ብማዕበል ክጭነቑ ረኣዮም። ብራብዓይ ምቃል ለይቲ ኣቢሉ ባሕሪ ባሕሪ እናኸደ ናባታቶም መጸ።” ዝብል ቃል ማሪ6፡45-52 ኣሎ። ማእከል ናይ ሎሚ ዛዕባና እዚ ቃል ክኸውን እዩ።

ካብዛ ጥቕሲ ከም እንርድኦ፣ እዛ ሃዋርያት እተሰቐልዋ ጃልባ ኣብ ጉዕዞ እያ ዘላ። እዛ ጃልባ ኣብ ጉዕዞ ከላ ግን ዘሸግር ነገር ተላዒሉ፣ ናብቲ ብጽሒ ዝተባህለላ ቦታ ንኸይትበጽሕ ዝዕንቅፍ ሓይሊ ድማ ተንሲእዋ። ሃዋርያት ነዚ ኣዕናዊ ሓይሊ እንታይ ክገብርዎ ይኽእሉ? ናይ ጎይታ ዕዮ ኸ እንታይ እዩ ክኸውን? ካብዛ ጥቕሲ ገለ ነጥብታት እናወሰድና ክንመሃር (ክንነቓቓሕ) ኢና።

1-ንፋስ ብቕድሚኦም ነበረ፡- ኣብዛ ጥቕሲ፣ እቲ ዝለዓሎም ዘሎ ንፋስ ብቕድሚኦም እዩ ዝመጽእ ዘሎ። ስለምንታይ እዩ ግን ብድሕሪት ወይ ብጎድኒ ዘይመጸ? ምኽንያቱ ሃዋርያት ናብቲ ክበጽሕዎ ዘለዎም፣ ማለት ናብቲ ጎይታ ኪዱ ስገሩ ዝበሎም ቦታ፣ ብተስፋ እናርኣዩ (እናማዕደዉ)፣ “እቲና”፡ “ቀሪብና”፡ “በጺሕና”... እናበሉ፡ እናርኣዩን እናመስገኑን ብተስፋ ምእንቲ ከይጉዓዙ፣ ክጋርዶም ኢሉ እዩ እቲ ሓይሊ ብቕድሚኦም ዝመጸ። ሸፈንዎም ድማ። ክርድኣና ዘለዎ ግን እዚ ንፋስ ብኣጋጣሚ ኣይኮነን ብቕድሚኦም ዝመጸ። ብዕላማ ንተስፍኦም መታን ክወቅዕ ኢሉ እዩ።

ብሩኻት ኣሕዋት! ናብቲ እግዝኣብሄር ዘተስፈወና ናይ በረኸትን ቅብኣትን መንፈሳዊ ቦታ፣ ብናይ እምነት ኣዒንትና ንቕድሚኤና እናርኣና፣ ብተስፋ ከይንጉዓዝ (ከይንርኢ) ንተስፋና ዘረስዕ፣ ኣብ ቕድሜና ዘሎ ጥራይ ክንርኢ ዝገብር፣ ናይ ጸላኢ ንፋሳት (ማዕበላት) ብዕላማ ብቕድሜና ይልዓሉና እዮም ‘ሞ፣ እንታይነቶም ኣለሊና ንንቅሓሎም!

2-ክጭነቑ ርኣዮም፡- ሃዋርያት ብጃልባ እናተጓዓዓዙ ማዕበል ብቕድሚኦም ብምምጻእ፣ ነቲ ዝርእይዎ ዝነበሩ ብምኽዋል ኣሸጊርዎም ነይሩ። ናበይ ይኸዱ ከም ዝነበሩ ዝርእይዎ ስለ ዘይነበሮም፣ ከም ውጽኢቱ ክጭነቑ ጀመሩ። እቲ ጽቡቕ ነገሮም ግን ዋላእኳ ይጨነቑ ድኣ እምበር፣ ካብታ ናይ እምነት መርከቦም ግና ፈጺሞም ኣይወጹን። ሓንቢስና ክንወጽእ ኢሎም ክሕንብሱ ኣይፈተኑን። እንታይ ደኣ፣ ኣብታ ዘለዉዋ ኾይኖም እናተጨነቑ ምድሓን ካብ ጎይታ ተጸበዩ።

ደስ ካብ ዘብል ነገር ግን ክጭነቑ ከለዉ ጎይታ የሱስ ይርእዮም ምንባሩ እዩ።

ብሩኻት ኣሕዋት! ዝጨንቀካ፡ ተስፋ ዘቑርጸካ፡ ሓይልኻ ዘዳኽመካ፡... ማዕበላት ክለዓለና ዝከኣል እዩ። ግናኸ ኣብታ ናይ እምነት መርከብና ኴንና ምድሓን ካብ ጎይታ ምጽባይ ናትና ግደ እዩ እሞ ንጸበ! ኣይንተሃወኽ ኸኣ! (1ሳም13፡8-14 ኣንብብ)።

ምድሓን ድማ ጎይታ ኣብዛ ናይ እምነት መስመር ጥራይ እዩ ዝግለጽ። እንተ ደኸምካ ኣብኣ ኹን፡ እንተ ሓንከስካ ኣብኣ ኴንካ ሓንክስ፡ እንተ ደቀስካ ውን ኣብ መስመርካ ኴንካ ደቅስ። ካብ መስመርካ ኣይትውጻእ! ከይስእነካ ተጠንቐቕ። መንፈስ ቅዱስ ኣብዛ ናይ እምነት መስመር (መርከብ) ጥራይ እዩ ዝመላለስ (እብ12፡1 ኣንብብ)። ሽዑ ከዃንፈካ እዩ እሞ ክትሕደስ፡ ክትትንስእ... ኢኻ። ጎይታ እንታይ ትኸውን ኣለኻ ይርእየካ ኣሎ። ግናኸ ንሱ ዝመጽኣሉ ምዱብ ግዜ ኣለዎ። ስለዚ ጸኒዕካ ተጸበ።

3-4ይ ምቃል ለይቲ፡- ሃዋርያት ናብታ ጎይታ ዝበሎም ቦታ እናተጉዓዙ እንከለዉ፣ ብብርቱዕ ማዕበል ይጭነቑ እኳ እንተነበሩ፣ ግናኸ ኣብ ናይ እምነት መርከቦም ኮይኖም ካብ ጎይታ ምድሓን እናተጸበዩ፣ ብገድሊ እኳ እንተነበረ ጉዕዝኦም ኣየቛረጹን። እዛ ጃልባ ምድሪ ክመሲ ምስ ጀመረ ከም ዝተበገሰት፣ ካብ ማሪ6፡35 ክንርዳእ ንኽእል።

ብመሰረቱ እዚ “4ይ ምቃል ለይቲ” ዝብሃል ግዜ፣ ካብ 3፡00-6፡00 ንዘሎ ግዜ እዩ ዘውክል። ድሕሪ ብዙሕ ጭንቂ ድማ እዩ የሱስ ክርስቶስ ብልዕሊ ኩነታት ዝኾነ ኣመጻጽኣ፣ ብ4ይ ምቃል ለይቲ፣ ማየ ማይ እናኸደ ንምድሓኖም ዝመጸ።

ምኽንያቱ ክጭነቑ ከለዉ ረዲኤት ከም ዘድልዮም ይርእዮም ነይሩ እዩ። ከም ሃዋርያ ኣብ መርከብና ጥራይ ንጽንሓዮ እምበር ረዲኤት ከም ዘድልየና ባዕሉ ይፈልጥ እዩ። የሱስ ንምድሓን 4ይ ምቃል ለይቲ ክመጽእ እዩ። ጎይታ ነዚ ግዜ ዝመረጸሉ ምኽንያት፣ 4ይ ምቃል ለይቲ፡-

1-ናይ ኣምላኽ ግዜ (ዘጽ3፡7-8)
2-ናይ ወጋሕታ ግዜ (መዝ46፡5)
3-ናይ ምብጻሕ ግዜ (ዮሃ4፡4)
4-ግብሩ ዝግበረሉ ግዜ ስለዝኾነ እዩ (መዝ119፡126)።

ኩላህና ዘይንዝንግዖ ብቕድሜና ዝደፍኣና ከቢድ ማዕበልን ንፋስን እኳ እንተሎ፣ እዚ ግዜ ግን ናብ ብርሃን ንሳገረሉ ግዜ እዩ። እዚ ግዜ ንዓና ጎይታ ዝመጻሉ 4ይ ምቃል ለይቲ እዩ። ስለዚ ደስ ይበለና! ኣቱም ኣሕዋት ብዛዕባ ሃገርና ንጽሊ ‘ዶ ኣለና?

ኣጆና! እዚ ግዜ እዚ ንኤርትራ ናይ 4ይ ምቃል ለይቲ ግዜ እዩ። ኣብ ልብና ጾር ሒዝና (ብዛዕባ ኣገልግሎት፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ሓዳር፡ ስራሕ፡ ስድራ ወዘተ) ኣብ ናይ እምነት መርከብና ኴንና፣ ናብ ጎይታ ንጽሊ‘ዶ ኣለና?

ኣጆና! እዚ ግዜ እዚ ንዓና ሕቶና ዝምለሰሉ፡ ጾርና ዝራገፈሉ፡ ምድሓን ንረኽበሉ ናይ 4ይ ምቃል ለይቲ ግዜ እዩ። ብስም የሱስ ናይ ወጋሕታ ግዜ፡ ናይ ምብጻሕ ግዜ፡ ጎይታ ግብሩ ዝገብረሉ ግዜ በጺሕና ኣሎና። ኣሜን!

ስለዚ ኣጆና ንጽናዕ! ጎይታ ይባርኽኩም! (ዝስትንተን ጥቕስታት ኢሳ30፡26, 33፡10)

# ዓምዲ ሓዲሽ ተኽሊ



ኣብዚ ዓምዲ ዝቐርብ ጽሑፋት ንሓደስቲ ነፍሳት ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ነባር ኣማኒ ዘጠቓልል ውን ስለ ዝኾነ ኩላትና እንተ ኣንበብናዮ ሰናይ እዩ።

"ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሐዲግና፡ ብንስሓ ኻብ ምዉት ግብሪ፡ ብእምነት ብኣምላኽ፡ ብትምህርቲ ጥምቀት፡ ብምንባር ኣእዳው፡ብትንሳኤ ምዉታት፡ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ። " እብ6*2

## 3.ብትምህርቲ ጥምቀት

### 3.1 ትርጉም ጥምቀት

ጥምቀት ዝብል ቃል መበቆሉ ግሪኽ ኮይኑ፣ ትርጉሙ ድማ ምጥሓል (ምሉእ ብምሉእ ምእታው) ማለት ኢዩ። እዚ ትምህርቲ ጥምቀት ኣብ ሓሙሽተ ከፋላት ከፋፊልና ክንርእዮ ኢና። ነዚ ዓይነታት ጥምቀት ብዝርዝር ቅድሚ ምርኣይና ግና፣ ነዚ ዓይነታት ጥምቀት ምውሳድና ወይ ምጥማቕና ዘለዎ ረብሓታት ብሕጽር ዝበለ ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

- ናብቲ ቃሉ ዝኣዘዞ ጥምቀት ምሕባር-
- ናብ ምኽሪ እግዝኣብሄር ብምልኣት ምእታው
- ኩሉ ጽድቂ ምፍጻም
- ኪዳናት ሞት ብኪዳን ሂወት ምፍራስ
- ንሰማይንምድርንውልድንትካብኣዋጅምንጋር
- ንሰይጣን፡ ንዓለምን ስጋን ምኽሓድካ ምእዋጅ
- ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ምሉእ ህልውና እግዝኣብሄር ምእታውካ ተረጋግጸሉ ኢዩ።

### 3.2 ዓይነታት ጥምቀት

3.2.1. ጥምቀት ዮሃንስ
3.2.2. ጥምቀት ማይ
3.2.3. ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ
3.2.4. ጥምቀት ቃል (ፍልጠት)
3.2.5. ናይ መከራ ጥምቀት

ካብዚ ብምቕጻል ናብቲ ዝርዝር ብምእታው ክንርእዮ ኢና፣

### 2.1.ጥምቀት ዮሃንስ

ጥምቀት ዮሃንስ፣ ንህዝቢ እግዚኣብሄር ድሕሪ ናይ 400 ዓመታት ናይ ጸልማት እዋናት ዝመጸ ናይ እግዚኣብሄር ምኽሪ ኮይኑ፣ ህዝቢ እግዚኣብሄር ርእሱ ብምትሓት፣ ነቲ ዝመጽእ ክብርን ምድሓንን ንምእታው ዝዳለወሉ ጥምቀት ንስሓ እዩ (ሉቃ፡ 1:67-79)።

ጥምቀት ዮሃንስ እቲ ብሉይ ሓሊፉ ናብ ሓዲሽ ኪዳን መእተዊ ደገውን እዩ።

ንዓና ዳግም ዝተወለድና ጥምቀት ዮሃንስ ብቐጥታ ዘይምልከተና እኳ እንተ ኮነ፣ እቲ ኣብኡ ዘሎ ትምህርቲ ሕጂ እውን ንዓና ምሕረት እግዚኣብሄርን ምንቕቓሕን እንጽብ ዘሎና ኩልና፣ ብውልቂ ይኹን ብሕብረት ርእስና ከነትሕትን ካብ ሕጢኣትና ብንስሓ ተመሊስና ነቲ ስራሕ ኣምላኽ መገዲ ክንጽርግን ይምህረና።



### በረኸት ጥምቀት ዮሃንስ

በረኸት ጥምቀት ዮሃንስ መጥምቕ ከምቲ ኣብ ሉቃ3:1-6, ሉቃ1:67-79 ተጠቒሱ እንረኽቦ፣ ነዚ ስዒቡ ዘሎ ይመስል:-

- ፍልጠት ምድሓን ካብ ቁጥዓ እግዚኣብሄር ምርካብ
- ካብ ዓሚቑ ናይ ተስፋ ምቑራጽ ስምዒት ምውጻእ
- ካብ ምስ ፍልጠት እግዚኣብሄር ዝጻላእ ልዕል ዝበለ ሓሳብ ምንጋፍ
- ካብ ድንጉርን ቁናን ልቢ ምንጋፍ
- ነኢጋር ናብ መገዲ ሰላም ምቕናዕ

*ምስቲ ክብሪ ንምግጣም ብቕዓት ምርካብን ዝኣመሰሉ በረኸት እንረኽበሉ ትምህርቲ ጥምቀት ንስሓ ኢዩ። "እንሆ መገድኻ ዝጸርግ መልኣኸይ ቀቅድሜኻ እልእኽ ኣለኹ።" ብዝብል ቃል መሰረት፣ ዋላኳ ጥምቀት ዮሃንስ በቲ ግብራዊ ዝኾነ መልክዑ ሎሚ ዘይንጥመቖ ጥምቀት እንተኾነ፣ እዚ ትምህርቲ ግን ሎሚ እውን ህያው እዩ (ኢሰ40:3)።

### 3.2.2. ጥምቀት ማይ (ማቴ28:19-20)

እዚ ጥምቀት እዚ ኩሎም እቶም ብጎይታና የሱስ ዝኣመኑ ክጥመቕዎ ዘለዎም ጥምቀት ሙኻኑ ጎይታ ባዕሉ ዝኣዘዞ ትእዛዝ ኢዩ። እዚ ጥምቀት እዚ፣ ዕሙቕ ዝበለ ትርጉም ዘለዎን፣ እቲ ብጎይታ ዝኣመነ፣ ኣብቲ ስቓይን ሞትን ትንሳኤን ክርስቶስ ወይ ኣብ ኣካል ክርስቶስ ብጥምቀት ምሕባሩ ዘመልክት ኢዩ (ሮሜ6:3-4, ገላ3:27)። ብኻልእ ወገን፣ እዚ ጥምቀት እዚ ምሟትን ምቕባርን እቲ ኣርጊትን ውዱቕን ኣዳማዊ ባህርን ዘመልክት ክኸውን ከሎ፣ ካብቲ ማይ ምውጻእ ድማ ምስ ክርስቶስ ብዓወት ምትንሳእን ብሓዳስ ሂወት ንኣምላኽ ምንባርን የስምዕ (ቆሎ3:1-3, ሮሜ6:3-11)።

ስለዚ ትርጉም እዚ ጥምቀት ከምዚ ካብ ኮነ፣ ከምቲ ኣብ ሮሜ6:11፣13-14 ዝብለና፣ ካብ ሓጢኣት ከም ዝሞትና ብክርስቶስ የሱስ ግና ንኣምላኽ ህያዋን ከም ዝኾንና ንርእስናን ንሰይጣንን ክንእውጅን፣ ከምኡ ምሺንና ክንቶጽርን ርእስና ክንውፍን እንበር፣ ንትምኒት ኣረጊት ስጋና ከይንእዘዝ ይመኽረና።

### በረኸት ጥምቀት ማይ

- ብጥምቀት ናብ ሞቱ ምሕባር (ሮሜ6:3)
- ኣብ ትንሳኤኡ ምሕባር (ሮሜ6:5)
- ጽድቂ ኣምላኽ ኣባኻ ይፍጸም
- ወደ መዝሙር ትኸውን (ማቴ28:19-20)
- ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ትኣቱ
- ምስ ዓለምን ሰይጣንን ዝነበረካ ኪዳናት ተፍርስ
- ውሉድ ምዃንካ ትእውጅ
- ምድሓንካ ይፍጸም......



### 3.2.3. ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ

(ማቴ3፡11 ግብ1፡8)

እዚ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ንመጀመርታ ዘተስፈዎ ዮሃንስ መጥምቕ ኢዩ። ከምዚ ኢሉ እውን ተዛሪቡ፡ "ኣነ ንንስሓ ብማይ ኤጥምቐኩም ኣለኹ። እቲ ብድሕረይ ዝመጽእ ግና ካባይ ይዓቢ ስለ ዝኾነ፣ ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ከጥምቐኩም ኢዩ።"

እዚ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ብምምጻእ የሱስ፡ ብሞቱን፡ ብትንሳኤኡን ብምዕራጉ፡ ዝመጽእ ኮይኑ የሱስ ባዕሉ እውን፡ "ኣነ እንተ ኸድኩ ይሕሸኩም። ኣነ እንተ ዘይከድኩ ግና እቲ መጸናንዒ መንፈስ ናባኻትኩም ኣይመጽእን ኢዩ።" ኢሉ እዚ መንፈስ ኣቦ ብስም የሱስ ዝሰዶ መንፈስ ምዃኑ ኣብ ዮሃ16፡7, ዮሃ14፡26 ተጠቒሱ ይርከብ።

### እዚ መንፈስ እዚ መን ኢዩ?

እዚ መንፈስ እዚ ኣካል ናይ ስላሴ ኮይኑ ዝፈጥር፡ ሓይሊ ዝህብ፡ ዝምህር፡ ዝዛረብ፡ ዝመርሕ፡ ዘዘክር፡ ወዘተ ኮይኑ፣ በዚ መንፈስ ምጥማቕ፡ ብህልውና እግዚኣብሄር ምምላእ፡ ማሕደሩ ምዃንን ኣብ ቁጽጽሩ ምእታውን ማለት ኢዩ። ብሓጺሩ ኣማኑኤል ኣምላኽ ምሳና ማለት ኢዩ።

ስለዚ ውን መንፈስ ቅዱስ ከምቲ ዝተዋህበ ተስፋ ንመጀመርታ እዋን፣ ድሕሪ ዕርገት ጎይታና የሱስ ኣብ ግብ2፡1-4፣ ብምልኣት ኣብ ልዕሊ ደቀመዛሙርቱ ክወርድ ንርእዮ።

ምውራድ እዚ መንፈስ ቅዱስ፣ ንሓይሊ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ሂወት ሃዋርያትን ኣብቶም ጣኦታትን ጥንቆላን ዝኣምኑ ኣህዛብን ተጋሂዱ፣ ሃዋርያት ብትብዓት ወንጌል ክምስክሩን ሂወቶም ክሳዕ ሞት ክውፍዩን፣ ብእምነት ናይ ብዙሓት ኣርዑት ኣጋንንትን ዝተፈላለዩ ሕማማትን ዘለዎም ሰባት ከሕውዩን፣ ኣብ ነሓድሕዶም ፍሉይ ፍቕርን ሓድነትን ክህልዎም ብቕዓት ሂብዎም ንርኢ።

ስለዚ ምውራድን ምጥማቕን ግቡእ ቦታ ምሃብ፣ ነዚ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስን ነዛ ሕጂ ዘላ ማሕበር ኣምላኽ እውን፣ ኣማራጺ ዘይብሉን ትእዛዝ ናይ ጎይታ ምዃኑን ክንግዘብ የድሊ። ከምቲ ሃዋርያት ነዚ ትእዛዝ ኣኽቢሮም፣ ንምውራድ መንፈስ ቅዱስ ምቹእ ሃዋህው ብምፍጣር፣ ብጸሎትን ብጾምን ብሕብረትን ተጸባብዮም ዝረኸብዎ፣ ንሕናውን ብግዚኡን ብዘይ ግዚኡን፣ ነዚ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ምጽብባይን፣ በብግዚኡ ከም ኣድላይነቱ ምምላእን ብኡ ምምራሕን የገድሰና። እዚ ንምግባር ጎይታ ጽምኣትን ጸዓትን ይወስኸልና።ኣሜን!



### በረኸት ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ

- ንምንባርን ንምግልጋልን ሓይሊ ትለብስ
- ኣብ ፈተናኻ መጸናንዒ ትረክብ
- የስተምህረካ
- ይመርሓካ
- የዘክረካ
- ምስጢራት ቃሉን ሓሳብ እግዚኣብሄርን ጸላእን ይገልጸልካ
- ብምስጋናን ሓጎስን ሰላምን ይመልኣካ
- ውልድነትካ ይምስክረልካ......

### 3.2.4.ናይ ቃል ጥምቀት (ናይ ፍልጠት ጥምቀት)

ኢሰ11:9"ከምቲማያትንመዓሙቕባሕሪዘጎልብቦ፣ ምድሪ ብፍልጠት እግዚኣብሄር ክትመልእ እያ እሞ፣ ኣብ ኩሉ እቲ ቅዱስ ከረነይ ሓደ እኳ እከይን ጉድኣትን ዝገብር ኣይከህሉን እዩ።" ይብለና።

እዚ ዓይነት ጥምቀት ዝዉቱር ትምህርቲ እኳ እንተ ዘይኮነ፣ ከምዚ ኣብ ቃሉ ዝርኤናዮ፣ ከምቲ ምልኣት ምድሪ ብማያት ዝጉልበብ፣ ከምኡ ሂወት ሰብ ወይ ምድሪ ብፍልጠት እግዚኣብሄር ክትጉልበብ ከላ፣ እቲ ቃሉ ዘተስፍዎ ምልኣት በረኸት፣ ኣብ ሂወት ሰባትን ሃገርን ህዝብን ክውሕዝ ወይ ክገዝእ ይኽእል።

ስለዚ እዩ እግዚኣብሄር ኣብ ህዝ36፡24-30 ካብ ኩሉ ኣበሳን ጣኦታትን ኣጽርዩ፡ ናይ እምኒ ልቢ ኣውጺኡ ናይ ስጋ ልቢ ኣብ ህዝቡ ከእቱን፡ ንህዝቡ ካብ ዝኣተዎ መርገምን መግደራን ከውጽእ፡ ጽሩይ ማይ ከፍስሰልኩም እየ ብማለት፣ ነቲ ፍልጠት ኣምላኽ ወይ ቃል ኣምላኽን ምስትውዓልን ብምሃብ፣ በዚ ናይ ፍልጠት እግዚኣብሄር ምጥልቕላቕ ወይ ጥምቀት ክበጽሖ ኪዳን ዝኣትወሎም ዘሎ።

ንኣና እውን ኣብዚ መወዳእታ ዘመን ዘሎና ኣመንቲ፣ በዚ ናይ ፍልጠት ጥምቀት ወይ ኣብዚ ናይ ቃሉ ማይ ብምልኣት ብምጥሓል ጥራይ፣ ካብዚ ክፉእ ዘመን ተሓሊና፣ እቲ ምስትውዓል ቃሉ ዝህበና በረኸትን ምንጋፍን እንውንን። እዚ ተስፋ እዚ፣ ከምቲ ኣብ ኢሳ54፡13, ኣብ መዝ119፡130፣ ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ እውን ዝጠቐሶ፣ እዚ ናይ ፍልጠት ምንጪ እግዚኣብሄር ወይ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ምዃኑ የብርሃልና።

ስለዚ ከምቲ ቃሉ ደቅኺ ካብ እግዚኣብሄር ዝተማህሩ ክኾኑ እዮም... ከምኡ'ውን መንፈስ ቅዱስ ክምህረኩም ኢዩ... ኢሉ ዘተስፈወና፣ በዚ ፍልጠት እዚ ክንውረስ ነቲ ቃሉ ዝህብ ዘብርህን ዘስተምህርን እግዚኣብሄር፣ ከም ኩሎም ናይ እምነት ኣቦታትና፣ ቃሉ ክኸፍተልናን ከብርሃልናን ብጽምኣት ኣብ ቅድሚኡ ክንቀርብ ይድለየና። እዚ ክንገብር እግዚኣብሄር ባዕሉ ብምሕረቱ ንልብና ናብኡ ይምለሶ። ኣሜን!

### በረኸት ፍልጠት እግዚኣብሄር

በረኸት ፍልጠት እግዚኣብሄር ብዙሕ እኳ እንተኾነ፣ ገለ ኣብነታት ከነቕምጥ ጽቡቕ ኮይኑ ይስመዓኒ።

- ሰላም ደቂ ኣምላኽ ይበዝሕ (ኢሰ54፥13)
- እከይን ጉድኣትን የርሕቕ (ኢሰ11፥9)
- ናይ ክህንነት ዕድል ወይ ናይ ኣገልግሎት ደገ ይኸፍት (ሆሴ4፥6)
- ብርተዐን ናይ ምዕያይን ብቕዓትን ሓይሊን ይህብ (ዳን11፥32)
- ናእዳ እ/ሄር የውህብ (ምሳ12፥8)
- ርባታት ማይ ሂወት የውሕዝ (ዮሃ7፥37)
- ብሉይን ሓድሽን ዘውጽእ ብዓል ቤት ይገብር (ማቴ13፥52)
- ካብ ጥፍኣት ይባልህ (ሆሴ4፥6).........

እሞ እዚ በረኸት ኣምላኽ ክንውንን ከምቲ ኣብ (ሆሴ6፥3) ዝብለና "ንእግዚኣብሄር ንፍለጦ ክንፈልጦ ድማ ንስዓበ......"

### 3.2.5 ናይ መከራ ጥምቀት

መከራ እንብሎ ዓይነቱ ብዙሕ ኣመጻጽእኡ ወይ ምኽንያቱ ድማ ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት ብሓጢኣት፡ ብሰይጣናዊ ስራሕ፡ ብመርገም፡ ብሰንኪ ድንቁርና፡ ብዘይምእዛዝ ወዘተ ናብ ውልቅን ሕብረተሰብን ዝመጽእ መከራ ኣሎ። እዚ ሕጂ ክንርእዮ ደሊና ዘሎና ናይ መከራ ጥምቀት ግና፣ ብምኽንያት ወንጌል ንውልቂ ይኹን ንሕብረት ዝመጽእ መከራ ኢዩ። ጎይታና የሱስ፣ ንደቀ መዛሙርቱ ክሰናበቶም ከሎ፡ "ኣብ ዓለም ጸበባ ኣለኩም፡ ግናኸ ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ስዒረያ ኢየ።" ክብሎም ንርኢ። ፍረ ነገር ናይዚ ዘረባ፣ ንሸኻትኩም እውን ብኣይ ክትስዕርዋ ኢኹም የስምዕ።

ብተወሳኺ ኣብ ሉቃ12፥50፣ የሱስ ባዕሉ፡ "ዝጥመቓ ጥምቀት ኣላትኒ፣ ክሳዕ እትፍጸም ከመይ ዘይጸበኒ!" ክብል ከሎ፣ ኣብ ማር 10፡ 3540 ድማ፣ ንያቆብ ንዮሃንስን ብየማኑን ብጸጋሙን ክቕመጡ ምስ ሓተትዎ፡ "እታ ኣነ ዝጥመቓ ጥምቀት ክትጥመቕዋ፣ እታ ዝሰትያ ጽዋዕ ክትሰትይዋ ትኽእሉዶ?" ኢሉ ሓቲትዎም፡ "እወ ንኽእል ኢሎም ምስ መለስሉ፣ እታ ዝጥመቓ ጥምቀት ክትጥመቕዋ ኢኹም፣ እታ ኣነ ዝሰትያ ጽዋእ 'ውን ክትሰትይዋ ኢኹም. . ." ኢሉ ክምልሰሎም ከሎ ንርኢ።

ከምቲ ዝተባህለሎም ውን፣ መብዛሕቲኦም ሃዋርያት ንወንጌል ናብ ብዘላ ዓለም ከብጽሑ ማእለያ ዘይብሉ ናይ መከራ ጽዋዕ ከም ዝሰተዩን፣ ብሰማእትነት ከምዝሓለፉን መዛግብቲ ታሪኽ ቤተክርስትያንን፣ ባዕላቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝመስከርዎን ዝጸሓፍዎን ታሪኽን፣ ይምስክረልና (ግሃ12፥1-52, ቆረ11፥16-33, ግሃ7፥54-59, ግሃ8፥1-2)። ነዚ ምስክርነታት እንተ ኣንቢብና ገለ ከነስተውዕል ንኽእል ኢና።

ብተወሳኺ ውን፣ ሃዋርያ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ፣ ኣብ 1ጢሞ4፥5 "ንስኻ ግና ብኹሉ ተጠንቀቕ! መከራጽገብ፣ግብሪወንጌላዊግበር፣ኣገልግሎትካ መልእ።" ኢሉ ቃል ምሕጽንታ ክህቦ ከሎ ንርኢ።

ንምኧኑ መን ኢዩ ናይ መከራ ጥምቀት ዝጥመቕ? ወይ ንመን እዩ ክገጥሞ ዝኽእል? ናይ መከራ ጥምቀት፣ ብብዙሕ ምኽንያታት ክመጽእ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ካብ ዘለዉ ገለ ክንጠቅስ፡-

### 1.ቃል ዝመጸሎም (መዝ105፥16-22)

ኣብ ሉቃ3፥1-14 ናብ ዮሃንስ ወዲ ዘካርያስ ቃል ከምዝመጸን፣ ካብቲ እዋን ጀሚሩ ድማ ብስልጣንን ብትብዓትን ክሰብኽ ከም ዝጀመረን፣ በዚ ምኽንያት ድማ ተሰይፉ ከም ዝሓለፈ ንርኢ።

ኤርምያስ ውን ኣብ ኤር20፥7-9 ቃል እግዚኣብሄር ኣብ ዓጻጽምቱ ተዓጽዩ ከም ዘቃጸሎ፣ ስቕ ክብል እንተደልየ' ውን ከምዘይከኣለ ቃል እግዚኣብሄር ስዒርዎ ከም ዝተዛረበን፣ እዚ ድማ ንብዙሕ መከራን ጸበባን ከምዝኾኖን፣ ባዕሉ ክምስክር ንዕዘብ።



ተወሳኺ መብርሂ ድማ ኣብ (ኢዮ32፥18-22, መዝ39፥1-3, ግሃ7፥51-60) ነንብብ። ኣብ መወዳእታ የሱስ ኣብ ዮሃ7፥7 "ዓለም ንኣኻትኩም ክትጸልእ ኣይከኣላን፣ ንኣይ ግና፣ ግብራ ኽፉእ ምኧኑ እምስክር እየ እሞ፣ ትጸልኣኒ እያ።" ከም ዝበለ ንርአ።

ስለዚ ልኡኽ እንተኾይንካ፣ ቃል እግዚኣብሄር ስለ ትዛረብ መከራ የስዕበልካ ምኧኑ የገንዝበና። ቃል ዘለዎምን ንእኡ ድማ ደው ዝብሉን ይግበረና። ኣሜን።

### 2.ብፍርሃት እግዚኣብሄር ክነብሩ ዝደልዩ

ኣብ 2ጢሞ2፥12 "ግናኸ እቶም ብክርስቶስ የሱስ ብፍርሃት እግዚኣብሄር ኪነብሩ ዚደልዩ ኩሎም ኪስጎጉ እዮም።" ዝብል ቃል ኣሎ።

ካብዚ ቃል ብምብጋስ፣ ኩሎም እቶም ንፍቓድ ሰብን ንፍቓድ ገዛእ ርእሶምን ንድሕሪት ብምድርባይ፣ ንሓሳብ እግዚኣብሄር ዘቐድሙ ኩሎም ኣንጻር ገዛእ ትምኒቶምን ኣንጻር ፍቓድ እግዚኣብሄር ዝኾነ ኩሉ ደው ስለ ዝብሉ፣ ቀሊል ዘይኮነ ተጻብኦታት ካብ መቕርብኦምን ካብ ካልኦትን ከም ዝመጾም ዘይከሓድ ሓቂ እዩ።

### 3.ብመንፈስ ዝምርሑ

ኣብ ማቴ4፥1 "ሽዑ መንፈስ ንየሱስ፡ ብድያብሎስ ኪፍተን፡ ናብ በረኻ ኣውጽኦ።" ተጻሒፉ ከም ዘሎ፣ ናይ መከራ ጥምቀት ኣማኒ ስለ ዝኾንካ ጥራይ ትጥመቖ ዘይኮነስ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊእካንተመሪሕካንከምፍቓድእግዚኣብሄር እትጋጠሞ፣ በቲ ዝህበካ ሓይሊን ጸጋን ድማ እትስዕሮን እምበር፣ ስጋዊ ግጥም ኣይኮነን።

ንኣብነት ጴጥሮስ ኣብ ማቴ26፥31-35 ንጎይታ ዝበሎ እንተ ኣንቢብና፣ ኩሎም እኳ

እንተ ከሓዱ ከምዘይክሕድን ክሳዕ ሞት ከምዝስዕቦን ቃል ኣትዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ብናይ ስጋዊ ሓይልን ብቑዓትን ስለ ዘይከውን፣ ሰለስተ ጊዜ ከምዘይፈልጦ ብማሕላ ከረጋግጽ ንርእዮ። ታሪኽ ጴጥሮስ ግን በዚ ኣየብቀዐን፣ ከምቲ ጎይታ ኣብ ዮሃ21፡18 ዝበሎ፣ ካልእ ሓይሊ መጺኡ ምስ ኣዕጠቖ፣ ብመስዋእትነት ስለ ጎይታ ሂወቱ ከምዝወፈየ ይፍለጥ።

ስለዚ ከም ፍቓድ እግዚኣብሄር ኮይንካ መከራ ክትጸግብ፣ ብመንፈስ ምዃንን ብእኡ ምምራሕን ናይ ግድነት ይኸውን።




## በረኸታት ጥምቀት መከራ

ብፍላይ ኣብ ራእይ ዮሃንስ 2ይን 3ይን ምዕራፋት ነተን ሸውዓተ ማሕበራት፣ ጎይታ ነቲ ዝስዕር ዝወሃቦ ዝተፈላለየ ሽልማታት ወይ ኣኽሊላት ጠቒሱ ንረኽቦ:-

- ነቲ ዝስዕር ካብታ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘላ ኦም ሂወት ኪበልዕ ክህቦ እየ።
- እቲ ዝስዕር በቲ ካልኣይ ሞት ኣይክጉዳእን ኢዩ።
- እቲ ዝስዕር ካብቲ ስውር ማና ክወሃብ ኢዩ።
- እቲ ዝስዕር ሓደ እኺ ዘይፈልጦ ኣብ እምኒ ዝተጻሕፈ ሓዳሽ ስም ክወሃቦ ኢዩ።
- ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ክሰልጥኖ ብበትሪ ሓጺን ውን ኪጓስዮም ኢዩ።

- እቲ ዝስዕር ኮኾብ ጽባሕ ክወሃብ ኢዩ።
- ጻዕዳ ክዳውንቲ ክለብስን ንስሙ 'ውን ኣብ ቅድሚ ኣቦ ክእመኖ ኢዩ። ኣብ መቕደስ እግዚኣብሄር ዓንዲ ክኸውን፡ ስም ኣምላኽን ከተማ ኣምላኽን፡ እቲ ሓድሽ ስም የሱስን ኪጸሓፈሉ ኢዩ።
- ነቲ ዝስዕር ኣብ ዙፋን የሱስ ኪቕመጥ ኪወሃቦ ኢዩ።
- እቲ ናይ ክብርን ናይ ኣምላኽን መንፈስ (ኣብቲ ዝስዕር) ይሓድር (1ጴጥ4፡14)።

- ማእለያ ዘይብሉ ረዚን ክብሪ ይዳለወሉ (2ቆሮ4፡16)።
- መንግስተ ሰማይ ናይቶም ዝስዕሩ እያ እሞ ዓስቦ ከኣ ይበዝሕ (ማቴ5፡10-12)።

ናይዚ ኩሉ ወረስትን ኣብ ጸጽባሕ መስቀሎም ዘልዕሉ ንምዃንን፣ መንፈሱን ምሕረቱን ምስ ነፍስወከፍና ይኹን። ኣሜን። ጎይታ ይባርኸኩም!

## ወንጌላዊ መልእኽቲ

### ጎይታ የሱስ ይደልየካ ኣሎ እሞ ንዓ!

ቅድሚ 2000 ዓመታት ጎይታናን መድሓኒናን ንሃዋርያት ኣድጊ ፈቲሑም ከምጽእሉ ኣዚዝዎም ነይሩ። ነታ ኣድጊ ፈቲሖም ምስ ኣምጽእሉ ድማ ኣብኣ ተወጢሑ ናብ የሩሳሌም ኣትዩ። ሎሚ ግን ጎይታ የሱስ ኣብ ኣድጊ ዘይኮነስ ኣባኻ ኮይኑ እዩ ንምድሪ ክበጽሓ ዝደሊ ዘሎ።

ስለዚ ሎሚ ካብቲ ዝኣሰረካ ዝተፈላለዩ ኣግማድ ክትፍታሕ፣ ከምቲ "ቃሉ ልኢኹ ፈወሶም ካብ ጉድጓድ ጥፍኣቶም ከኣ ኣናገፎም" ዝብል ቃል ዘሎ፣ ንዓኻ ድማ፡ "ንዓ!" ዝብል ቃል ልኢኹልካ ኣሎ።

እታ ጎይታ ኣቐዲሙ ዝተወጥሓ ኣድጊ ምሳሌ (ጽላሎት) ናይ ሰብ (ናትካ) እያ። እቲ ኣውራ ኣካል (ስጋ) ንስኻ ኢኻ። ንስኻ ክብሪ እግዚኣብሄር ክትጸውር ዝተጸዋዕካ ሕሩይ ኢኻ። ስለዚ ድማ እዩ ጎይታ፡ "ንዓ!" ዝብለካ ዘሎ። እዚ ኸኣ ንረብሓኻ እዩ። ናብ የሱስ ምስ መጻእኻ ህይወት ምስ ትርፉ ክትረክብ ኢኻ! ኣብኡ እቲ ናይ ሓቂ ሰላምን ዕረፍትን ኣሎ። ኣብኡ ንዓኻ ዝኸውን መወዳእታ ዘይብሉ ሓጎስ ኣሎ። እዝን ካልእን ኣዳልዩ የሱስ ይደልየካ ኣሎ። "ንዓ!" ይብለካ ኣሎ።

"ስለምንታይ እየ ኣነ ዝጽዋዕ?" ትብል ትኸውን፣ ንስኻ ብሉጽን ክቡርን ፍጥረት ኣምላኽ ኢኻ። ተድልኡ ብኣኻ እዩ። ሓሳቡ ብኣኻ ዝተታሕዘ እዩ። ልቡ ብኣኻ መሊኡ ኣሎ። ስለዚ የሱስ ንስኻ ጠፊእካ ክሎኻ ክቐስን ኣይኮነሉን እዩ። ንኻልኦት ኣብ ከረን ኣቐሚጡ ንዓኻ ክደሊ ወጺኡ ኣሎ። ንዓኻ ክሳዕ ዝረኽበካ ከኣ ዕረፍቲ የብሉን። ስለዚ ድማ እዩ "ንዓ!" ዝብለካ ዘሎ።

ክሳዕ ሕጂ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እናመሳመስካ ኣይመጻእካን ጸኒሕካ፣ ሕጂ ግን ጎይታ ምእንቲ ብኣኻ ክብሩ ክገልጽ ይደልየካ ኣሎ እሞ ንዓ!።

## ጎይታ ዝቕበል ሰብ ዝጽልዮ ጸሎት

ኣታ ነዚ ጽሑፍ እተንብቦ ዘለኻ ሰብ ንስኻ፥ ድሕሪ ሞት ናትካ ማሕደር ኣበይ ይኸውን? ኣርጊጽካ' ዶ ፈሊጥካ ኣለኻ? ብእምነት ብኣምላኽ' ዶ ኣለኻ? ንጎይታ የሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኻ ተቐቢልካ ውሉድ ኣምላኽ' ዶ ኮንካ ኣለኻ? ናይ ወዲ ኣምላኽ ህይወት' ዶ ኣባኻ ኣላ? ነዚ ሕቶታት ምላሽካ ኣይፋል እንተኾይኑን ከምፍቓድ ኣምላኽ ክትነብር እንተደኣ ቆሪጽካን፥ ንየሱስ ክርስቶስ ከምናይ ግሊ መድሓኒኻ ክትቅበሎ ብዝስማዕ ድምጺ (ዓው ኢልካ) ነዚ ዝስዕብ ጸሎት ክትጽሊ ብፍቕሪ ኣምላኽ ንሓተካ።

ኦ እግዝኣብሄር ኣምላኽ፥ ኣነ ሓጢኣተኛ ሙኳነይ እእመን ኣለኹ፡፡ ብጽድቂ ገዛእ ርእሰይ ውን ክድሕን ከምዘይክእል እፈልጥ ኣሎኹ።ካብቲ ብእምነት የሱስ ክርስቶስ ዝርከብ ጽድቅን ናይ ዘልኣለም ህይወትን ተኻፋሊ ምእንቲ ክኸውንሲ፥ ንገዛእ ርእሰይ፥ ንዓለምን ንሰይጣንን እኽሕድ ኣለኹ። ንጎይታይ የሱስ ክርስቶስ ከኣ ከም ናይ ግሊ መድሓንየይ እቕበሎ ኣለኹ። ብስም ወድኻ የሱስ ክርስቶስ ስለ ዝኣመንኩ ድማ ውሉድካ ክትገብረኒ፥ ንስመይ ኣብ መጽሓፍ ህይወት ክትጽሕፎ እጽሊ ኣለኹ። ስለ ኹሉ ነገር ኣመስግነካ! ኣሜን!

ንስኻ ሕጂ ብምሉእ ልቢ ስለ ዝወሰንካ፥ ብርግጽ ውሉድ ኣምላኽ ኢኻ! ስለዚ ካብዛ ሰዓት እዚኣ ከምዚ ኢልካ ኣውጅ፥ "ኣነ ውሉድ ኣምላኽ እየ! ኣነ ኩነኔን ክስን ዘይብሉ ሓድሽ ፍጥረት እየ! ኣነ ጽድቂ ኣምላኽ እየ! ኣነ ሰማያዊ ዜጋ እየ። ኣነ ስድራቤት ኣምላኽን ወዲ ዓጾም ንቅዱሳን እየ።" (ወንጌል ዮሃንስ1፥12 ፥ 2ቆሮንጦስ5፥20-21 ፥ ኤፌሶን2፥19-20)።

ብተወሳኺ ክንዮ እዚ ሎሚ ዘንበብካዮ ምህሮታት፥ ናይ ድሕነት ትምህርቲ ክትመሃር ስለ ዘድልየካ፥ ብቐረባ ምስ ትፈልጦም ኣመንቲ ተዘራሪብካ ኣብ ዝቐርበካ ቦታ ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ሕበር። ናይ ዓወት ናብራኻ ድማ ንበር።

# ዝተማረኸ ይመለስ፡
# ግና’ኸ ዘይማረኸ! ዝማርኸ ደኣ!

ኣብ ዝሓለፉ ብርክት ዝበላ ዓመታት፣ ኣብ ኤርትራ ዘላ ቤተክርስትያን ብብዙሕ ዝዓይነቱ ማዕበላትን ነውጽታትን ሓሊፋ እያ። ነዘን ዓመታት እዚኣተን ከኣ፣ ነናትና ዝኾና ባዕላውያን ኣተሓሳስባታትን ርእይቶታትን ሂብናለን ኢና።

ገሊና፡ “ዓስቢ ሓጢኣትና (ማለት በደልና፡ ኣበሳና፡ ካብ ፍቕሪ ምጉዳልና፡ ምፍልላይና፡ ሕጽር ብዝበለ ካብ ቅድስና ምጉዳልና) እዩ!” በሃልቲ ክንከውን ከሎና። ገሊና ድማ፡ “ካብ ኣምላኽ እዩ (ማለት፣ ንቤቱ ከጽርያ፡ ነተን ኣባጊዑ ካብ’ተን ኣጣል ክፈልየን፡ ብሓዊ ኣሕሊፉ ንህዝቡ ክም ወርቂ ክኹልዖ፡ ንህዝቡ በዚ ኣሕሊፉ ናብ ዝዓበየ ክብሪ ከእትዎ ስለ ዝደለየ፡ ወ.ዘ.ተ” ብምባል ነዘን ዝሓለፋ ዓመታት መግለጺ ሂብናለን ኢና። ገሊና ከኣ፡ “ካብ ሰይጣን እዩ (ሓያሊ ጥንቀላ፡ ድግምቲ፡ ኣስማት፡ ወ.ዘ.ተ) እዩ!” ብምባል፣ ምስ ሓይሊ ሰይጣን ኢና ነዘን ዝሓለፋ ዓመታት ኣተሓሒዝናየን ጸኒሕና።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ፣ ኣመንቲ ኤርትራ ብዛዕባ ዝሓለፋ ዓመታት ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታትን መርገጺታትን ክህልወና ዝኽኣል እዩ። ንኹላትና ናብ ሓድነት ናይ ኣረኣእያ ከምጽኣና ዝኽእል ቃል ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ግን፣ ናብ ቃል ኣምላኽ ኬድና ንኹነታትና ዝምልከት ንመርምር። ምስ እዚ ቤተክርስትያን ሃገርና ኣብ’ዘን ዝሓለፋ ዓመታት ዝተጓዕዘቶ ዝመሳሰል ታሪኽ ኣብ ቀዳማይ ሳሙኤል ንረክብ ኢና።

ግዚኡ፣ ካህን ኤሊ ኣሪጉሉ ኣብ ዝነበረ እዋን እዩ። በቲ ሓደ ወገን ግን ከኣ፣ ሳሙኤል ኣብ ቤት መቕደስ ኣምላኽ ዝዓብየሉ ግዜ እዩ ነይሩ። ኣምላኽ ድማ ኣብ ቃሉ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ናይ እስራኤል፣ ብንጹርን ውሕሉልን ኣገባብ ገሊጽዎ ኣሎ።

“በታ ጊዜ እቲኣ ኸኣ ቃል እግዚኣብሄር ውሑዱ ነበረ፣ ራእይ ውን ብዙሕ ኣይነበረን።” - ፩ሳሙ3፡፩

እምበኣር ኣብ እስራኤል ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ቃል ኣምላኽ ውሑዱ ስለዝነበረ፣ ኣብታ ቀጺላ ዘላ ምዕራፍ ክንርኢ ከሎና፣ እስራኤል ብጸላእቲ ክስዓር ከሎ ንዕዘብ። እቲ ስዕረት ኣዝዩ ዘሕፍር ስዕረት እዩ ነይሩ። ኣብ ናይ መጀመርታ ውግእ፣ ፍሊስጤማውያን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ሰዓሩ እሞ፣ ኣስታት ኣርባዕተ ሽሕ ዝኾኑ እስራኤላውያን ኣብ’ታ ውግእ ወደቑ። እዚ ከቢድ ስዕረት ምስ ኣጋጠመ ድማ፣ እስራኤል ንታቦት ኪዳን እግዜኣብሄር ናብ’ቲ ውግእኣምጺኦምካልኣይ ግዜምስ ፍሊስጤማውያን ክዋግኡ ወሰኑ። ንምንታይ እዮም ግን ደቂ እስራኤል ንታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ናብ’ቲ ስፍራ ውግእ ከምጽእዎ ዝደለዩ፣ እንታይ እዩ ታቦት፣ ታቦት ኪዳን ኣብ ድንኳን ምርኻብ ዝርከብ ዝተቐደሰ ኣቕሓ እዩ። ንሱ ኣብ ውሽጢ ቅድስተ ቅዱሳን ብምቕማጥ፡ እግዚኣብሄር ብህላውነቱ ምስ ህዝቢ እስራኤል ከም ዘሎ ምልክት ኮይኑ የገልግል ኔሩ። ከምኡ’ውን፣ ኣብ ምድሪ ዘሎ ናይ እግዚኣብሄር ሰማያዊ ዝፋን ምልክት ተገይሩ’ውን ክቑጸር ዝከኣል እዩ። ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ኣብ ብሉይ ኪዳን ንእስራኤል፣ ስፍራ ህላውነት ኣምላኽ እዩ ነይሩ። መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ፣ ኣብ ልዕሊ ታቦት እዩ ሰፊሩ ነይሩ። ስለዚ ድማ እዩ እዚ ታቦት ጥራይ፣ ኣብ ግዜ ድንኳን ምርኻብ ይኹን ዋላ’ውን ደሓር ቤት መቕደስ ምስ ተሰርሐት፣ ኣብ ቅድስተ ቅዱሳን ዝቕመጥ ዝነበረ። ብመጋረጃ ድማ ካብ’ቲ ካልእ ክፋል ናይ ቤት መቕደስ ዝተፈልየ እዩ ነይሩ። ኣምላኽ ኣብ መጀመርያ ንሙሴ ይኹን፣ ደሓር’ውን ኣብ’ቶም ዝቕጽሉ ሊቀ ካህናት፣ ካብ’ዚ ታቦት እዩ ዝዛረቦም ነይሩ።

“ሙሴ ምስኡ (ምስ ኣምላኽ) ንምዝርራብ ናብ ድንኳን ምርኻብ ምስ ኣተወ፣ ካብቲ ኣብ ልዕሊ ታቦት ምስክር ዘሎ መኽደን መተዓረቒ፣ ካብ መንጎ እቶም ክልተ ኪሩቤል እቲ ድምጺ ኺዛረቦ ይሰምዕ ነበረ፣ ይዛረቦ ድማ ነበረ።” (ዘሁ7፡89)

ዝተላዕለ እኹል ዝኾነ ፍልጠት ኣይነበሮምን። ብዘይ ቃል ድማ መንፈስ ኣምላኽ ኣይሰርሕን እዩ! ህላውነት ኣምላኽ ተገሊጹ ድማ ኣየስልጥን እዩ። ብዘይ ቃል ኣብ ዝመላለስሉ ዝነበሩ እዋን፣ እግዚኣብሄር በቲ ቆልዓ (ሳሙኤል) ገይሩ ነቲ ዝመጽእ ሽግር ሓቢሩ ነይሩ።

ነዚ ቃል ከይሰማዕካ ግን ብድፍረት ንታቦት ሒዝካ ምውፋር ጽቡቕ ኣይነበረን። ብዘይ ቃል ድማ ንምእታው ይኹን ንምውጻእ ዝኸፈት ማዕጾ የለን። ብዘይ ቃል ምዃን ኩሉ ግዜ ስዕረት እዩ። ብርግጽ ኣብ መጀመርታ፣ እቲ ታቦት ናብ ሰፈር ውግእ ምስ ኣተወ፣ ደቂ እስራኤል ብጣዕሚ እዮም ፍናን ገይሮም። ፍሊስጤማውያን ’ውን ተዳሂሎም እዮም ነይሮም። ደሓር ግን፣ ፍሊስጤማውያን ሓቦ ገበሩ፣ ደቂ እስራኤል ግና ኣብ’ቲ ውግእ ተሳዕሩ። ካብ ደቂ እስራኤል ድማ ሰላሳ ሽሕ ዝኣኽሉ ወደቑ።

እዚ ጥራይ ዘይኮነ፣ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ድማ ብፍሊስጤማውያን ተማሪኹ፣ ናብ ስፍርኦም ተወሰደ። በዚ ኸኣ፣ ካብ እስራኤል ክብሪ ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ረሓቐ እሞ ናይ እስራኤል ኩነታት “ኢካቦድ!” ኮነ።



በዚ ምኽንያት እዮም ደቂ እስራኤል ንታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ናብ’ቲ ስፍራ ውግእ ከውጽእዎ ዝደለዩ። እቲ ዘሕዝን ግን፣ እቲ ዝኾነ ከም’ቲ ደቂ እስራኤል ዝተጸበይዎ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ደቂ እስራኤል ብዛዕባ እዚ ታቦት እዚ ካብ ዋሕዲ ቃል ኣምላኽ ታቦት እግዚኣብሄር ተማሪኹ ናብ ሰፈር ፍሊስጤማውያን ምስ ከደ ግን፣ ንጸላእቲ እስራኤል ዓቢ መዓት እዩ ኮይንዎም። መጀመርታ ኣብ ቤት እቲ ጣኦቶም ዝኾነ ዳጎን ምስ ኣቐመጥዎ፣ ንዳጎን ብርእሱ ኣብ ቅድሚኡ ከም ዝፍገም ብምግባር፡ ንመሓውሩ ኩሉ ፈላለዮ።

እዚ ጥራይ ከይኣክል፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣብ መላእ መሬት ፍሊስጤም ወላ እንተ ኣገዓዓዝዎ፣ ኣብ ዝኸዶ ስፍራ ንመላእ ህዝቢ ፍሊስጤም ብሕበጥ ወቕዖም። ንኣሽዶድ ብሕበጥ ወቂዑ ኣጥፍኦም፣ ንጋት ዓቢ ዕግርግር ገበረሎም፣ ካብ ንኣሽቶኦም ክሳብ ዓበይቶም ድማ ብሕበጥ ወቕዖም። ንዔቕሮን ከኣ ብፍርሃት ሞት ወድኦም፣ ነቶም ዝተረፉ ድማ ብሕበጥ ወቕዓዮም።

በዚ ድማ፣ ታቦት እግዚኣብሄር፣ ወላ'ኳ ተማሪኹ ናብ ሰፈር ፍሊስጤማውያን እንተ ኸደ፣ ይመስል ደኣ እምበር፣ ታቦት ኣምላኽ'ሲ ኣይማረኸን እዩ። ኣብ ቦታ ምርኮ ኮይኑ ድማ ኣብ ልዕሊ ጸላእቱ ታቦት እግዚኣብሄር ኣዝዩ ልዕል በለ።

ብርግጽ ቃል እግዚኣብሄር ኣብ እስራኤል ውሑድ ስለ ዝነበረ ንዝተወሰነ ግዜ ታቦት እግዚኣብሄር ኣብ ምርኮ ኣትዩ ነይሩ እዩ። እዚ ግን ክሳብ ቃል ኣምላኽ ዝበዝሕ እዩ። ኣብ ምርኮ ከሎ ውን ታቦት እግዚኣብሂር ኣብ ልዕሊ ጸላእቱ ጸብለል ዝበለ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ፍሊስጤማውያን ድሕሪ ሸውዓተ ወርሒ ንታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ክምለስ ዝሓደግዎ። ታቦት እግዚኣብሄር ካብ ፍልስጤማውያን ምርኮ ማሪኹ እዩ ተመሊሱ። ኣብ ግዜ ሙሴ ህዝቢ እስራኤል ካብ ግብጺ ክወጽእ ከሎ'ውን ምርኮ ማሪኹ እዩ ወጺኡ። ታቦት ኣምላኽና ይማርኽ እምበር ኣይማረኽን እዩ። ከም ዝተማረኸ ይመስል ይኸውን፣ ግን ንሱስ ተማራኺ ዘይኮነ ማራኺ እዩ!

## ታቦት ሓዲሽ ኪዳን

ቃል ኣምላኻዊ ፍልጠት ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ለውጢ ከምጸልና እንተኾይኑ፣ ብናይ ሓዲሽ ኪዳን ምግላጽ ክሰርጸና ኣለዎ። እምበኣር እዚ ኣብ ቀዳማይ ሳሙኤል ዝርኣናዮ ታሪኽ ኣብ ኩነታት ቤተክርስትያን ሃገርና ለውጢ ከምጽኣልና እንተኾይኑ፣ ብናይ ሓዲሽ ኪዳን ምግላጽ ክንርድኦ ኣድላዩ እዩ። ታቦት ከምቲ ኣቐዲምና ዝራኣናዮ፣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ሰፈር ህላውነት ኣምላኽ እዩ ነይሩ። ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ግን ግኡዛዊት ቤት መቕደስ ይኹን ታቦት የለን። እሞ ቤት መቕደስ ይኹን ዋና'ውን ታቦት ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ብምንታይ ተተኪኡ፧

ነዚ ሕቶ ብዝግባእ ክንምልስ እንተ ኾይንና፣ ናብ መጀመርታ ፍጥረት ተመሊስና ክንርኢ ከገድስና እዩ። ኣምላኽ ኣብ ዘፍጥረት ንወዲ ሰብ ክፈጥሮ ከሎ፣ ካብ ሓመድ ምድሪ ክገብሮ ከሎ፣ ንሓደ ሰብ ጥራይ እዩ ካብ ሓመድ ምድሪ ገይርዎ። ንሱ ድማ ኣዳም እዩ። ኩሉ ሰብ ካብዚ ሓደ ሰብ እዩ ወጺኡ። ኣብ መጀመርታ ሄዋን ካብ ኣዳም ወጺኣ፣ ካብኡ ንድሓር ድማ፣ ኩሉ ዝተረፈ ሰብ ካብ'ዞም ክልተ ሰዒቡ። ስላዚ ኣምላኽ ንሓደ ሰብ ጥራይ እዩ ካብ ሓመድ ምድሪ ገይርዎ። ደጊሙ ኣምላኽ ሰብ መታን ከምጽእ ናብ ሓመድ ኣይተመልሰን። ስለዚ ድማ ኩሉ ካብ ኣዳም እዩ ወጺኡ። ኣምላኽ ንወዲ ሰብ ካብ ውድቀቱ ከድሕኖ ምስ ደለየ ድማ፣ ንሓደ ወዱ የሱስ ክርስቶስ እዩ ልኢኹ። ወለዶ ወዲ ሰብ ክሳብ ክመሓየሽ ዘይክእል ስለ ዝተበላሸወ፣ ኣምላኽ ከም'ቲ ኣብ መጀመርታ ፍጥረት ብሓደ ሰብ ንኹሉ ሰብ ዝፈጠረ፣ ደጊሙ ድማ ኣምላኽ ብሓደ ወዱ ገይሩ ካልኣይ ግዜ ሓዲሽ ፍጥረት ክፈጥር ስርሒይ ኢሉ ተተሓሒዙ።

ስለዚ ድማ እዩ የሱስ ኣብ ዮሃ12:24፡ "ፍረ ስርናይ ናብ ምድሪ እንተዘይ ወደቐትን ዘይሞተትን፣ በይና እያ እትነብር። እንተሞተት ግና ብዙሕ ፍረ ኽም እትፈሪ፣ ብሓቂ! ብሓቂ! እብለኩም ኣሎኹ።" ዝበለ። ልክዕ ከም መጀመርታ ፍጥረት፡ ኣምላኽ ብሓደ የሱስ ጥራይ ገይሩ ንዓና ነዞም ሓዲሽ ፍጥረት ኣምጺኡ።

"ፍጡራቱ ኢና እሞ፣ ነቲ ኣምላኽ ክንመላለሰሉ ኢሉ ቐደም ዘዳለዎ ሰናይ ግብሪ ብክርስቶስ የሱስ እተፈጠርና ኢና።" (ኤፌ2:10)።

ሓቀኛ ሰፈር ህላውንውትን ክብሪን ኣምላኽ እምበኣር ኣብ ሓዲሽ ኪዳን፣ እቲ ሓቀኛ ሰፈር ህላውነትን ክብርን ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ስፍራ ድማ ቦታ ዘይኮነስ፣ ሰባት እዮም። እዚ ስፍራ'ዚ፣ እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ሓዲሽ ፍጥረት ዝኾነ ሰብ እዩ። ኣምላኽ ነቲ ናይ ጥንቲ ምኽሩ ሕጂ ብየሱስ ክርስቶስ ረኺብዎ። ካብ ዘመን ብሉይ ኪዳን ጀሚሩ ኣምላኽ ኣብ ብኢድ ሰብ ዝተሰርሐ ምድራዊ ገዛ ዘይኮነ ክነብር ዝደሊ ነይሩ፣ እቲ ሓቀኛ ድሌቱ ባዕሉ ኣብ ዝሰርሓ ቦታ ክነብር እዩ ነይሩ። ኣብ ዘመን ሓዲሽ ኪዳን ድማ ድሌቱ ረኺቡ። ባዕሉ ደጊሙ ኣብ ዝፈጠሮም ሓደሽቲ ፍጥረታት ብህላውነቱን ክብሩን ሰፊሩ ይርከብ።

ትፈልጡ ዲኹም፣ የሱስ ክርስቶስ፡ "ተፈጸመ!" ኢሉ ኣብ መስቀል ክመውት ከሎ፣ መጋረጃ ቅድስተ ቅዱሳን ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ እዩ ተተርቲሩ። ካብ'ቲ ሊቀ ካህናት ዝነበረ ቀያፋ ጀሚሩ ብዙሓት በቲ ግዜ'ቲ ዝነበሩ ሰባት ኣይተረደኦሉን እምበር፣ ኣምላኽ እኮ ቤት እዩ ዝቕይር ኔሩ!

"ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ምዃንኩምን መንፈስ ኣምላኽ ኣባኻትኩም ሓዲሩ ምህላዉን'ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧" (1ቆሮ3:16)

ስለዚ ድማ እዮም ህዝቢ ኣምላኽ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ዘመን ወላኳ ኣብ ምርኮ ዝወደቑ እንተ መሰሉ፣ ቃል ኣምላኽ ስለ ዝወሓደ'ውን ብዝተፈላለየ ኩነታትን ተጸብኦታትን መከራን ስደትን ዝተሳዕሩ እንተ መሰሉ፣ ግዝያዊ ሓቂ እንበር ነባሪ ክውንነት ኣይኮነን። እዚ ኩሉ፣ ክሳብ ቃል ኣምላኽ በዚሑ እቲ ኣብኦም ዘሎ ህላውነትን ክብሪን ኣምላኽ ክሳብ ዝግለጽ እዩ። ዋላ ኣብ ግዜ እቲ ናይ ምርኮ ዝመስል ግዜኦም፣ ህዝቢ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ጸላእቶም እንዳዓብለሉ እዮም ዝዓብዩ።

ከምቲ ታቦት እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ፍሊስጤማውያን፣ ኣብ'ቲ ግዝያዊ ዝነበረ ናይ ሸውዓተ ወርሒ ግዜ እናዓብለለ ዝመጸ፣ ከምኡ ድማ ንሕና ኣብ ልዕሊ እዚ ዘሎ ግዝያዊ ናይ ምርኮ ዝመስል ግዜ፣ እናዓብለልና ኢና ንመጽእ ዘሎና። እዚ ኹሉ ግዚያዊ እዩ- ሓላፊ እዩ። እቲ ዘይሓልፍ ቃል ኣምላኻዊ ሓቂ ብዛዕባ ንሕና መን ምዃንና እዩ። እቲ ዘይሓልፍ ንሕና ሰፈር ህላውነት ኣምላኽ፣ ስፍራ ክብሪ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ፣ ንሕና ቤት መቕደስን ታቦትን ኣምላኽ ናይ ሓዲሽ ኪዳን ምዃንና እዩ። ጸላእትና ኩሎም ሓለፍቲ እዮም። ቃል ኣምላኽን ንሕናን ግና ዘልኣለማውያን ኢና።

ከም'ቲ ታቦት ኪዳን ነቶም ከም ዝማረኽዎ ዝመሰሎም ኣሸቢሩ፣ ናብ ፍጹም ምእዛዝ ኣእትዩ፣ ምርኮ ማሪኹ ዝተመልሰ፣ ካብ'ዚ ግዝያዊ ናይ ምርኮ መሳሊ ናይ መከራ ግዜ፣ ማሪኽና ንወጽእ ኣሎና። ንብዙሓት ነፍሳት ናብ ምድሓን መሪሕና ጥራይ ዘይኮነስ፣ ነቲ ብክርስቶስ ዘሎ'ውን ጽድቂ ኣፍሊጥና፣ ካብዚ ናይ ዝተማረኽናሉ መሳሊ ግዜ፣ ብዓወት ምርኮና ሒዝና ንወጽእ ኣሎና።

## ምብዛሕ ቃል ኣምላኽን ምግላጽ ክብሪ ኣምላኽን

ቃል ኣምላኽ ክበዝሕ ከሎ እዩ ናብ ምድሪ ክብሪ ኣምላኽ ዝግለጽ። ምግላጽ ቃል ኣምላኽ ኣብ ማእከል ህዝቢ ኣምላኽ ክበዝሕ ከሎ እዩ። እቲ ኣብ ህዝቢ ኣምላኽ ሓዲሩ ዘሎ ህላውነትን ክብሪን ኣምላኽ፣ ኣብ ምድሪ ብግህዶ ክግለጽን ለውጢ ከምጽእን ዝጅምር።

ቃል ኣምላኽ ክበዝሕ ከም ዘለዎ ክንዛረብ ከሎና ግን፣ እንታይ ዓይነት ምግላጽ ቃል ኣምላኽ ኢና ንብል ዘሎና፣ ብዛዕባ ብሉይ ኪዳንውን ናይ ሕጊ ሙሴን ርድኢት ናይ ቃል ኣምላኽ ኣይኮናን እንዛረብ ዘሎና። ብዛዕባ ሓዲሽ ኪዳናዊ ጸጋ፣ እቲ ብክርስቶስ መንነትና ዘርእየና ምግላጽ ቃል ኣምላኽ ኢና እንዛረብ ዘሎና።

እዚ ቃል ኣምላኽ ክበዝሕ ከሎ ብርግጽ መንነትና ኣብ ምድሪ ብኽብሪ ክግለጽን ክስልጥን እዩ።

"ግናኸ ኣብቲ ብሉይ ኪዳን ኬንብቡ ኸለዉ፣ እቲ ብክርስቶስ እተቐንጠጠ መጋረጃ ክሳዕ ሎሚ መዓልቲ ኣይተቐልዐሎምን እሞ፣ ሓሳቦም ደንዚዙ ኣሎ። ክሳዕ ሎሚ ንሙሴ እናንበብዎ፣ እቲ መጋረጃ ኣብ ልቦም ዝርጉሕ ኣሎ። ናብ ጐይታ ምስ ተመልሱ ግና፣ እቲ መጋረጃ ኪቕንጠጥ እዩ። ጐይታስ መንፈስ እዩ። ኣብቲ መንፈስ ጐይታ ዘለዎ ድማ፣ ኣብኡ ሓርነት ኣሎ። ንሕና ኹላትና ግና ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ኽብሪ ጐይታ ኸም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፣ ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ እርኣያኡ ንለወጥ ኣሎና።" (2ቆሮ3:14-18)

ኣብዚ ጽሑፍ ከም ነስተውዕሎ፣ ሓዲሽ ኪዳናዊ ምግላጽ እዩ ናብ ምግላጽ ክብሪ ኣምላኽ ኣብ መዓልተ ህይወትናን ምድርናን ዘእትወና። ሓዲሽ ኪዳናዊ ምግላጽ ናይ ቃል ኣምላኽ እዩ እቲ ሓቀኛ መስተያትና። ኣብ ህይወት ብዙሓት ሓሰውቲ መስተያታት ኣለዉ። ሕብረተሰብ፡ ባህሊ፡ ሰይጣን፡ ኩነኔ፡ ሃይማኖትን ስርዓታት ሰብን ዝህቡና መስተያታት ኣለዉ።

እንተ ኣስተውዓልና ድማ፣ እዞም ኩሎም መስተያታት ሽግርናን ሓጢኣትናን ጌጋናን ጥራይ እና'ርኣዩ፣ ነቲ ሓቀኛ መንነትና ኣየርእዩናን እዮም። ኩላቶም ድማ ሓሰውቲ እዮም። ምኽንያቱ፣ ሓቀኛ መንነትና እቲ ብክርስቶስ ምስሊ ኣምላኽ ዝኾነ ሓዲሽ ፍጥረት ምዃኑ ክንዲ ዘርእዩና፣ ንድኻምና ከም መንነትና ገይሮም ክርእዩና ስለ ዝፍትኑ።

ካብቲ ዘደንቕ፣ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ምርኮ ማሪኾ ናብ እስራኤል፣ ናብ ቤት-ሽመሽ ዝበሃል ስፍራ መጺኡ ኣብ ግራት እያሱ እዩ ደው ኢሉ። ኣብ ቤት-ሽመሽ ዝነበሩ ሰብዓ ዝኾኑ ሰባት ድማ ናብ ውሽጢ እቲ ታቦት ክርእዩ ፈተኑ እሞ፣ ውጽኢቱ ድማ ንሞት ኮኖም። ምኽንያት ሞት እዞም ሰባት ግን እንታይ እዩ፧ ኣብ ውሽጢ ታቦት ሰለስተ ምልክታት ዕልወት እስራኤል እዮም ኔይሮም።

ደቂ እስራኤል ንዓሰርተ ትእዛዛት ጥሒሶም ኣብ ትሕቲ ከረን ሲና ጣኦት ምስ ሰርሑ፣ ከም ምልክት ዕልወት እስራኤል ካብ ትእዛዝ ኣምላኽ፣ እተን ክልተ ጽላታት ኣብ ውሽጢ ታቦት ኣተየን።

ደቂ እስራኤል ነቲ ቀረብ ኣምላኽ ዝነበረ ማና፣ ከም ዝመነዉዎ ምስ ኣጉረምረሙ፣ ከም ምልክት ዕልወት እስራኤል ካብ ቀረብ ኣምላኽ፣ ማና ናብ ታቦት ኣትዩ።



ደቂ እስራኤል ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ክህነት ናይ ኣሮን ምስ ኣጉረምረሙ፣ እታ ዝጠጥዐት በትሪ ኣሮን፣ ከም ምልክት ዕልወት እስራኤል ካብ ኣምላኽ ዝሰርዖ መሪሕነት ናብ ታቦት ኣትያ።

እምበኣርከስ ኣምላኽ ንኹሉ ዕልወትን ውድቀትን ሓጢኣትን እስራኤል እዩ ኣብ ውሽጢ ታቦት ኣእትዩ። በቲ "መኽደን መተዓረቒ" ዝበሃል መኽደኒ ናይ ታቦት ገይሩ ዓጽዩ። በቲ ኣብ ልዕሊ ምኽደን መተዓረቒ ዝንጸግ ዝነበረ ደም መስዋእቲ ናይ ሓጢኣት ገይሩ ዝሸፍኖ ነይሩ። እምበኣር፣ እቶም ሰብዓ ሰባት ቤት-ሽመሽ፣ ናብ ሓጢኣት ዓሌቶምን ናይ ገዛእ ርእሶም ሓጢኣትን ተመሊሶም ክርእዩ ምስ ፈተኑ እዩ፣ ውጽኢቱ ሞት ኮይንዎም።

"ደጊም ካብ ሕጂ ብመገዲ ስጋን ሓደ እኳ ኣይንፈልጥን ኢና። ንክርስቶስ ከኣ ምንም እኳ ብመገዲ ስጋ ፈሊጥናዮ እንተኾንና፣ ሕጂ ሽምኡ ጌርና ኣይንፈልጦን ኢና። ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተኣልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ። እቲ ብሉይ ሓሊፉ፣ እንሆ ኩሉ ሓድሽ ኰይኑ።" (2ቆሮ5:16-17)

ንሕና ንገዛእ ርእስና ይኹን ወላ'ውን ንማንም ኣማኒ ብስጋ ኣይኮንናን እንፈልጦ። በቲ ሓዲሽ ፍጥረት ዝኾነ ሓቀኛ መንነቱ ኢና እንፈልጦ። ኢየሱስ ክርስቶስ እንተ ኾነ'ውን፣ በቲ ኣብ'ዛ ምድሪ ወዲ ማርያም ወይ ወዲ ዮሴፍ ወይ ወዲ ጸራቢ ዕንጸይቲ ዘይኮነስ፣ በቲ ናይ ትንሳኤ ሓይሊ ናይ ክብሪ ሰማያዊ መንነቱ ኢና እንፈልጦ። ንቤተ ክርስትያን ኤርትራ ድማ በዚ ሓድሽ ፍጥረት ዝኾነ መንነታ ኢና እንፈልጣ። ብዛዕባ ካልኦት ይኹን ብዛዕባ ገዛእ ርእስና፣ ናብ'ቲ ናይ ኣረጊት ኣዳም ዘበለ ኩሉ ብሉይን ሕሉፍን ኣይንጠምት፣ እዚ ሳዕቤኑ ሞት እዩ።

"እቲ ቀዳማይ ሰብ ካብ ምድሪ ኾይኑ መሬታዊ እዩ። እቲ ካልኣይ ሰብ ግና ካብ ሰማይ እዩ። ከምቲ መሬታዊ ሽምኡ ኸኣ እቶም መሬታውያን እዮም። ከምቲ ሰማያዊ ድማ ከምኡ ውን እቶም ሰማያውያን እዮም።"(1 ቆሮ 15:47-48)። ንሕና ሰማያውያን ሰባት ኢና። መጽሓፍ ቁዱስ፣ ከምቲ ንሱ ሰማያዊ ንመለኮታዊ ዝኾነ፣ ንሕና'ውን ኣብ'ዛ ምድሪ ከምኡ ምዃና ይምህረና (1ዮሃ4:17)።

የሱስ "ቦኽሪ ምዉታት" ኮይኑ፣ ንኹልና ዳግም ዝተወለድና ህዝቢ ዝመርሓና "ሰማያዊ ሰብኣይ" እዩ።

ሓዲሽ ኪዳናዊ ምግላጽ ናይ ቃል ኣምላኽ እዩ ሓቀኛ መስተያትና። እዚ መስተያት እዚ ድማ እዩ ንዓና ዘገድሰና። ምኽንያቱ፣ ንሱ ንሕና መን ኢና (መንነትና)፡ እንታይ ኣሎና (ውርሻና)፡ እንታይ ክንገብር ንኽእል (ክእለትና)፡ ተቐሚጥናሉ ዘሎና ስፍራ (ስልጣንና) ዘፍልጠና ናይ ክርስቶስ መስተያት ስለዝኾነ። ነዚ መስተያት ክንሕዞ ከሎና፣ ኣብ'ዚ መስተያት ንምስልና ክንርኢ ከሎና ክብሪ ኣምላኽ ንርኢ። ከመይ'ሲ ንሕና ኢና ክብሪ ኣምላኽ! "ንሕና ኹላትና ግና ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ኽብሪ ጐይታ ኸም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ!" ገጽካ ቀሊዕካ ኣብ መስተያት እንተ ርኢኻ፣ እንታይ ኢኻ ትርኢ፧ ንገጽካ ብቕሉዕ ኢኻ እትሪኦ።

እምበኣር፣ ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ሓዲሽ ዝኾነ ፍጥረትና ኣብ ቃል ኣምላኽ ክንርኢ ከሎና፣ ክብሪ ኣምላኽ ምዃንና ኢና እንርኢ። "ሃብቲ ኽብሪ ነዚ ምስጢር እዚ ኣብ ኣህዛብ እንታይ ምዃኑ ኺፍልጦም ንዝደለዮም፣ ንሱ ውን ክርስቶስ ኣባኻትኩም፡ ተስፋ ኽብሪ እዩ።" (ቆሎ1:27)። እቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ የሱስ ክርስቶስ እዩ ክብሪ ኣምላኽ ንሕና ከም ንሸውን ጌሩና ዘሎ።

"ምርቓ ምእንቲ ኽትወርሱ፡ ነዚ ጽዉዓት ኢኹም" (1ጴጥ3:9)። "እቲ ብፍልጠት ክብሩን ደግነቱን ዝጸውዓና ኣምላኻዊ ሓይሉ ንህይወትን ንፍርሃት እግዚኣብሄርን ዚኸውን ኩሉ ኻብ ዚህበና፡ " (2ጴጥ1:3)። ነዚ ብክርስቶስ ናትና ዝኾነ ኣምላኻዊ ውርሻ፣ ልክዕ ከምቲ ነዳዲ፡ ወርቂ፡ ኣልማዝ ንኽንረኽቦም ናብ ምድሪ ኣዕሙቕና እንኹዕት፣ ነዚ ውርሻ ክንፈልጥ ድማ ንቃል ኣምላኽ ብዕምቆት ክንምርምር ይግብኣና።

እቲ ብክርስቶስ ዝተዋህበና ነጻ ህያብ ክንፈልጦ፣ ቃል ኣምላኽ ክንፍትሽ የድልየና እዩ። ህይወትናን ኩነታትን ድማ ምስ'ዚ ቃል'ዚ ነሰማምዓዮም። ቃል ኣምላኽ ናትና ከም ዝኾነ ዝብለና ኩሉ ብእምነት ክንወርስን ዓው ኢልና ድማ ብንጹር ክንእውጅን ይግብኣና። ብሓዲሽ ኪዳናዊ ምግላጽ ንቃል ኣምላኽ ክንሪኦ ከሎና፣ ንሕና ክብሪ ኣምላኽ ምዃንና ኢና እንርኢ። በቲ መጠን ናብ'ዚ ምግላጽ ዝርኣና ድማ፣ ናብ'ቲ ሓቀኛ ምስልና ኣብ'ቲ ደጋዊ ናብራናን ህይወትናን እንዳ ተለወጥና ንመጽእ። እምበኣር፡ እዚ ዓይነት ሓዲሽ ኪዳናዊ ምግላጽ ቃል ኣምላኽ እዩ ክበዝሕ ዘለዎ። ኣብ ርድኢትና፡ ከናፍርና፡ ኣዋጃትና፡ ራእይና ክበዝሕ ኣለዎ! ኣብ መዛሙራትና፡ ስብከታትና፡ ትምህርታትና፡ ዕላላትና ክበዝሕ ኣለዎ! ኣብ ህይወትና ኣዝዩ ይብዛሕ! በዚ ድማ ብኽብሪ ኣብ'ዛ ምድሪ ክንግለጽ ኢና!

"ቃል ኣምላኽ ከኣ እናዐበየን እናተዘርግሐን ከደ!" (ግብ 12:24)

"ቃል ጐይታ ውን ከምዚ ኢሉ ብሓይሊ ዓበየን በርትዔን!" (ግብ 19:20)




## ምንጋፍን ምስ ምንጋፍ ዝተሓሓዙ ኣርእስታትን

## ምንጋፍ ንመን እዩ ዝምልከት? ንኣማኒ 'ዶ ንዘይኣማኒ? (1ይ-ክፋል)

ነዚ ሕቶታት ንኽምልሰልና ግዜ ንኽህበና ምስ ሓተትናዮ፣ ብምቕሉል መንፈስ እዩ ተቐቢሉና። ኣቐዲሙ ዝሓዞ መንፈሳዊ መደባት ስለ ዝነበረ ግን ንክልተ ኣዋርሕ ዝገማገም ግዜ እዩ ቆጺሩና። ብዛዕባ ህይወቱን ኣገልግሎቱን ዘለዎም ምስክርነት ክህቡና ንገለ ኣሕዋት ሓቲትናዮም ኔርና። ንትሕትንኡ፡ ንግርህነቱ፡ ምቕልሉነቱ፡ ንሰብ ዘለዎ ፍቕርን ዝምልከት ውን ገለ ኢሎምና ኔሮም። ንዝተፈላለየ ኣርእስታት ዝኾነና ትሕዝቶ ንኽነዳሉ፣ ኣብ ሰለስተ እዋናት ብድምር ንኣስታት 20 ስዓታት ብሓደ ኣብ ዝነበርናሉ ግዜ፣ እቲ ኣብኡ ብዓይንና ዝርኣናዮ፡ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ መንፈስና ዝገለጾን ግና ልዕሊ እቲ ምስክርነቶም ኮይኑ እዩ ጸኒሑና።

ምስዚ ሓው ዝገበርናዮ ቃለ-መሕትት ብተኸታታሊ ክነቕርቦ ሙኳንና ኣናገለጽና፣ ምስዚ ኣርእስቲ ዝተሓሓዝ ሕቶታት እንተለኩም ናብ ኣድራሻና ልኢኽኩም ምላሽ ክትረኽቡ ከም እትኽእሉ ክንሕብረኩም ንፈቱ!

ሕቶ- ኣቐዲምና ንዝገበርካልና ምትሕብባር፣ ብስምናን ብስም ነበብትን ኣዚና ንመስግነካ! ነበብትና ብዛዕባኻ ኣፈናዊ ሓበሬታ ምእንቲ ክረኽቡ፣ ኣብዚ ኣርእስቲ ብዛዕባ ዘለካ ፍልጠትን ተመኩሮን ከኣ ኣመት ምእንቲ ክሕዙ፣ ምስ ገዛእ ርእስኻ ከተላልየና?

መልሲ- መጀመርታ ንእግዚኣብሄር ስለዝሃበኒ ዕድል ኣመስግኖ። ቀጺል ውን ንስኹም ነዚ ደገ ስለዝኸፈትኩምለይ ኣመስግነኩም። ንክርስትያናዊ ህይወተይን ተመኩሮይን ንዝምልከት ከኣ፣ ብ1996 ኣብ ሳዋ ጎይታ ተቐቢለ። ብኡንብኡ ውን ንጎይታ ጠቢቐ ሒዘዮ፣ ኣብ ውሽጢ ናይ ሓደ ዓመት ግዜ ውን ናብ ኣገልግሎት ኣትየ። ካብ መጀመርትኡ ልበይ ኣብ ኣገልግሎት ምንጋፍ ዝዘንበለ ስለ ዝነበረ፣ ኣብ1997/98 ኣብ ምንጋፍ ምስ ዘገልግሉ ኣሕዋት ክሓብር ጀሚረ። ብድሕሪኡ ከቲተ፣ ኣብ 2004 ከኣ ካብ ክተት ተመሊሰ።

ካብ 2004 ክሳብ 2006 ኣብ ዝነበረ ግዜ፣ ኣብ ምንጋፍን ኣብ ካልእ ዝተፈላለየ ናይ ቤተክርስትያን ኣገልግሎታት ክነጥፍ ጸኒሐ። ካብ 2006 ክሳብ 2015 ኣብ ዘሎ ግዜ ኸኣ፣ ኣብ ምንጋፍ ጥራይ ኣድሂበ ኣገልግል ነይረ። ኣብቲ እዋናት ምስ ኣሕዋት ሰባት ሒዝና ንኣቱ፣ ካብ ምዓልታት ክሳዕ ኣዋርሕ እናተዓጸና ውን ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎትና ነካይድ ኔርና። ኣብዘን ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ውን፣ ኣብ ርእሲ እቲ ቤተክርስትያን ዝሃበትኒ ተወሳኺ ዕዮ፣ ነቲ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎተይ ውን ቀጺለዮ ኣለኹ። ብሓጺር ብዘይምቁራጽ ንልዕሊ 11 ዓመታት ኣብዚ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ኣለኹ ማለት እዩ።

ሕቶ- ምንጋፍ እንታይ ማለት እዩ? ብዝብል መሰረታዊ ሕቶ 'ዶ ንቓለ-መሕተትና ክንጅምሮ?

መልሲ- ምንጋፍ ክንብል ከለና፣ ንብዙሕ ነገራት እዩ ዘጠቓልል። ካብቲ ብዙሕ ሓደ ካብ ማእሰር ናይ ሰይጣን ምንጋፍ ወይ ምግልጋል እዩ። እዚ እቲ ኣውራ ምንጋፍ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ካልእ ምስኡ ዝተተሓሓዘ ስለ ዝኾነ። ኣብ ቆሎ1፡13 የሱስ ክርስቶስ ዝመጻሉ ቀንዲ ዕላማ ክገልጽ ከሎ፡ "ንሱ ካብ ስልጣን ጸልማት ኣውጽኣና፣ ናብ መንግስቲ ፍቑር ወዱ ውን ኣእተወና" ከምዝበሎ፣ የሱስ ካብ ስልጣን ጸልማት ወይ ካብ ስልጣን ሰይጣን እዩ ኣውጺኡና። ምኽንያቱ የሱስን ሰይጣንን ወይ ብርሃንን ጸልማትን ክልተ ተቓረንቲ ጉዳያት እዮም። ስለዚ ምንጋፍ ክንብል ከለና፣ ንሰብ ካብ ጸልማትን ኣርዑት ጸልማትን ምሉእ ብምሉእ ምግልጋል፡ ምፍታሕ፡ ሓራ ምግባር ወይ ምልቓቕ ማለት እዩ።

ምንጋፍ ቀጻሊ ዝኾነ መስርሕ እዩ። ኣብ ቀጻሊ ዝኾነ መስርሕ፣ ብፍልጠት ትናገፎ ምንጋፍ ኣሎ፡ ካብ ባህሪ ትናገፎ ምንጋፍ ውን ኣሎ። ብጸሎት ትናገፎ ምንጋፍ ኣሎ፡ ብምዕዳ፡ ብምኽሪ፡ ብትምህርቲ ትናገፎ ምንጋፍ ኣሎ። ናይ ግድን ጋኒን ካባኻ ወጪጩ ምስ ወጸ ጥራይ ኣይኮነን ምንጋፍ ዘሎ። ብሓጺሩ ምንጋፍ ክንብል ከለና (ብዝተፈላለየ መገድታት)፣ ንሰብ ናብቲ መበቆል ፍጥረቱ ምምላስ ማለት እዩ።

ሕቶ- "ምንጋፍ ንመን እዩ ዝምልከት? ንኣማኒ ዶ ዋላስ ንዘይኣማኒ?" ዝብል ሕቶ ኣብ ብዙሓት ኣሎ። ነዚ ሕቶ ዘለካ መልሲ እንታይ እዩ?

መልሲ-ንብዙሓት ኣሕዋት ምንጋፍ ንዓለማዊ እምበር ንኣማኒ ዝምልከት ኣይመስሎምን እዩ። ስለዚ ድማ እዮም ኣብ ክርስትና ነዊሕ ዓመታት ዝገበሩ ኣሕዋት ክናገፉ ክርእዩ ከለዉ ዝኽብዶም። ንምቕባሉ ውን ዘሸግሮም። ግናኸ ብመሰረቱ ንዓለማዊ ምድሓን እምበር ምንጋፍ ኣይኮነን ዘድልዮ። ነቲ ዝድሓነ እዩ ምንጋፍ ዘድልዮ። ሰብ ተናጊፉ ኣይኮነን ዝድሕን። ድሒኑ እዩ ዝናገፍ። ካብ ፈውስን ምንጋፍን ምድሓን እዩ ዝዓቢ። ምድሓን ከኣ ብእምነት ዳግም ብምውላድ እዩ። ስለዚ ንሓደ ዓለማዊ ሓርነቱ ክጸንዕ (ደጊሙ ብኣርዑት ሰይጣን ከይቑረን)፣ ምድሓን እዩ ዘድልዮ። (ምክንያቱ እቲ ዝወጸ ጋኒን ተመሊሱ ከምዘይኣቱ ዝገብሮ፣ ብእምነት ክርስቶስ የሱስ ድሒንካ፣ ብጸጋ ኣምላኽ ናይ ጽድቅን ቅድስናን ናብራ ብምንባር እዩ)።

ንኣብነት ኣብ ማቴ15፡21-28፣ ብዛዕባ እታ ንጓላ ካብ ማእሰር ኣጋንንቲ ሓራ ንኽተውጽእ፣ ንጎይታ ዝለመነቶ ከንኣናዊት ሰበይቲ ዘሎ ሓሳብ እንተድኣ ርኢና፣ ጎይታ ምንጋፍ እንጌራ ውሉድ ሙኳኑን፣

ንውሉድ እምበር ንዓለማዊ ከም ዘይምልከት ገሊጹላ ኣሎ። እቲ ጓላ ብእምነት ናይ ኣዲኣ ዝረኸበቶ ምንጋፍ ከኣ፣ ናይ ርፍራፍ ነገር እምበር ናይ ውሉድ ነገር ኣይኮነን። ስለዚ ምንጋፍ ንኣማኒ እዩ ዝምልከት! ምንጋፍ እንጌራ ውሉድ እዩ።

ሕቶ- ብመሰረት 2ይ ቆሮ15፡17 ኩሉ ኣማኒ ብክርስቶስ ምስ ኣመነ ሓድሽ ፍጥረት 'ዶ ኣይኮነን? ኣብ ሓድሽ ፍጥረት 'ዶ ጸልማት ኣሎ እዩ?

መልሲ- ኣየናይ ክፋሉ ድዩ እሞ ሓድሽ ፍጥረት ተባሂሉ ዘሎ? መንፈሱ 'ዶ ኣይኮነን? ብዛዕባ ኣቃውማን መንነትን ናይ ሰብ ፈላለና ክንርድኦ ኣለና። ሰብ ብስጋ፡ ብነፍስን መንፈስን ዝቖመ እኳ እንተኾነ፣ እቲ መንነቱ ግን መንፈሱ እምበር ነፍሱ ወይ ስግኡ ኣይኮነን። ስለዚ ንሰብ እቲ ናይ ውሽጢ ሰቡ (መንፈሱ) እዩ ሓድሽ። ነፍሱ ማለት ኣተሓሳስብኡ፡ ኣረዳድእኡ፡ ፍቓዱን ስምዒቱን ንሱ 'ዶ ኣይኮነን ዘሎ? እቲ ሓሳቡ፡ ስምዒቱ፡ ፍቓዱ 'ዶ ዳግም ተወሊዱ እዩ? እቲ ኣብ ዓለም ዝፈልጦ ዝነበረ ፍልጠት ኣብ ፍልጠቱ የሎን ድዩ? ወይ ድማ እቲ ኣብ ዓለም ከሎ ዝሰምዖ ዝነበረ ስምዒታት ምስኡ የሎን ድዩ? ገለ ተረፍ መረፍ የብሉን ድዩ?

እቲ ዳግም ዝተወለደ ናይ ውሽጢ ሰብ ብመገዲ ነፍሲ እዩ ኣብ ስጋ ዝገሃድ። ጳውሎስ ከም ዝበሎ፣ ዳግም ዝተወለደ ሰብ ከም ዝተንስሐ ዘርኢ ፍረ ክህልዎ ኣለዎ። እዚ ነገር ኣብ ስጋ እንተዘይተጋሂዱ፣ እቲ ኣማኒ ክናገፈሉ ዘለዎ ሸነኽ ኣሎ ማለት እዩ። ንሱ ኸኣ ኣብ ነፍሱ እዩ።

ሕቶ- ኣብ ነፍሲ ምንጋፍ ዘድልየሉ ምኽንያት 'ዶ ተወሳኺ ምግለጺታት መድለየና?

መልሲ- ሰይጣን ሰብ ብስጋ ካብ ምውላድ ኣትሒዙ ኣብ ነፍሲ ብዝገብሮ ጸቕጢ፣ ዳግም ዘይተወለደ ሰብ፣ ካብ ኣብ ነፍሲ ዝተቐመጠ ባህሪ ተበጊሱ፣ ስጋውነት ዘግህድ ካብ ነፍሲ ናብ ስጋ ዝኾነ ባህሪ እዩ ዘንጸባርቕ። ክርስትና ግና ካብ መንፈስ ተበጊሱ ብመንገዲ ነፍሲ ኣብ ስጋ እዩ ዝግለጽ። ነፍስና ኣንጻር እቲ ናይ ውሽጢ ሰብካ ፍልጠት ሒዙ እንተድኣ ጸኒሑ፣ ኩሉ ግዜ ነቲ ናይ ውሽጢ ሰብና እናተቓለሶን እናነጸጎን እዩ ዝነብር። ስለዚ ድማ እዩ ያቆብ፡ "ነቲ ንነፍስኹም ከድሕና ዝክእሎ ትኹል ቃል ብግርህነት ተቀበልዎ" ኢሉ ናብቶም ፋሕ ዝበሉ ኣይሁዳውያን ኣመንቲ ዝጸሓፈ (ያቆ 1፡21)። ሰባት ነቲ ንነፍሶም ከድሕን ዝክእሎ ትኹል ቃል ብመጠን እቲ ዝተቐበልዎ እዩ እቲ ናይ ውሽጢ ሰቦም፣ ብመገዲ ነፍሶም ኣብቲ ናይ ወጻኢ ሰቦም እናተጋህደ ዝኸይድ።

ንሰብ እቲ ዝዓበየ ውግኡ ኣብ ነፍሱ (ኣእምርኡ) እዩ። ጸላኢ ነዚ ጉዳይ እዚ ጠሚቱ፣ ኣቓዲሙ ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ዝጻላእ ልዕል ዝበለ ነገር ብሓሳባት ናብ ነፍሲ እናጸዓነ፣ ነቲ ማእሰራት ኣብ ነፍሲ ይሰርሖ።

ቀዳማይ እቲ ሰብ ምድሓን ምእንቲ ከይረክብ፣ ብመገዲ እቲ ኣብ ነፍሲ ዘቐመጦ ፍልጠት ንሓሳብ ኣምላኽ እናነጸገ ክነብር። ምድሓን ኣብ ውሽጢ እንተተፈጺሙ ኸኣ፣ እቲ ዝድሓነ ክፋል ናይ ሰብ (ናይ ውሽጢ ሰብ)፣ ከም ድሑን ዘይኮነስ ከም ንስጋዊ ንኽመላለስ እዩ ከምኡ ዝገብር። ከም ንመንፈሳዊ ምንባር ማለት ከምቲ እቲ ናይ ውሽጢ ሰብ ዝደልዮ ምንባር ማለት እዩ። መበገሲ ናይቲ ኣብ ሰብ ቆሮንጦስ ዝነበረ ምፍልላይ፣ ስጋውነቶም ዘግህድ ካብ ነፍሲ ዝብገስ ናብራ እዩ ነይሩ። ክርስትና ግና ከምኡ ኣይኮነን። ካብ መንፈስ ብመገዲ ነፍሲ ኣብ ስጋ እዩ።

ስለዚ መንፈስና ደገ ሰማይ እዩ፣ ነፍስና ደገ መንፈስና እዩ፣ ንርእዮን ንሰምዖን ከኣ ደገ ነፍስና እዩ። ኣብ ነፍስና ዘሎ ዝተፈላለየ ሓሳባት ወይ ፍልጠት ወይ ምርዳእ፣ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝኣተወ እዩ። ንርእዮን ንሰምዖን ኣብ ነፍስና ብዙሕ ሓበሬታታት ኣኪቡ ኣሎ። እዚ ኣባና ዝኣተወ ሓበሬታታት ዝወልዶን ዝፈጥሮን እምነት ኣሎ። እቲ እምነት ንኣምላኽ ዝኣምን ክኸውን ይኽእል፣ ወይ ድማ ኣንጻር ኣምላኽ ዝኾነ ተቓራኒ እምነት ክኸውን ይኽእል።

ንርእዮን ንሰምዖን ወሳኒ ስለዝኾነ ድማ እዩ እግዚኣብሄር፡ "እንታይ ትርኢ ኣለኻ?" ኢሉ ብተደጋጋሚ ዝሓትት። እቲ ኣብ ነፍስና ዝትኣከበ ሓበሬታ ንመንፈስና ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ንመንፈስና ዝሰማማዕ ወይ ንመንፈስና ዝቖልፍ ኮይኑ ክጸንሕ ይኽእል እዩ። እቲ ኣብ መንፈስና ዘሎ ብርሃን ንኸይወጽእ ክዓግቶ ይኽእል እዩ። እቲ ናይ ዓለም ከንቱ ሓሳብ ኣብ ህይወትና እንተዳኣ ኣሎ (እንተዘይጸረየ)፣ ጽላል እዛ ዓለም እዚኣ ኣብ ህይወትና ኣሎ ማለት እዩ። ምንጋፍ ማለት ኣብዚ እዩ። ኣብ ነፍሲ ናይ ሰብ ኢኻ ብዙሕ ስራሕ እትሰርሕ። ኣረዳድኣን ኣመለኻኽታን ንምጥዓይ፣ ኣብ ሓሳብ፡ ኣብ ስምዒትን ኣብ ፍቓድን ኣቲኻ ዝስራሕ ስራሕ እዩ። ስለዚ ድማ ኢና ብእንርእዮ፡ ብእንሰምዖን ብእንሓስቦን ከንጥንቀቕ ዘሎና። ምንጋፍ ኣብ ነፍሲ ስለምንታይ ከም ዘድሊ ብዕሙቕ ዝበለ መገዲ ዝተገለጸ ይመስለኒ።

ሕቶ- ኣብ መንፈስ ዝበርህ ብርሃን፣ ብመገዲ ነፍሲ ኣብ ስጋ ተጋሂዱ ኣብ ምድሪ ክንጸባረቕ እንተጀሚሩ ኣብ ነገራውን መንፈሳውን ዓለም እንታይ ጽልዋ የምጽእ?

መልሲ- ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ሰይጣን መጀመርታ ሰብ ከይድሕን እንተድሒኑ ኸኣ ከይናገፍ እዩ ዝቃለስ (1 ጢሞ 2፡3-4)። ምኽንያቱ እንተተናጊፉ እቲ ኣብ መንፈሱ ዘሎ ብርሃን ብመገዲ ነፍሲ ኣብ ስጋ ብምልኣት ስለ ዝግለጽ፣ እቲ ዝተናገፈ ሰብ ኣምላኻዊ መንነት ኣብ ገጽ ምድሪ ከንጸባርቕ እዩ። ዳግም ዝተወለደ ሰብ ክግለጽ እንተድኣ ጀሚሩ፣ ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ስለዝግለጽ፣ ከም ውጽኢቱ ኣምላኻዊ ምኽሪ ኣብ ገጽ ምድሪ ክፍጸም እዩ።

እዚ እንተ ኾይኑ ኸኣ ኣምላኽ ሰማይ ከቢሩ፣ ሰብ ከኣ ንዝተፈጥረሉ ዕላማ ከነብር ጀሚሩ ኣሎ ማለት እዩ። በዚ ብመገዲ ሰብ ኣብ ገጽ ምድሪ ዝተገለጸ ኣምላኻዊ መንነትን ባህርን ድማ እዩ ግብሪ ድያብሎስ ዝፈርስ።

ሰይጣን እግዚኣብሄር ንዘርኢ ኣብርሃም ከም ዘልዓሎምን ንዝተቐበልዎ ዘበሉ ኩሎም ድማ ምድሓን ከም ዝሰርሓሎምን ይፈልጥ እዩ። እዚ ዝተፈጸመ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ እዚ፣ ኣብ ደቂ ሰባት ክሰርሕ እንተኾይኑ ግን ደቂ ሰባት ነዚ ብስራት ክሰምዕዎ፡ ክቕበልዎ፡ ክኣምንዎን ክእመንዎን ኣለዎም።

እዚ ንኸይከውን ኢሉ እዩ ጸላኢ ብዝተፈላለየ መንፈሳዊ ጸቕጥታት ደቂ ሰብ ነዚ ሓቂ ሰሚዖም፣ ከምቲ ዝግባእ ከይኣምኑን ከይእመኑን ምእንቲ፣ ኣቐዲሙ ገና ካብ ቅድሚ ብስጋ ምውላዶም ኣትሒዙ፣ ንነፍሶም (ንምርድኦም፡ ንሓሳቦም፡ ንስምዒቶም፡ ንፍቓዶም) ክቆጻጸር ዝሰርሕ።

ሕቶ- ነዚ ከመይ ገይሩ እዩ ከተግብሮ ዝፍትን?

መልሲ- ብዘይካ እቲ ኣብ ኣየራት ብመገዲ ኣጋንንቱ ተጽዕኖ ብምግባር ዝሰርሖ ስርሓት፣ ካልእ ዝተፈላለየ መገድታትውን ይጥቀም እዩ። ንኣብነት መንፈሳዊ ስርዓታት፡ ልምዳዊ ስርዓታትን ኣባት ነፍስን ተጠቒሙ ዝሰርሖ ነገራት ኣለዎ። ገለ ካብኡ ገና ቆልዓ ምስ ተወለደ ኣብ 3ይ መዓልቲ ዝግበር ልምዳዊ ስርዓት ኣሎ። ኣብ 7ይ ምዓልቲ ዝግበር ልምዳዊ ስርዓታት ኣሎ። ወይ ኣብ መበል ዓሰርተ ክልተ ምዓልቲ (ድሕሪ ሕርሲ) ዝግበር ልምዳዊ ስርዓታት ኣሎ። ኣብዚ ዳሕረዋይ እታ ዝሓረሰት ሰበይቲ፣ ኣብ ርእሳ መኾምብያ ገይራ ትወጽእ እያ። እዚ ብርእሱ ኣብታ ሰብ ዘኸትሎ ሳዕቤን ኣለዎ።

ከምኡ ውን ብጥምቀት ዝሰርሖ መንፈሳዊ ስራሕ ኣሎ። ወዲ ኣብ 40 መዓልቲ ጓል ከኣ ኣብ 80 ምዓልታ እያ እትጥመቕ። "ጥምቀት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣይኮነን ድዩ?" ዝብል ሕቶ ክልዓል ይኽእል እዩ። ግን ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ፣ ጥምቀት ድሕሪ እምነት እዩ ዝፍጸም። እምነት ካብ ልቢ ይጅምር፡ ብኣፍ ይግለጽ፡ ብግብሪ ድማ (ብጥምቀት) ይግሃድ።

እቲ ግዳማዊ ናይ ብኣፍ ምእዋጅ ውጽኢት እዩ። ብኣፍ ምእዋጅ ከኣ ናይ እምነት ውጽኢት እዩ። እቲ ናይ ሓቂ መስርሕ ከምዚ እናኾነ፣ ሰይጣን ግን ገልቢጡ እዩ ንሰብ ዘረድኦ። እቲ ዝግበር ዘሎ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ክመስል ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ኣንጻር ቃል ኣምላኽ እዩ። እቲ ነገር ነቲ ሓቂ ገምጢልካ ኣብ ምትኣል ዝተሓጸረ ጥራይ ኣይኮነን። ህጻናት ክጥመቑ ከለዉ ብመገዲ ውክልና ኣባት ነፍሲ፣ ነቲ ዓሌታዊ መንፈስ እዮም ዝውፈዩ። እቲ ቅኑዕ መገዱ ዝስሓተ ስርዓት ጥምቀት፣ መጋበርያ ሰይጣናዊ ኣጀንዳታትን መጻወድያታትን እዩ

ዝኾውን። ስለዚ ሰይጣን ነቲ ኣእምሮ ናይ ሰብ ምቁጽጻር ዝብል ኣጀንድኡ በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ መገድታት ከተግብሮ ይሰርሕ።

**ሕቶ- ተራ ኣባት ነፍሲ ኸኣ ኣሎ ኢልካ ኔርካ?**

መልሲ - ኣባት ነፍሲ ካብዚ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ወጻኢ ተወሳኺ ካልእ ተልእኾ ውን ኣለዎ። ሰይጣን ነፍሲ ናይ ሓደ ሰብ ንምቁጽጻር፣ ብመገዲ ኣባት ነፍሲ ኣብ ነፍሲ ሰብ (ሓሳብ፡ ስምዒት፡ ፍቓድ) ዝሰርሖ ስራሕ ኣለዎ። ኣባት ነፍሲ፣ እቶም ሰባት ምስኡ ይሃልዉ ኣይሃልዉ ብዘየገድስ፣ ንነፍሶም ብምድዋዕ እዩ ዘደግም። ኣብ ነፍሶም ኸኣ ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ዝጻላእ (ዝቃረን) ፍልጠት የእቱ (ይዘርእ)።

ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ክትምስክረሎም ከለኻ ኸኣ፣ ነቲ ዝሃብካዮም ሓሳብ ዝነጽግ ሓሳብ ይጸንሖም። ሰይጣን ብቐጥታ ብመገዲ ኣባት ነፍሶም ምናልባት ብስጋ ዘይክቃወመካ ይኽእል እዩ። ነፍሶም እንተድኣ ተኣሲሩ ግን ሓሳቦም፡ ስምዒቶምን ፍቓዶምን ምስኡ ስለ ዘሎ፣ በዚ ኣቐዲምና ዝርኣናዮ መገዲ ክጻረረካ ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ እዮም እቶም ወንጌል ዘይፈልጡ ናብ ጎይታ ቀልጢፎም ክመጹ እንከለዉ፣ እቶም ወንጌል ፈሊጦም ዝጸንሑ ግና ዝድንጉዩ።

**ሕቶ- እሞ ደኣ ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ብኸመይ ሜላ ኢና ናብ ጎይታ ከነምጽኦም ዘለና?**

መልሲ- ነቲ ኣብ ነፍሲ ዝካየድ መስርሓት ኣለሊና ክንዓዪ ኣሎና። ንኣብነት ኣብ ሓሳቦም ዝተኣስሩ ሰባት ድሕሪ ደጋጊምካ ዋጋ ምኽፋልን ምምስካርን፣ ብዙሕ ዝኾነ ሓሳባት ምስ ሃብካዮም፣ (እቲ ኣምላኻዊ ሓቂ ነቲ ብሰይጣን ዝኣተወ ሓሶት ስለ ዘፍርሶ) ነቲ ሓሳብካ ይቕበልዎ እዮም ("ኣጽዋር ውግእና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንምፍራስ ጽኑዕ ዕርድታት ብርቱዕ እዩ እምበር፡ ስጋዊ ኣይኰነን፡ ብእኡ ኸኣ ሓሳባትን ምስ ፍልጠትን ኣምላኽ ንዚጻላእ ልዕል ዝበለ ነገር ኩሉን እናፍረስና፡ ኩሉ ኣእምሮውን ንምእዛዝ ክርስቶስ ንማርኸሉ ኢና።" 2 ቆሮ 10:4-5; ኤብ 4:12-13)።

ብድሕሪኡ ምሳኻ ብሓሳብ ምስ ተረዳድኡ ኸኣ ሰይጣን ኣብ ስምዒቶም ይሰርሕ። ብዛዕባኻ ትኽክል ዘይኮነ ርድኢት ሂቡ ብዛዕባኻ ኣሉታዊ ስምዒት ከሕድሩ ይጸቅጥ። ሽዑ ንሶም ንህይወትካ ምንም ዘውጽኡሉ ነገር ዘይብሎም ክንሶም፣ እቲ ናትካ ነገር ኣብ ስምዒቶም ዝተገልበጠ ነገር ይኸውን፡ "ንዓይ ዘይርድኣኒ፣ ገለ ሕቡእ ነገር ክሀሉ ይኽእል እዩ።" ናብ ምባል ይወስዶም (እዚ ከምቲ ሰይጣን ንሓልዮት፡ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ሰብ ክወቕዕ፡ "ምእንቲ ከምኡ ክይትኾኑ ኢሉ እዩ።" ኢሉ ንሄዋን ገምጢሉ ዘረድኣ ማለት እዩ) ዘፍ3፡4-6። እዚ ኸኣ ልክዕ ከምቲ፡ "ብዘይ ምኽንያት ጸልኡኒ" ዝብል ቃል እዩ (ዮሃ15፡25)።



ከምቲ ሓሳቦም ስምዒቶም ውን ብዋጋ ምስ ተሳዕረ (ክትምስክረሎም ከለኻ ብጽቡቕ ስምዒት ክቕበለኹ ምስ ጀመሩ)፣ ኣሚኖም ክንሶም ናብቲ ቅኑዕ መገዲ ንኸይመጽኡ ኸኣ ፍቓዶም ይእሰር። እዚ ቱቦ ናይ ዘመን ምሉእ ጥምጣም እዩ። እዚ ቱቦ ብመገዲ ኣባት ነፍሲ፣ ኣብ መዓልታዊ ወይ ወርሓዊ ወይ ዓመታዊ፣ ነቲ ዓሌታዊ መንፈስ እናጸዋዕካ ብዝግበር ናይ ኪዳን ምሕዳስ ስራሕ እዩ ኣብ ነፍሲ ተጻዒኑ። ንብዙሓት ሰባት ወንጌል ነጊርካዮም ዝኣምኑ ግን ፍቓዶም ንክህቡ ዝደንጎዩ ሽሞም ጸዊዕካ: "ነፍሶም (ፍቓዶም) ይፈታሕ!" ኢልካ እንተድኣ ጸሊኻ፣ ሽዑ ፍቓዶም ከይህቡ ዝሕዞም የለን። ኣብ ባይታ ኸኣ ለውጢ ክትርኢ ኢኻ።

**ሕቶ-ንኹሉ ሰብ ግሉጽ ምእንቲ ክኸውን፣ መርገጺ ናይ መንግስቲ ኣምላኽን መንግስቲ ጸልማትን ኣብ ምንጋፍ ዝብል ዛዕባ እንታይ እዩ?**

መልሲ- ብመጀመርታ ናይ መንግስቲ ኣምላኽ መርገጺ ክነጽር እደሊ። ኣብ ማቴ9፡24 ከም እንርእዮ፣ መርገጺ እግዚኣብሄር ኣጋንንቲ ክወጹ ተመሊሶም ከኣ ንኸይኣትዉ እዩ። እቲ ኩሉ ዝኽእል ነቲ መንፈስ ዘውጽእ፣ እቲ ጋኒን ንሓዋሩ ምእንቲ ከይምለስ፣ እቲ ሰብ ከኣ ንሓዋሩ ምእንቲ ነጻ ክኸውን ኢሉ እዩ።

በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ፡ መርገጽን ሓሳብን ናይ ጸልማት መንግስቲ እንተድኣ ርኢና፣ ርኹስ መንፈስ ኣብቲ ግዳይ ዝገበሮ ሰብ፣ ንኻልኦት መናፍስቲ ደገ ኮይኑ ናይ ጸልማት መንግስቲ ኣብቲ ሰብ ሱር ክሰድድ ክሰርሕ እምበር፣ ንሓዋሩ ንኸይወጽእ እዩ። እንተ ደኣ ወጺኡ ኸኣ ንኽምለስ እዩ (ማቴ12፡43-45)።

ካብዚ ብምብጋስ ዝኾነ ካብ ሰብ ዝወጽእ ጋኒን፣ ናብቲ ዝነበሮ ቦታ ክምለስ፣ ብናይ ጸልማት መንግስቲ ዘድልዮ ደገፋት ምስ ተዋህቦ፣ ናብቲ ዝነበሮ ተመሊሱ ክኣቱ ከቢድ ጸቕጢ እዩ ዝግበረሉ። እቲ ጋኒን ናብ ናይ ቀደም ቦትኡ እንተዘይ ተመሊሱ ኸኣ ኣብ ልዕሊኡ ዝውሰድ መቕጻዕቲ ከቢድ እዩ። ስለዚ እቲ ዝወጸ ጋኒን፣ ናብቲ ዝነበሮ ቦታ ተመሊሱ ዝኣትወሉ ቀዳድ ክሳዕ ዝረክብ ዕረፍቲ ስለዘይብሉ፣ ኣብ ዙርያ እቲ ዝተናገፈ ሰብ ከምዝቃጸ ርዱእ እዩ።

መርገጺ ናይዞም ክልተ መንግስታት ከምዚ ኾይኑ፣ ንሕና እቶም ናይ እግዚኣብሄር ኣገልገልቲ፣ ንሓደ ሰብ ክነናግፎ ከለና፣ በቲ ንምውጽኡ ዝተዋህበና ስልጣን፣ ከምቲ ፍቓድ ኣምላኽ እቲ መንፈስ ንኸይምለስ ኣዚዝና ኢና እነውጽኦ። ሽዑ ሰማይ ምሳና ተሰማሚዑ ነቲ ነገር ማሕተም ይገብረሉ (ማቴ16፡19, 18፡18)። ነቲ ደገ ሓንሳብ ምስ ተዓጽወ እቲ ዝተናገፈ ሰብ ባዕሉ እንተዘይከፊትዎ ኸኣ እቲ ማሕተም ጸኒዑ እዩ ዝነብር።

**ሕቶ- ካብ ተመሳሳሊ ማእሰርቲ ኣቐዲሞም ዝተናገፉ ሰባት፣ ከም እንደገና ክናገፉ ተመሊሶም ይመጹ'ዶ? እቲ ጠንቂ እንታይ ኮይኑ ይጸንሕ?**

መልሲ- ተመሊሶም ዝመጹና እዋናት ኣሎ። ኣብ ርእሲ እቲ ካብ ጎይታ እንረኽቦ ምግላጽ፣ ኣብ መስርሕ ምንጋፍ ኣቲና፣ ነቲ ዝተመለሰ ጋኒን: "ስለምንታይ ተመሊስካ?" ኢልና ምስ እንሓቶ፡ "ከምዝን ከምትን ሓሳብ ሂበዮ፣ ስለዝተቐበሎ ኸኣ ኣትየዮ" እዩ ዝብለና። ስለዚ እቲ ጠንቂ ክንቲ ሓሳብ ምቕባልን ብእኡ ምምልላስን ኮይኑ እዩ ዝጸንሓካ። ሓደ ክንዝንግዖ ዘይብልና፣ ሰይጣን ሓሳብ ክህበካ ኸሎ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ነቲ ሓሶት ዝጻረር ሓሳብ ይህበካ እዩ። ብዝተፈላለየ መገዲ እቲ ዝተቐበልካዮ (ሰይጣናዊ) ሓሳብ ግጉይ ከምዝኾነ ውን ይረትዓካ እዩ። ሽዑ ንስኻ ነቲ መንፈስ ቅዱስ ዝህበካ ሓሳብ ሰሚዕካ፣ ከምቲ ጎይታ ዝገበሮ፣ እቲ ሰይጣናዊ ሓሳብ ገና ሱር ከይሰደደ ኸሎ (ፈልሲ ኸሎ)፣ ገሲጽካ ምምሓው ግዴኻ ይኸውን።

ነቲ ርትዓዊ ናይ መንፈስ ቅዱስ ዕሽሽ ኢልካ፣ ነቲ ድያብሎስ ዝሃበካ ሓሳብ ብምስልሳል ኣባኻ ስፍራ እንተድኣ ሂብካዮ ግና፣ እቲ ሓሳብ ብናይ ተለዋውጦ መስርሓት ሓሊፉ ናብ ሓጢኣት ክምዕብል ግድን እዩ።

ሰባት ብተመሳሳሊ መንፈስ ደጊሞም ዝእሰሩ ብሓጢኣት ንድያብሎስ ስፍራ ስለ ዝህቡ እዩ። ሓጢኣት ንሰይጣን ስፍራ ክህቦ ኸሎ፣ ንመንፈስ ቅዱስ ከኣ ስፍራ ይኸልእ እዩ። ስለዚ እቲ ብሰሪ ሓጢኣት ስፍራ ዝስእን መንፈስ ቅዱስ ክጉሂ ኸኣ ግድን ይኸውን። "የሱስ ክርስቶስ ስለምንታይ እዩ

ንማሕበር ሎዲቅያ ብደገ ኮይኑ ኳሕኳሕ ዘብላ ነይሩ?" እንተድኣ ኢልና፣ ዘአተወቶ ካልእ ስለ ዝነበረ እዩ። ብውሽጢ ኮይኑ፡ "ሽጉጥዮ!" ኣይኮነን ዝብላ ነይሩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ውን ሓጢኣት ንድያብሎስ ስፍራ ክህቦ እንከሎ፣ ንመንፈስ ቅዱስ ግን ኣጉህዩ ከም ዘውጽኦ ምስ ገለጸ እዩ፣ ንሰብ ኤፌሶን፡ "ኣይትስረቑ:... ዘይጠቅም ዘረባ ኣይትዛረቡ፡ ... ክፍኣት ዘበለካባኻትኩም ይርሓቕ:... ንሓድሕድኩም ተላዋህትን ተደናገጽትን ኰንኩም ይቕረ ተብሃሃሉ።" እናበለ ዝምዓዶም (ኤፌ4፡17-32)። እዚ ምዕዶ ንመለበሚና እዩ ተጻሒፉ። ስለዚ ከምቲ ጎይታ ዝበለና ብእንሰምዖ ዘበለ ጥንቁቓት ንኹን።

ሕቶ- ሓሳብ ናብ ሓጢኣት ንኽምዕብል ዝሓልፎ ናይ ተለዋውጦ መስርሓት ከመይ ይመስል?

መልሲ - ሓሳብ ከም እንቋቑሖ እዩ። ብመስርሕ ከኣ ናብ ሓጢኣት ይቕየር። እዚ ልክዕ ከምቲ እንቋቑሖ - ላርቫ - ፑፓ - እኹል ዝዓይነቱ ዑደት ህይወት ናይ ጣንጡ ዝመስል እዩ፡ ብመሰረት ኣብ ኤፌ 4፡ 17-27 ዘሎ ሓሳብ፣ ሓደ ኣማኒ ነቲ ሰይጣን ዝሃቦ ከንቱ ሓሳብ እንተድኣ ተቐቢልዎ፣ ልቢ እቲ ኣማኒ ንናይ እግዝኣብሄር ነገር ይተርር (ብኣንጻሩ ኸኣ ንናይ ሰይጣን ነገር ልምሉም ይኸውን)፣ ንናይ እግዚኣብሄር ነገር ዝተረረ ልቢ ንናይ እግዚኣብሄር ፍልጠት ይድንቁር።

እቲ ካብ ብርሃን ኣምላኽ ርሒቑ ዝደንቆረ ሰብ ኣእምርኡ ይጽልምት፣ ኣእምርኡ ዝጸልመተ ሰብ ንናይ እግዚኣብሄር ነገር ድንዙዝ (ነቲ ናይ ሰይጣን ነገር ግና ንጡፍ) ይኸውን፣ ድሕሪ ምድንዛዝ ስስዐ ይሰዕብ፡ ድሕሪ ስስዐ ኸኣ ርኽሰት ይኽተል። ድሕሪኡ ናብ ዕብዳን ምልቃቕ ይኸውን። በዚ መስርሕ ዝሓለፈ ሰብ ድማ፣ ካብ እግዚኣብሄር ስለ ዝፍለ፣ መንፈሳዊ ሞት ይመውት።

እምበኣርከስ ሓጢኣት ከም ማይብሑቕ እዩ። ቀስ ብቐስ እዩ ካብ ደረጃ ናብ ደረጃ ዝኸይድ። ነታ ንእሽቶ ሓሳብ ኣብ መጀመርትኣ ብዙሕ ግምት ኣይንህባን ንኸውን። ንሰይጣን መርገጺ ክትኮኖ ግን እኽልቲ እያ። ሓንሳብ ብእኣ ኣብ ህይወትካ መርገጺ እንተድኣ ረኺቡ፣ ናይ ነዊሕ እዋን መደብ ሓንጺጹ እዩ ዝሰርሕ። ብእኣ ኣትዩ ድሓን ኣለኹ እናበልካ በብቕሩብ ካብ ህይወት ዘልኣለም ክፈልየካ ይዓዪ። እዚ ኸኣ ከምቲ፡ "ንጣብ ማይ ኣብ ዓመት ከውሒ ትጨድድ" ዝብል ምስላ እዩ። ስለዚ ሰይጣን ዝሃበና ከንቱ ሓሳብ ከነሰላስል የብልናን።

ሕቶ- ስለዚ ካብ ማእሰርቲ ዝተናገፈ ሰብ ንሓዋሩ ነጻ ክኸውን ክገብሮ ዘለዎ ጥንቃቐታት እንታይን እንታይን እዩ?

መልሲ- ዝተናገፈ ሰብ ሓርነቱ እናስተማቐረ ኣብ ምድሪ ክነብር እንተኾይኑ ክገብሮ ዘለዎ ጥንቃቐታት ኣሎ። የሱስ ክርስቶስ መርኣያና (ሞዴልና) ስለ ዝኾነ ናቱ ኣብነታት ኢና ክንክተል ዝግብኣና። ንሱ ዝገበሮ ጥንቃቐታት እዩ ክንክተል ዘለና። ንኣብነት ጎይታ ኣብ ዮሃ14፡30 "ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ይመጽእ ኣሎ። ኣባይ ሓንቲ እኳ የብሉን።" ዝበሎ። ኣብ ኣምፕሊፋይድ (amplified) እንተድኣ ርኢናዮ፣ ነታ "ኣባይ ሓንቲ እኳ የብሉን" ትብል ቃል፣ "ምሳይ ናይ ሓባር ሮቓሒ የብሉን" ብትብል ቃል እዩ ኣቐሚጥዋ ዘሎ። ቀጺሉ ኸኣ፡ "ንዕኡ ዝምልከት ወይ ናቱ ዝኾነ ነገር ኣባይ የሎን" ይብል። ኣብ መወዳእታ ኸኣ፡ "ኣባይ ስልጣን የብሉን" ኢሉ ይድምድም።

ኣጋንንቲ ውን እንተኾኑ ጎይታ ከውጽኦም ከሎ፡ "ምሳኻ እንታይ ኣሎና!" እዮም ዝብልዎ ነይሮም። እዚ ማለት፣ "ንስኻ ናትና ነገር ስለ ዘይብልካ ምሳኻ ናይ ሓባር ሮቓሒ የብልናን" ንምባል እዮም (ማቴ8፡ 29, ሉቃ4፡34)።

"ስለምንታይ እዩ ሰይጣን ኣብ የሱስ ክርስቶስ ስልጣን ዘይነበሮ?" እንተድኣ ኢልና፣ ናይ ሰይጣን ንብረት ማለት ሓሶት፡ ጽልኢ፡ ቂምታ ወዘተ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ስለ ዘይነበረ እዩ። ንየሱስ ምስ ሰማይ ሓደ ዝገብሮ ናይ ሓባር ሮቓሒ ማለት ፍቕሪ፡ ሓቂ፡ ምሕረት፡ ድንጋጸ እዩ ነይርዎ።

እምብኣርከስ፣ ኣጋንንቲ ምስኣም ሓደ ዝገብረካ ናይ ሓባር ሮቓሒ ኣብ ህይወትካ ክሳዕ ዘየሎ፣ ዋላ ሓንቲ ክገብሩኻ ኣይክእሉን እዮም። ስልጣን ከምዝህልዎም ዝገብር ንብረቶም እዩ። ብዙሕ ግዜ ሰይጣን፡ "ንብረት ኣሎኒ" ክብል ከሎ ቀይሕ ጨርቂ ወይ ቀጠልያ ጨርቂ እዩ ዝመስለና። ወይ ኣጎዛ ወይ ፍንጃል ወይ ድማ መቦኮርያ ኢና ንፈልጥ።

እቲ ኣብ ልቢ ዝተቐመጠ ጽልኢ፣ እቲ ዝዓበየ ጀበንኡ ምዃኑ ግን ኣይንፈልጥን ኢና። ካብቲ ቀይሕ ጨርቂ ንላዕሊ ኣብ ልቢ ዝተቐመጠ ሕሜት ክህሉ ይኽእል እዩ። ነገራዊ ንብረት የብሉን ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ኣብ ግብሪሃዋርያት ዝተቓጸለ ንብረት ናይ ድያብሎስ ከም ዝነበረ ተገሊጹ ኣሎ (ግሃ19፡19)። ብሓፈሻኡ ግን ሰይጣን ብሉጽ ንብረት ዝብሎ ወድ ሰብ ድማ ዝርዓመሉ ምስ ባህሩ ዝተተሓሓዘ እዩ። ባህሪ ዝተኣኻኸበ ሓሳብ፡ ስምዒት፡ ፍቓድ ዝወለዶ ዝግሃድ ህይወት እዩ። ብምልምማድ እዩ ባህሪ ዝኸውን። ባህሪ ምኽንያት ምድያብን ምውራድን እዩ። ኣብ ባህሩ ዝተዓወተ ሰብ ኣብ ህይወቱን ኣብ ኣገልግሎቱን ዕዉት እዩ።

ስለዚ ድማ እዩ ኣምላኽና ተማቐልቲ ኣምላኻዊ ባህሪ ኴንና፣ ዕዉት ሂወት ክንነብርን ዕዉት ኣገልግሎት ከነገልግል ኢሉ መንፈሱ ዝሃበና።

ሕቶ- ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ መንፈሳዊ ንጥፈታት እዮም ኣጋንንቲ ዝግለጹ?

መልሲ - ኣነ ክስተውዕሎ ከለኹ ፎርሙላ የብሉን። መብዛሕቲኡ ግዜ ከተምልኽ ከለኻ ካብቲ ሽዑ ዝግለጽ ክብሪ ኣምላኽ ዝተላዕለ፣ ነቲ ክብሪ ክጻወርዎ ስለ ዘኽብዶም፣ ኣጋንንቲ ይግለጹ እዮም። ኣብ ገለ እዋናት ድማ ሓዋ ዝኾነ ቃል ኣምላኽ ብሓይሊ ክስበኽ ከሎ፣ ካብቲ ኣብቲ ቃል ዘሎ ክብሪ ኣምላኽ ዝተላዕለ ይግለጹ እዮም። ገለ ገለ ግዜታት ድማ ኣብ ምግናሕ ክትኣቱ ከለኻ፣ ካብቲ ኣብ ስም የሱስ ዘሎ ክብሪ ዝተላዕለ ይግለጹ እዮም። ወይ ካብ ክብሪ እቲ ኣባኻ ዘሎ እናዛረ ጽቡቕ ዝገበረ የሱስ ብዓል ናዝሬት ዝተላዕለ (ንስኻ ምንም ከይገበርካ ኣብኡ ብምህላውካ ጥራይ) ክግለጹ ይኽእሉ እዮም።

ካብዚ ፍልይ ዝበለ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ኸኣ ኣጋንንቲ ብዕላማ ርእሶም ዝገልጹሉ እዋናት ኣሎ። እዚ ዝገብሩ ንኹሉ ንሽዑ ሰሪዕካዮ ዝነበርካ መደባት ጠንጢንካ ናብ ምንጋፍ ክትኣቱ እሞ፣ እቲ ንሽዑ ዝተሓሰበ በረኸት ከምዘይግለጽ ንምግባር እዩ።

ኣብዚ ናይ ምልላይ መናፍስቲ ውህበት የድልየካ፣ ተዘይኮይኑ ንስኻ ምስኦም ሕጊግ ትብል፣ ንሶም ከኣ ነቲ ሰዓታት ተጻዊሮም ሰዓታት ክጸንሑ ይኽእሉ፣ ኣብ መጨረሽታ ውን ተውጽኦ ትኸውን። እዚ ረብሓ እዩ ግን ከኣ ካብኡ ዝዓቢ ናይ ሓፋሽ ረብሓ ተሰናኺሉ ኣሎ።

ስለዚ ካብ ከምዚ ሽርሒታት ንምድሓን ንምንጋፍ ዝኸውን ግዜ ክትፈሊ ኣለካ፣ ዝተገለጸ ጋኔን ይገለጽ ክሳብ ግዚኡ ኣብ ሓደ ኩርናዕ ኣጸጊዕካ፣ እቲ ስሩዕ መንፈሳዊ መደባትካ ክትቅጽል ኣሎኻ። ስሩዕ መደብካ እናቀጸልካ፣ እቲ ዝተገለጸ መንፈስ ኣብ ስብከት ቃል ኣምላኽ ክወጽእ ይኽእል፣ ወይ ኣብ ኣምልኾ ክለቅቕ ይኽእል፣ እንተዘይኮይኑ ኸኣ ኣብ ግዚኡ ክትግስጽ ምስ ጀመርካ ይለቅቕ።

እዚ ብኣጋንንቲ ንዛእ ርእስኻ ብምግላጽ ዝግበር ስራሕ ግን ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም።






## ልሳንካ ክትፍውስ ትደሊ'ዶ ?

እግዚኣብሄር ንሰብ ክፈጥሮ ከሎ፣ ካብ ክሳዱ ንላዕሊ ክልተ ኣዒንቲ፡ ክልተ ኣፍንጫ፡ ክልተ እዝኒ፡ ሓደ ኣፍ ጌሩ ፈጢሮ። እዚ ድምሩ ሸውዓተ ይኸውን። ኣብ ቃል ኣምላኽ፡ ሸውዓተ ምልኣት ከም ዘመልክት፡ ኣፈጣጥራና ከኣ ምሉእ ምዃኑ የርእየና። ምናልባት እግዚኣብሄር ንኣፍና ሓንቲ ጌሩ ዝፈጠራ ምኽንያት፡ ክልተ ሳዕ ክንሰምዕ፡ ሓንሳብ ክንዛረብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እዛ ሓንቲ ክንሳ ንብዙሓት ነገር ንጥቀመላ ኣፍ፣ ኣብ ውሽጣ ልሳን (መልሓስ) ኣለዋ። ካብ ኩሉ ክፋል ኣካላትና መልሓስና ንኣዝዩ ብዙሕ ሽግራት ስለ እተቃልዓና፣ ምስ ባህርያትና ኸኣ ቀጥታዊ ዝኾነ ርክብ ስለ ዘለዋን፣ ብቓል ኣምላኽ መሰረት ሽግር መፍትሒ ሕማም ልሳን ክንርኢ ኣገዳሲ እዩ። ቅድሚ ትንታነ ልሳን ምእታውና ግና፣ ኣድላይነት ልሳን ኣብ መንፈሳዊ ህይወትና ክንርኢ ጽቡቕ እዩ።

ልሳን (መልሓስ) ናይ ሞትን ህይወትን ስልጣን ከምዘለዋ ኣብ ምሳሌ 18፡ 21 ተጻሒፉ ንረኽቦ። ከምኡ ውን ኣብ መዝሙር ዳዊት 34፡11-13 ፍርሃት እግዚኣብሄር ክንምሃር፡ ህይወት ክንረክብ፡ ጽቡቕ ምዓልትታት ክንርኢ እንተኾይንና፣ መልሓስና ካብ እከይ ክናፍርና ውን ካብ ምዝራብ ጥልመት ክሕሎ ከምዘለዎ ይነግረና። ሃዋርያ ያእቆብ ነዚ ብምርዳእ ኣብ ያዕ3፡3-8 ብዛዕባ ኣገዳስነት ልሳን ክጽሕፍ ከሎ፣ በርባዕተ ኩነታት ጠቒስዎ ኣሎ።

1ይ - ልጓም ፈረስ- ፈረስ ሓያል እንስሳ ክነሱ፣ በቲ ኣብ ኣፍ ዝግበር ልጓም ይቕየድ። ከምኡ ከኣ ሰብ በታ ኣብ ኣፍ ዘላ መልሓስ ክቕየድ ከምዝኽእል ምርዳእ።

2ይ - ስካን መርከብ- መራኽብ ኣዝየን ዓበይቲ ክነሰን፣ ብንእሽቶ ልሳን ይቕንዓ። ሰብ ከኣ ከምኡ ብመልሓስ ክቕንዕ (ክምራሕ) ከም ዝኽእል ንመሃር።

3ይ - ንእሽቶ ሓዊ ኣብ ዱር- ከምቲ ንእሽቶ ሓዊ ንብዙሉ ዱር ከተንድዶ ትኽእል፣ ልሳን ከኣ ከምኡ ኣብ ኣካላትና ንእሽቶ ክነሳ፣ ዓቢ ስራሕ ከም እትሰርሕ ንርዳእ።

4ይ - ዝቐትልን ሕንዚ ዝመልኣትን- ኣዝዩ ውሑድ መርዚ ንምሉእ ኣካላት ከም ዝቐትል፣ ልሳን ከኣ ዝቐትል ሕንዚ ዝመልኣት ተባሂላ ኣላ። ጎይታና የሱስ ብክርስቶስ ኣብ ምንጎ ኣፍን ልብን ዘሎ ቀጥታዊ ርክብ፣ ከም ኦምን ፍሪኡን ጌሩ መሲልዎ ኣሎ (ማቴ12፡33-37)። ኣብኡ ኣፍ ምልኣት ልቢ ከም እትዛረብ ገሊጹ ኣሎ። ልብኻ ጽቡቕ እንተመሊኡ ጽቡቕ ከም እትዛረብ፣ ልብኻ ክፉእ እንተመሊኡ ከኣ ክፉእ ከም እትዛረብ ይነግረና። ስለዚ እቲ ክፍወስ ዘለዎ ሕማም ናይ ልሳን ቀጺልና ክንርኢ ኢና።

### ምፍዋስ ዘድልዮም ሕማማት ልሳን

1ይ - ልዕሊ ዓቐን ምዝራብ (ምልፍላፍ)
ብዙሕ ዘረባ (ለፍላፊ ምዃን) ሓደ ካብ ምልክታት ሕማም ልሳን ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ብዙሕ ዘረባ ብዙሕ ሓጢኣት ከም ዘሎ፣ ብዙሕ ዘረባ ኸኣ ናይ ሰነፍ (ዓሻ) ሰብ ምልክት ምዃኑ ቃል ኣምላኽ ይነግረና (ምሳሌ 10፡19, መክ 5፡2-5)።

2ይ - ዘይጠቅም ዘረባ
እዚ ሕማም እዚ ኣብ ኤፌ 4፡29-30 ዘይጠቅም ዘረባ ተባሂሉ፣ ኣብ ኤፌ 5፡ 4 ዜሕፍር ወይስ ዘረባ ዕሽነት ወይስ ዘይግባእ ዋዛ ካብ ኣፍና ከነውጽእ ከም ዘይብልና ተጻሒፉ ኣሎ።

3ይ - ሕሜት
እዛ ሕማም እዚኣ ኣብ ዘይኣመንቲ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ክርስትያናት ውን ተላቢዓ ዘላ ኣሸጋሪት ሕማም እያ። ኣብ ምሳሌ 26፡22 "ዘረባ ሓማዪ ከም ጥዑም ኵሉሶ እዩ።" ተባሂሉ ኣሎ።
ምናልባት ሕሜት ንብዙሓት ሰባት ጥዑም ክጥዕም ይኽእል እዩ። እቲ ዝዓበየ ሕማም ልሳን ክፍወስ ዘለዎ ግና ንሱ እዩ።
ድያብሎስ ማለት ብቛንቋ ግሪኽ ሓማዪ ማለት እዩ። ስለዚ እቲ ዝሓሚ ካብ ድያብሎስ እዩ። ሕሜት ጥዑም መርዚ እዩ።

4ይ - ሓሶት
ኣብ ምሳሌ 6፡16-19 እግዚኣብሄር ዝጸልኣን ሸውዓተ ነገራት ተዘርዚረን ኣለዋ። ካብዚኣተን ሰለስተ ምስ ሓሶት ዝተዛመዳ እየን። ኣብ ዮሃ 8፡44 ሰይጣን ኣቦ ሓሶት ሙኻኑ ተጻሒፉ ኣሎ። ስለዚ እቲ ዝሕሱ ኣገልጋሊ ሰይጣን እዩ።

5ይ - ቃል ጥበራ
ልብኻ ክፍኣት መሊኡ ኸሎ ንብጻይካ ቃል ጥበራ ምዝራብ፣ ካብቲ እግዚኣብሄር ኣዝዩ ዝፍንፍኖ ህይወት እዩ (መዝ 12፡2-4, ምሳ29፡5)። እዚ ኸኣ ክፍወስ ዘለዎ ሓደገኛ ሕማም ልሳን እዩ።

6ይ - ሕማም
ኣብ መወዳእታ ዝኾነ ካብ ልቢ ዝፍልፍል፣ ካብ ኣፍ ዝወጽእ ቃል ጸርፊ፡ ቅንኢ፡ ትዕቢት፡ ሻራ፡ ባእሲ፡ ጽልኢ፡ ምፍልላይ፡ ዝርግርግ፡ መርዚ ዝኾነ ሕማም ልሳን እዩ። እዚኣን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ሕማም ልሳን መሰረት ካብ ውሽጢ ስለ ዝኾና፡ ንሰብ ከኣ ኣዝየን ስለዘርክስኦ ከይዓበያ ከለዋ ክፍወሳ ብይግባእ (ማር7፡20-22, ገላ5፡19-21)።




### ፈውሲ ንምርካብ እንወስዶ ስጉምትታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1ይ-ስጉምቲ - ነዚ ሕማም ልሳን ሓጢኣት ምዃኑ ተቐበሎ። ንሕማምካ በቲ ቅኑዕ ስሙ ጸውዓዮ። ሕማምካ ሓጢኣት ሙዃኑ ተኣመን። እቲ ሽግር ካብ ልቢ ስለዝኾነ ሓጢኣትካ ካብ ልብኻ ተኣመን።

2ይ- ስጉምቲ - ነቲ ዝተኣመንካሉ ሓጢኣት ብርትዒ (ካብ ልቢ) ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተናዘዞ።

3ይ-ስጉምቲ - ምሕረት ኣምላኽ ብእምነት ብደም ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ሓጢኣትካ ምስ ተሓጸበ፣ እንደገና ናብ ሓጢኣት ክትምለስ ዘይኮነስ መንፈስ ቅዱስ ተመሊእካ ካብ ሓጢኣት ክትፍለ፣ ንሓጢኣት እምቢ ኢልካ፣ ርእስኻ ብምልኣት ንእግዚኣብሄር ምግዛእ የድሊ።

ፈወሲ ዝረኸበ ወይ ልሳኑ ዝተፈወሰ ክርስትያን፣ ዘረብኡ ዝባርኽ ብጨው እተቓመመ ኩሉ ግዜ ብጸጋ እዩ። ካብ ልሳኑ ከኣ ንኽብሪ ኣምላኽ ዝውዕል ናይ በረኸት ቃል እንተዘይኮይኑ፣ ዘይጠቅም ዘረባ ካብ ኣፉ ኣይወጽእን እዩ።
ስለዚ ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን፣ ልሳንና ኣብ መንፈሳዊ መዓላ ንኽብሪ ኣምላኽ ከነዘንትወላ፡ ቃል ኣምላኽ ክንዘራረበላ፡ ክንምስክረላ፡ ክንጽልየላ፡ ክንዝምረላ፡ ንሰናይን ንመንፈሳዊ ነገራትን እያ ተፈጢራ። እምበር ንዘይጠቅምን ንስማዕቱ ዘይባርኽን ቃል ክነውጽኣላ ኣይኮነትን ዝተፈጠረት እሞ፣ ብዘረባና ኣዚና ጥንቒቓት ክንከውን ይግብኣና እዩ።

ምንጪ - መጽሄት እምነት 1ይ ዓመት 3ይ ሕታም ሰነ 1996

# ሰማያዊ ክብሪ ይሕሸና !

(ካብ መጽሓፍ ብየሱስ ዝተጸለሉ ዝተወሰደ ጽሑፍ)

ናይቶም ወትሃደራት ኣዛዚ፣ ኣብ ቅድሚ እቶም 40 ዝኾኑ ወትሃደራት ሮማ ብምቛም፣ “ሕጂ ንጣኦታትና (ናይሮማ) መስዋእቲ ክትስውኡ እእዝዘኩም ኣለኹ! ትእዛዘይ ምስ ዘይተኽብሩ ግን ብኣርብዓኹም ካብዚ ዘለኹሞ ልዑል ናይ ወትሃደራዊ ክብሪ መዓርግኩም ክትወርዱ ኢኹም!” ክብል ኣጠንቐቖም።

ብኣርብዓኦም እቶም ሰበስልጣን ወትሃደራት፣ ንዝኣምንዎ ጎይታ የሱስ ብምኽሓድ ንጣኦታት ሮማውያን ኣይንሰውእን፣ ብምባል ትእዛዙ ተግባራዊ ከምዘይገብርዎ ኣፍለጡ።

ብምፍርርሆምን ብቑጥዐን ዘይሰለጠሉ ኣዛዚ ድማ፣ ንወትሃደራቱ ብሓይሊ ንጣኦታት ክሰውኡ ካብ ምግባሮም፣ ብፍቕርን ዝተፈላለየ ህያባት ብምሃብን ክድልሎም ፈተነ። ነቶም ወትሃደራት ድማ፣ ብዙሕ ሃብትን ጸጋን ከምኡ ውን ተወሳኺ ስልጣንን ማዕርግን ብምሃብ፣ ከረድኦም ጀመረ።

ድሕሪ ብዙሕ ክትዕ፣ ሓደ ካብቶም ወትሃደራት ኮሚድዮስ፡ “ናትካ ክብርን ማዕርግን፣ ከምኡውን ምድራዊ ሃብቲ፣ ሎሚ ተራእዩ ጽባሕ ዝጠፍእ እዩ። ንዓና ካብ ሓቐኛ ንጉስ ፈሊኻ፣ ፈተውቲ ናይ ሮማ ንጉስ ክትገብረና ኣይትሕሰብ። ንሕና ንደልዮ ህያብ ናይ ጽድቂ ኣኽሊል፣ ንናፍቖ ሰማያዊ ክብርን መንግስትን እዩ!” ኢሉ ንኣዛዚኡ መለሰሉ።

እቲ እዛዚ ድማ፣ እቶም ወትሃደራት ብፍቕሪ ወይውን ብሓይሊ ብምግዳድ ንጣኦታት ክሰውኡ ክገብሮም ስለ ዘይከኣለ ብምብስጫው፣ ኩሎም በብቑሩብ እናተሰቐዩ ዝሞቱሉ ሜላ ክውጥን ጀመረ።

ኣብ መጨረሽታ ድማ እቶም ወትሃደራት ብኣርብዓኦም ጥራይ ነብሶም ብሙኺን፣ ኣብ ውሽጢ በረድ ክሳዕ ክሳዶም ተቐቢሮም ብኣሰሓይታ ክሞቱ ማይ በረድ ኣዳለዉ።

ነቶም ወትሃደራት ብዝበለጸ ንምፍታን ድማ፣ ኣብጥቓ ናይ በረድ ቀላይ፣ ደስ ዘብል ዝሞቐ ማይ ዘለዎ ካልእ ባኞ ብምድላው፣ ሓሳቡ ንዝቕይር ንዝኾነ ወትሃደር፣ ናብቲ ብሃፍኣዊ ሙቐት ዝሞቐ ባኞ ከምዝቕየር ኣፍለጠ።

ብኣርብዖኦም እቶም ክርስትያን ወትሃደራት፣ ክዳውንቶም ኣውጺኦም ናብቲ ቆራሪ በረድ ናይቲ ቀላይ ገምገም ክሳብ ክሳዶም እንክኣትዉ፣ ብማዕዶ ድማ ምዉቕ ዝኾነ ሃፍኣዊ ባኞ ይርኣዮም ነበረ።

እቲ ቁሪ ክንገር ክሳዕ ዘይክኣል ሓያል ነበረ። ድሕሪ ገለ ስዓታት፣ ካብቶም 40 ወትሃደራት ሓደ ምልክት ብምርኣይ እምነቱ ከም ዝኽሓደ ኣፍሊጡ ናብቲ ምቑት ዘለዎ ባኞ ኣተወ።

ኣብቲ ስፍራ ናይቶም ክርስትያን ወትሃደራት ዝነብረ ሓደ ካልእ ሓላዊ ወትሃደር፣ ናይቶም ክርስትያን ወትሃደራት እምነትን ጽንዓትን ርእዩ፣ ልቡ ተተንከፈ።

እቲ (ክሳብ ሽዑ ክርስትያን ዘይነበረ) ሓላዊ፣ ናይቲ ወትሃደር ክሕደት ምስ ርኣየ፣ ካብ ማእከል ኣዕርኽቱ ብምውጻእ፡ “ኣነ ክርስትያን ኮይነ ኣለኹ! ክርስትያን እየ!” ኢሉ ብምጭዳር፣ ክዳውንቱ ኣውጺኡ፣ ጎይዩ ናብታ ስፍራ ናይቲ ንጎይታ ዝኽሓደ ወትሃደር ኣተወ።




ጽንዓት ናይቶም (ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወቶም ክፍጸም) ዝጨከኑ 39 ክርስትያን ወትሃደራት፣ ንእምነት ናይቲ ሓላዊ ወትሃደር ቀየሮ። እቲ መከርኦም ድማ ንኻልኦት ንምጽዋዕ ተጠቕመሉ! ዘደንቕ ከኣ እዩ!

ሎሚ ንኣኻትኩም ሕንቅልሕንቅሊተይ ዝኾነን ዝኸበደን ናይ ህይወት ፈተና ንኽንደይ ንምድሓን ጠቓሚ እናኾነ ይህሉ ይኸውን!

“የሱስ ድማ መሊሱ በሎም፡ ‘ወዲ ሰብ ክኽብር ግዚኡ በጺሓ እያ። ፍረ ስርናይ ናብ ምድሪ እንተዘይወደቀትን ዘይሞተትን፣ በይና እያ ትነብር። እንተሞተት ግና፣ ብዙሕ ፍረ ከምእትፈሪ ብሓቂ! ብሓቂ! እብለኩም ኣለኹ። ንህይወቱ ዝፈትዋ ከጥፍኣ እዩ።

እቲ ንህይወቱ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዝጸልኣ ግና ንዘልኣለም ህይወት ክሕልዋ እዩ። ዘገልግለኒ እንተሎስ፣ ንኣይ ይስዓበኒ። እቲ ዘገልግለኒ ድማ፣ ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ ኣብኡ ክኸውን እዩ። ዜገልግለኒ እንተሎ፣ ንእኡ ዉን ኣቦይ ኬኽብሮ እዩ።” - ዮሃ12፡23-26።

“ብመከራ ዝሓልፉ ጻድቃን፣ ህያዋን ፍረታት እዮም”። ቻርልስ ስፐርጂን (ናይ 19 ክፍለ ዘመን ናይ ስነ-መለኮት ሊቕ)



# ዓምዲ - ነፍሰየ !

**ዓምዲ ነፍሰየ፡ ከምቲ ዳዊት ኣብ መዝ42፥11, 43፥5 ምስ ነፍሱ ዝተዘራረበ፡ ሓደ ናይ ኣምላኽ ሰብ ብዝተፈላለየ ኣርእስትታት (ቃል ኣምላኻዊ ዛዕባታት) ምስ ነፍሱ ዝገበሮም ዝርርባት እተቐርበልና ተኸታታሊት ዓምዲ እያ።**

## ዝተገብረልኪ ሰናይ ኣይትረስዒ

ምድሪ ክትፍጠር እንከላ ብዘይ ዝኾነ ኣበር ከም ዝተፈጥረት ነፍሲወከፍ ሰብ ዝርድኦ ሓቂ እዩ። ኣምላኽ ንኣዳምን ሄዋንን ኣብ ኤደን ገነት ከንብሮም እንከሎ ውን ብዘይ ዝኾነ ኣበር እዩ ኣቐምዎም። ነገር ግን በቲ ካብ ትእዛዝ ኣምላኽ ወጺኦም ባዕሎም ዝወሰድዎ ውሳነ፣ ንርእሶም ጥራይ ዘይኮነ፣ ንብዘሎ ነባሪ ዓለም ውን ሓጢኣተኛ ገይሮምዎ እዮም።

ነፍሰየ! "እዚ ደኣ ካብ ቀደም ኣትሒዘ ተማሂረዮ እንድየ፣ ካልእ ሓድሽ ምግላጽ ኣካፍለኒ!" ኣይትበልኒ። እዚ ሎሚ ዘዕልለኪ፣ እቲ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰባት ዝዓበየ ምግላጽ እዩ። ጥራይ ልብኺ ከፊትኪ ስምዕኒ።

ዎ... ነፍሰይ! ከምዚ ኣቐዲመ ዝጀመርክዎ ዕላል፣ ኣዳምን ሄዋንን ሓጢኣት ድሕሪ ምግባሮም፣ ፍጥረት ደቂ ሰባት መልክዑ ቀይሩ፣ ሓጢኣት ናታቶም ጥራይ ከይኣክል፣ ብድሕሪኦም ዘዝተወልደ ሰብ ድማ ካብቲ ንሳቶም ዝገበርዎ ሓጢኣት ንላዕሊ እናገበረ፣ ኣንጻር ፍቓድ ኣምላኽ ተላዕሉ። በቃ ኩላ ዓለም ብሓጢኣተኛታት መሊኣ።

እዚ ይኹን እምበር ከም በዓል ዳዊት፡ ኣብራሃም፡ ዮሴፍ፡ ዝመሰሉ ናይ ኣምላኽ ሰባት ግና ኣብ ዘመኖም ንኣምላኽ ኣኽቢሮም ዝሓለፉ ሰባት ነይሮም እዮም። ግናኸ፣ እዚኣቶም ፈራህቲ ኣምላኽን ኣመንቲ ኣምላኽን እኳ እንተነበሩ፣ ግናኸ ብምኽንያት ኣዳማዊ ሓጢኣት (ሓጢኣት ናብ ኩሉ ሰብ ስለ ዝሓለፈ)፣ ዋላ'ኳ ደጋጊሞም ሓጢኣት ኣይግበሩ፣ ካብ ኣዳም ስለ ዝተወልዱ፣ በቲ ኣዳም ዝገበሮ ሓጢኣት ወረስቲ ሓጢኣት ኮይኖም እዮም። ነፍሰየ! ንኣዳምን ሄዋንን፡ "ሓጢኣት ምስገበርኩም እንታይ ፍሉይ ነገር ኣጋጢሙ?" እንተትብልዮም፣ ርግጸኛ እየ፣ መጀመርታ መንፈሳዊ ሞት ኣብ ህይወቶም ከም ዝተሰምዖም ምሓበሩኺ።

እወ እቲ ምስ እግዚኣብሄር እናተዘራረቡ ብሰላም ዘሕልፍዎ ዝነበሩ ግዝያት እናዘከሩ፣ ሓጢኣት ናብ ዓሙቕ ዓዘቕቲ መርገም፡ ጭንቀትን መቕጻዕትን ከም ዝሸመሞም ምነገሩኺ ነይሮም። ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ንሓጢኣት ከይቀጽዐ ኣይሓድጎን እዩ። እምበኣር ነፍሰየ፣ ከምቲ ውሉድ ናይ ስድራቤቱ ንብረት ንሃብትን ዝወርስ፣ እቲ ንኣዳም ዝበጽሖ ነገር ድማ ንደቂ ኣዳም ውሉድ ኣዳም ስለ ዝኾኑ፣ እቲ መርገም ኣዳም፡ እቲ ሕፍረት ኣዳምን መንፈሳዊ ሞትን፡ ናብ ኩሎም ደቂ ሰባት ሓሊፉ እዩ።

ንኹሎም ካብ ከርሲ ኣዳም ዝወጹ ውን ስዒብዎም እዩ። እዚ ኸኣ ከምቲ ባርያ እግዚኣብሄር ዝበሎ፣ ሓጢኣቶም ኣብ መንጎኦምን ኣብመንጎ ኣምላኽን ኮይኑ ዝፈላልዮም ዘሎ።ክንደይ ዘሕዝን ዜና! ኩሉ ግዜ ንደቂ ሰባት ኣብዛ ምድሪ ኣብ ዘለውሉ ግዜ፣ ይረድኣዮም ኣይረድኣዮም፣ ሓጢኣት፡- ብዙሕ መርገም፡ ጭንቀት፡ ነብሰ ምትሓት፡ ኩነኔን መቕጻዕትን እዩ ዘምጽኣሎም።

ብዘይክኡ ድማ ከምቲ ኣምላኽ ምስ ሓጢኣት ዋላ ሓንቲ ርክብ ዘይብሉ፣ ማለት "ኩሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽ ከኣ ስኢኖም" ከም ዝብል፣ ሓጢኣት ንዝገበረት ነፍሲ ምስ እግዚኣብሄር ዕርቂ ክህልዋ ወይ ውን ናይ እግዚኣብሄር ክብሪ ክግለጸላ ኣይክእልን እዩ።

እቲ ቀንዲ ውጽኢት ሓጢኣት ዝኾነ ነገር ግና ሞት እዩ። እወ ነፍሰየ! ከምቲ ኣዳም ሓጢኣት ምስ ገበረ መንፈሳዊ ሞት ዘጋጠሞ፣ ከምኡ ድማ ነፍሲወከፍ ሓጢኣት ዘለዋ ነፍሲ ሞት እዩ ዝስዕባ። እዚ ሞት ድማ ዘልኣለማዊ እዩ።
እምበኣር ነፍሰየ፣ እግዚኣብሄር ለዋህ ከም ምዃኑ መጠን፣ ንደቂ ሰባት ንጥፍኣት እናተጓዕዙ ስቕ ኢሉ ክርእዮም ስለ ዘይፈተወ፣ ሓደ ሕጊ እዩ ኣምጺኡ። እግዚኣብሄር ንደቂ ሰባት፣ ብግብሮም እንተ ጸደቑ ኢሉ ሕጊ ሓጊግሎም።ነቲ ሕጊ ዝገበረ ድማ፣ "ጻድቕ ሰብ" ተባሂሉ ብዘይ ዝኾነ ውልውል ናይ ዘልኣለም ህይወት ክወርስ ይኽእል። ግናኸ ነፍሰየ፣ ካብቶም ኣብ ዘመናት መመላእታ ዝተፈጥሩ ኩሎም ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ደቂ ሰባት፣ ብገዛእ ሓይሉ ንሕጊ ፈጺሙ ክጻድቕ ዝኸኣለ ዋላ ሓደ፣ እወ ሓደ ውን ይኹን ሰብ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፣ ሓጢኣት ደቂ ሰባት ኣብ ምድሪ እናወሰኸ ስለ ዝኸደ፣ እግዚኣብሄር ድማ ንሓጢኣት ከይቀጽዐ ስለዘይሓድግ፣ መጀመርያ ነቶም ብዘመን ኖህ ዝነበሩ፡ ቀጺሉ ንሰዶምን ጎመራን፡ ከምኡ ውን ንህዝቢ እስራኤል፣ ብምኽንያት ሓጢኣቶም ዝተፈላለየ መቕጻዕቲ ኣውሪድሎም እዩ።
ኣቲ ነፍሰየ፣ ግደ ሓቂ ክንዛረብ ጽድቂ ብግብሪ እንተዝኸውን፣ እሞ ገለ ሰባት ብግብሮም ሓፈትፈት ኢሎም እንተዝጸድቁ ነይሮም፣ ነዛ ምድሪ ኣይትጽርኒ እናበሉ፡ ብግብሮም እናተመክሑ፡ ንሓጢኣተኛታት ድማ እናኾነኑ ምነበሩ ነይሮም። ግናኸ እግዚኣብሄር ክብሪ ንስሙ ይኹን! ዝሓይሸ ምሂዙ። ነቲ ንዘመናት ንደቂ ሰባት ሓይልዎም ዝጸንሐ ሓይሊ፣ ማለት ሓይሊ ሓጢኣት መውጽኢ ምሂዝሉ። ንሱ እቲ መውጽኢ ድማ የሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ንህዝቡ ካብ ሓጢኣቶም ዘድሕኖም ንጉስ እዩ።

ኣቲ ነፍሰየ ንእግዚኣብሄር ባርኺ፣ ነቲ እተገብረልኪ ሰናይ ከኣ ኣይትረስዒ። እቲ ዝተገብረልኪ ሰናይ እንታይ ምዃኑ ተረዲኡኪ 'ዶ ኣሎ? እወ እቲ ካብ ኣዳም ዝጀመረ ሓጢኣት፣ ድሕሪ ደጊም መደምደምታ ተገይርሉ እዩ። እቲ ዝምካሕ ብእግዚኣብሄር ጥራይ ምእንቲ ክምካሕ፣ ነፍሰየ ክትጸድቂ ኢልኪ ኣይትጽዓሪ፣ ከመይ ገይረ ካብ ሓጢኣተይ እናገፍ ኢልኪ ኣይትጨነቒ፣ ከመይ ገይረ ካብዚ ከቢድ መርገም ናይ ዓሌተይ ክወጽእ እየ ኢልኪ ኣይትሸገሪ። እወ ነፍሰየ በጃኺ ሃዲእኪ ስምዕኒ። ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዝተገብረልኪ ሰናይ ግብሪ ኣይትረስዒ።

የሱስ ነቲ ንስኺ ዝገብርክዮ ሓጢኣት ወሲዱ ኣብ መስቀል ሸንኪርዎ እዩ። ኣቲ ነፍሰየ፣ የሱስ እኮ እቲ ብምኽንያት ሓጢኣትኪ ክትቅጽዕዮ ዝግበኣኪ መቕጻዕቲ ወሲድዎ እዩ። ነፍሰየ ዝኾነ ዓይነት መርገም ይንበርኪ፣ ሕጂ ግና የሱስ ሓራ ምእንቲ ክትኮኒ ሓራ ኣውጺኡኪ እዩ። ኣቲ ነፍሰየ ንእግዚኣብሄር ባርኺ! ዝተገብረልኪ ሰናይ ከኣ ኣይትረስዒ! ከምቲ ብሓደ ኣዳም ናብ ዓለም ሓጢኣት ዝመጸ፣ ውጽኢት ሓጢኣት ድማ ጭንቀት፡ ስቓይ፡ ኩነኔን ናይ ዘልኣለም ሞትን ዝሰዓብ፣ ልክዕ ከምኡ ድማ የሱስ ንኹሉ ጽድቂ ፈጺሙ ካብ ምዉታን ምስ ተንስአ፣ ከምቲ እቶም ቀዳሞት ብግብሮም ዘይኮነ፣ ብምኽንያት ኣዳም ሓጢኣተኛታት ዝነበሩ፣ ከምኡ ድማ ነፍሰየ፣ ንስኺ ውን ብዝገበርክዮ ግብሪ ጽድቂ ዘይኮነስ፣ ብምኽንያት የሱስ ጻድቕ ምዃኑ ጥራይ፣ ንስኺ ጻድቕ ትኾኒ። ኣሜን! እምበኣር ነፍሰየ ንእግዚኣብሄር ባርኺ! ዝተገብረልኪ ኩሉ ሰናይ ከኣ ኣይትረስዒ! ንሱ ንኹሉ ኣበሳኺ ዝሓድገልኪ መድሓኒ እዩ።

# ዓምዲ ኣጣኒን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን



"ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኵላትኩም ይኹን። ኣሜን።" 2 ቆሮ 13:13

## ን መንፈስ ቕዱስ ምጽራፍ እንታይ ማለት እዩ?

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እግዝኣብሄር ን 2 ዓይነታት ሓጢኣት ጥራይ እዩ ምሕረት ከም ዘይገብር ተዛሪቡ። እታ ቐዳመይቲ ን መንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ፡ እታ ካልአይቲ ኸኣ ብመሰረት ኣብ ራኢ ዘሎ ቃል ማሕተም ናይቲ ኣራዊት ምቕባል እየን። ን ሎሚ ንመንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ ዝብል ኣርእስቲ ክንርኢ አና።

ኣብ ማቴ 12፡31-32 "ስለዚ ን ሰብ ኩሉ ጸርፍን ሓጢኣትን ዘበለ ይሕደገሉ፣ እቲ ን መንፈስ ቅዱስ ዝጸረፈ ግና ኣይሕደገሉን እዩ።" ይብለና።

ንኹሉ ሓጢኣት ምሕረት ክህልዎ እንከሎ፣ ግን ንምንታይ እዩ ን መንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ ምሕረት ዘይብሉ?

መንፈስ ቅዱስ ናቱ ፍልይ ዝበለ ባህርያት ኣለዎ። እዚ ማለት ካብ ኣቦ ወይ ወዲ ልዕል ዝበለ ወይ ትሕት ዝበለ ማለት ኣይኮነን -ማዕረ እዩ። ካብኦም ዝተፈለየ ባህርያት ግን ኣለዎ። ቓል ኣምላኽ፡ "ንመንፈስ ቅዱስ ኣይተጉህይዎ!" እዩ ዝብለና እምበር ን ዉሉድ ወይ ን ኣቦ ኣይኮነን ዝብልና።

ሓደ ካብቲ ፍልይ ዘብሎ ባህሪያቱ፣ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ፡ "ን ወዲ ሰብ ገለ ዘረባ ዘበለ ኪሒደገሉ፣ ነቲ ን መንፈስ ቅዱስ ገለ ዘረባ ዝበለ ግና፣ ኣብዛ ዓለም አዚኣ ኮነ ኣብታ ትመጽእ ኮነ ኣይሕደገሉን እዩ። እብለኩም ኣለኹ" ኢሉ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን ምስ ንርኢ፡ "ንሳቶም ግና ዓለው ን ቅዱስ መንፈሱ ከኣ ኣጉሃዩ፣ ስለዚ ጸላኢኦም ኮነ። ባዕሉ ተዋግኦም" ይብለና(ኢሳ63፥10)። ካብዛ ጥቕሲ ልዕል ኢልና ኣብ ፍቕዲ 8-9 ምስ እነንብብ፣ እቶም ህዝቢ ህዝቢ እግዚኣብሄር ከም ዝነበሩ፣ ን መንፈሱ ምስ ኣጉሀዩ ግን እግዚኣብሄር ጸላኢኦም ከም ዝኾነ ንርዳእ። እዛ ጥቕሲ ማዕረ ክንደይ ን መንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ ሓደገኛ ምዃኑ እያ ተርእየና።

ንመንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ ማለት፣ ብዘይ ናይ ዝኾነ ጸቕጢ ብድሌትካ እናተረድኣካ ንመንፈስ ቅዱስ ምኽሓድ፣ ወይ ከኣ፡ "ኣብ ሂወተይ ኣይተድልየንን ኢኻ ምባል ማለት እዩ (እብ 10፡26-30)።

ሎሚ ብዙሓት ክርስትያናት ብሰንኪ ግጉይ ርድኢት ናይዚ ቓል እዚ፣ ኣብ መፈንጠራ ጸላኢ ኣትዮም ኣለዉ። ገለ ውን ይኣትዉ ኣልዉ። ሰይጣን፡ "ንመንፈስ ቅዱስ ብዘይ ፍላጥ ጸሪፊካ ኢኻ" ወይ "ክሒድካ ኢኻ፣ ስለዚ ኣብታ ትመጽእ መንግስቲ ግደ የብልካን!" ኢሉ እናኸሰሰ ንኣመንቲ ካብ ቤት ኣምላኽ ኣኾብሊሉን የኾብልሎምን ኣሎ። ንኣብነት ሓንቲ መንእሰይ "ንመንፈስ ቅዱስ ጸሪፈዮ" ኢላ ተጨኒቓ ናብ ኣገልጋሊኣ ምስ ከደት፣ ዝተዘራረብዎ ዘረባ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ፡-

ኣገልጋሊ - "ተጨኒቕኪ ዲኺ?"
እታ መንእሰይ - "እወ"
ኣገልጋሊ - "ንመንፈስ ቅዱስ ጸሪፈዮ ኢልኪ ምጭናቕኪ፣ ሓደ ምልክት ንመንፈስ ቅዱስ ከም ዘይጸረፈክዮ እዩ። ምኽንያቱ ን መንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ፣ ብድሌትካ ንመንፈስ ቅዱስ ምኽሓድ ወይ ነቲ ዝገበረልካ ውዕለት ኣየድልየንን እዩ ምባል ማለት እዩ።"

መንእሰይ- "ኣብዚ ተሪፉ ዘሎ ሂወተይ ከመይ ገይረ ንመንፈስ ቅዱስ ከም ዘይጻረፎ የረጋግጽ?"
ኣገልጋሊ- "ክሳብ ክትጻርፊዮ ኢልኪ ዘይወሰንኪ ኣይትጻሪፍዮን ኢኺ።"

የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ፡ "ንመንፈስ ቅዱስ ዝጸረፈ ኣይሕደገሉን እዩ" ምባሉ፣ ኣብ ማቴ12፡30 ኣዝያ ኣገዳሲት ቃል ተዛሪቡ ኣሎ። "እቲ ምሳይ ዘይኮነ መቀናቕንተይ እዩ፣ እቲ ምሳይ ኮዩኑ ዘይእክብ ከኣ ይዘሩ።" ኢሉ ነይሩ። እዚ ማለት አንድሕር ን የሱሱ ክርስቶስ ትነብር ኣለኻ፣ ኣብ ፍቕዲ 31-32 ዘሎ መጠንቀቕታ ኣይምልከተካን እዩ።

ምኽንያቱ ምስ የሱስ ክትዓዩ ከለኻ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ስለ እትዓዪ ነቲ እትዓየሉ ዘለኻ መንፈስ ኣይትጻርፎን ኢኻ። የሱስ ብዛዕባ ምጽራፍ ንመንፈስ ቅዱስ ኪዛረብ ከሎ፣ ነቶም ምስኡ ዘይዓዩ ወይ ዘይ ሓብሩ (ግና ኸኣ ንስርሑ ምስ ኣጋንንቲ (ምስ ብኤል ዜቡል) እናተሓሓዙ ዝዛረቡ) ዝምልከት ከም ዝኾነ ኣነጺሪዎ እዩ (ማቴ12፡24-32)።

ንመንፈስ ቅዱስ ምጉሃይን ንመንፈስ ቅዱስ ምጽራፍን ክልተ በበይኖም ኣርእስትታት እዮም። ፍልልዮም ከኣ፣ ንመንፈስ ቅዱስ ምጉሃይ ሓጢኣት ምግባር እዩ።

ንመንፈስ ቕዱስ ምጽራፍ ማለት ግን፣ ንየሱስ፡ ንዕይኡን ነቲ ሓይሊ ንምግባር ዝተጠቐመሉ መንፈስ ቅዱስን ምስ ኣጋንንትን መናፍስቲ እከይን ምትሕሓዝ እዩ።

ስለዚ ንነፍስኻ፡ "ክርስቶስ ዝገበረለይ ውዕለት ተቐቢለዮ'ዶ? ካብ ኣምላኽ ድዩ?" ኢልካ ሕተታ። እቲ መልሲ "እወ" እንተኾይኑ፡ "ንመንፈስ ቅዱስ ኣይተጻረፍኩን! ንብድሕሪ ሕጂ ውን ኣይጻረፍን እየ።" በል።

# ኵርናዕ - ምኽርን ማዕዶን



## ካብ ካልኦት ዘብለጸካ መን ኢዩ?

ንሕና ነቲ ዝሞተልና እምበር ንርእስና ከይንነብር ነዚ ምርዳእ ከም መልህቕ ሒዝና ዝተገጣጠምና፣ ምግናን ጎይትኦም ዘቕድሙ ሰዓብቲ ኣምላኽ ኢና። ክርስቶስ ሸውዓተ ዕጽፊ ደሚቑ እንተ ተሞጎሰልና፣ ናይ ሓጎስና ደረት መደምደምታኡ ይበጽሕ። ካብ ሓንቲ ስጋ ካብ ሓንቲ ጽዋዕ ተማቒልና ኢና'ሞ፣ ላዕልን ታሕትን ዘይብልና ሓደ ኢና።

ኣብ ማእከልና ፍጹም ዝብሃል የልቦን፣ እንኮ ብሉጽን ዓብን ሓደን ሓደ ጥራይ ኢዩ። ንሱ ድማ ጀማሪ እምነትናን ደምዳሚኣን የሱስ ክርስቶስ እዩ።

ካብዚ ጽኑዕ መትከል ዝተፈንተተ ግና ብዛዕባ ፍሉይነቱ ኪሓስብ ኪግደድ ኣማራጺ ዘይብሉ ጎደና ኢዩ። "ዓይኒ ማሕበር ኣነ እየ!" ኢሉ፣ ዝተጠበረ ልቡ ዘበርኽ፣ ኩሉ ዘየግሃዶ ውሽጣዊ ሓሳቡ ዝርገት ኣለዎ።

ተሸከርካሪት ነቶም ተሳፈርታ፡ "ሳላይ ኢኹም ኣብዚ በጺሕኩም! ኢላ ትንየተሎምዶ?" ከምዚ እንተኾነ ድማ መን ከም ዝሃንደሳን ብመን ከም ትእለን ዘይትምልስ ዕሽውቲ ምበልናያ።

ሎሚ ኣብ ቤት ኣምላኽ ናብ ግዳም ዘይተቐልዐ ናይ መን ይበልጽ ሕሹኽሹኽ ኣብ ኣልባብ ብስውር ይገማዳሕ፣ ኩሉ ዝተነበየ፡ መልእኽቲ ዘመሓላፈ፡ ኣጋንንቲ ዘውጸአ... ርእሱ ዝሓሸት መሲላ እትረኣዮ ብዙሕ ኢዩ።

ንሱ ካብ ጉባኤ እንተ ጎደለ ሰማያት ጠሊ ከዝንብ ሓይሊ ዝውሕዶ ይመስሎ። እቲ ካፉ ኣብ ልዕሊ ለምለም፡ ብርቱዕ ዝናብ ድማ ኣብ ልዕሊ ሳዕሪ ዘዝንብ ግና ኣብ ዙፋኑ ኣሎ።

ምርኡይ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ እምብዛ እኳ እንተኸበረ ነዊሕ ኪጎዓዝ ኣይከእልን። ስለዚ ሂወት ምልኣት ሰማይ ከተስተማቕር እንተደኣ ኮይና፣ ንጎይትኣ ባህ ዘብሎ ነገር ካብ ምቕዳም ክትቦኩር የብላን። ቀጻልነታ ኣጉሊሓ ከተርኢ ኣብ ኮረሻ እንተ ተወጠሐት ግና ፈታዊኣ ኣይንእዳን ውርደታ ከኣ ይዓቢ።

ንሕና ግና ነቲ ማዕርጉ ገዲፉ ዝሞተልና ብምኽባር፡ ንሓውና ኣብሊጽና ብምርኣይን ክብርና ንሓሉ።

# ኵርናዕ መንፈሳዊ ሕደማ

## ንሰብ ዝጨነቐ

ብሓሳብ ናይ ሰባት ፍጹም ዘይተኻእለ
ፈጺሙ ዘይከውን ኣዚዩ ዓቢ ጎቦ ዝኾነ
ሳራ ኣብ እርግናኣ ንይስሓቕ ወለደት
ኣብኡ ተኻኢሉ ንሰብ ዘይተኻእለ

ተደ - ንሰብ ዝጨነቖ 3x ኣይጨንቀካን
ንሰብ ዝኸበዶ 3x ኣይከብደካን
ኤልሻዳይ ኣምላኽ ምኧንካ
(ፍጥረት ኩሉ'ዩ ምስክርካ) x 2

ፈርኦን ንሰራዊቱ ንባሕሪ ደርቢኻዮም
ብዕብየት ግርማኻ ንዝትንስኡኻ
ጨፍለቕካዮም
ብእስትንፋስ ኣፍንጫኻ ማያት ተኾመሩ
ህዝብኻ ሓሊፉ ብማእከል ባሕሪ ከቢሩ

ተደ - ንሰብ ዝጨነቖ 3x ኣይጨንቀካን
ንሰብ ዝኸበዶ 3x ኣይከብደካን
ኤልሻዳይ ኣምላኽ ምኧንካ
(ፍጥረት ኩሉ'ዩ ምስክርካ) x 2

ኣዚዩ ጨኒቑና ማዕበል በርቲዑና
ንገብሮ ጠፊኡና ኩሉ ጸልሚቱና
ዘይትድቅስ ኣምላኽ ስሌና እትግደስ
ማዕበል ገኒሕካ መርከብና ተህድእ

ተደ - ንሰብ ዝጨነቖ 3x ኣይጨንቀካን
ንሰብ ዝኸበዶ 3x ኣይከብደካን
ኤልሻዳይ ኣምላኽ ምኧንካ
(ፍጥረት ኩሉ'ዩ ምስክርካ) x 2

ተስፋ ዘይብሉ ኣባኻ ተስፋ ኣለዎ
ምዉት ከይተረፈ ህይወት ሂብካ ደው ተብሎ
ንዓኻስ እንታይ ኢዩ 2x ይጨንቀካ
ዓለም ምስ ምልኣታ ኣብ ኢድካ ዝሓዝካ

ተደ - ንሰብ ዝጨነቖ 3x ኣይጨንቀካን
ንሰብ ዝኸበዶ 3x ኣይከብደካን
ኤልሻዳይ ኣምላኽ ምኧንካ
(ፍጥረት ኩሉ'ዩ ምስክርካ) x 2

ብዘመርቲ- ዮናታን ሶሱናን

# ጥቕሲ ጁቦራ

## ንኣምላኽ ዘይከኣሎ ነገር የለን!

"ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እንሆ በቲ ዓብዪ ሓይልኻን በቲ ዝርጉሕ ቅልጽምካን ዘይከኣለካ ነገር የልቦን።" ኤር 32፡17

ኣእምሮና ጸገማትና ዓበይቲ ወይ ንኣሽቱ ንምኧኖም ሚዛን ይህብ። ዋላውን ንሕሙማት ክንጽሊ ከለና፡ "ናይ ርእሲ ቃንዛ ዲዩ? ዋላ ሓንቲ ጸገም የለን! ንምፍዋስካ ንጸሊ።" ንብል። ብተዛማዲ ድማ መንሽሮ ምስ ዝኸውን፡ "ንፓስተርና ንንገሮ። ንሱ እንተጸለየልካ ይሕሸካ" ንብል። ርእሲ ሕማም ንእሽተይ፡ መንሽሮ ድማ ከም ዓቢይ ጸገም ጌርና ንወስዶ።

ኣምላኽ ግና ከምኡ ገይሩ ኣይኮነን ዝሓስቦ። ነቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ ዋላ ሓንቲ ዘይከኣሎ ነገር የለን! ኣብ ኣምላኽ ዓቢይ ጸገም ዝበሃል የለን። እቲ ጸገም ኣዝዩ ዓቢይ ኮይኑ ማለት፣ ኣብ ኣምላኽ ኣዝዩ ቐሊል ኮይኑ ማለት ኢዩ። ሓሙሽተ ሽሕ ንኪምግብ ሓሙሽተ እንጌራ ጥራይ ኢዩ ተጠቂሙ (ማቴ 14፡15-21)። ግን ብኣንጻሩ ነቶም ኣርባዕተ ሽሕ ንኽምግብ ሸውዓተ እንጌራ ኢዩ ተጠቂሙ (ማቴ 15፡32)።

ብኣተሓሳስባ ሰብ እንተረኣና ግና፣ ነቶም ብዝሒ ዘለዎም ንምምጋብ ብዝሒ ዘለዎ እንጌራ ኢዩ ዘድልየካ። እዚ ግና ኣብ ኣምላኽ ኣይሰርሕን። ነቶም ብዙሓት ንምምጋብ ሒደት ኢዩ ኣድልዩ። እዚ ግና ንኣምላኽ ንኣሽቱ ነገራት ይኸብዶ ኢዩ ማለት ኣይኮነን። ግን ሓደ ንክትዓይይ ዘተባብዓካ ኩነት ኣሎ። ንኣምላኽ ካብ ርእሲ ሕማም ንላዕሊ መንሽሮ ኪፍውስ ይቐሎ።

ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዓቢይ ጸገም እትብሎ ሒዝካሉ ምምጻእ እሞ ሕሰብ፡ "እንታይ ኢዩ ጸገምካ" ኢሉ ኣምላኽ ሓቲቱ፣ ንስኻ ድማ፡ "ኣቦ ዓቢይ ናይ ገንዘብ ለቓሕ ኢዩ። ሽሕ፡ ክልተ ሽሕ ዘይኮነ ሚልዮናት ኢዩ።" ትብሎ። ናይ ኣምላኽ መልሲ፡ "እዚ ቐሊል፣ ድሮ ከፊለልካ እየ።" ኢዩ ዝብለካ።

ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ኸኣ፡ "ወደይ፣ እንታይ ኢዩ ጸገምካ፧" ኢሉ ክሓተካ ከሎ፣ ንስኻ ከኣ፡ "ኣቦ ካብ ስራሕ ተሰጒገ፣ ካልእ ስራሕ ከኣ ስኢነ፣ ዕድመይ ኣብ ሓምሳታት ስለ ዝኾነ ብቑዕ ዝኾነ ብቕዓት ከኣ የብለይን።" ንሱ ኸኣ፡ "ጸገም የለን፣ ንገዛእ ርእስኻ ከም ኣብ ስራሕ ቑጹር ግበራ፣ ስራሕ ጥራይ ኣይኮነን ዘለካ፣ ልዕል ዝበለ ጽፍሒ ስራሕ ውን ኢዩ ዘለካ።" እዚ ኢዩ ናይ ኣምላኽ መልሲ። እቲ ንስኻ ዓቢይ እትብሎ ንእኡ ኣዝዩ ቀሊል እዩ።

ፍቁራተይ ኣብ ኣምላኽ ጸገም ዝበሃል የለን፣ እትምንታይሲ ንእኡ ዘይከኣሎ ነገር የልቦን።

# ጋሻ ዲቦራ



## ኣብ ክብሪ ኣምላኽ ዘይክኣል የለን!

ዲቦራ- ንኽብሪ ኣምላኽ ዝምልከት ሕቶታት ክትምልሰልና ፍቓደኛ ስለዝኾንካ ኣዚና ነመስግነካ!

መልሲ- ኣነ ውን ስለቲ ዝተዋህበኒ ዕድል ኣዝየ ኣመስግን!

ዲቦራ- ክብሪ ኣምላኽ እንታይ እዩ?

መልሲ- ክብሪ ኣምላኽ ዝተገለጸ ህልውና ኣምላኽ እዩ። እዚ ዝተገለጸ ህልውና ኣምላኽ እዚ፣ ሰባት ብፍስሃ ከም ዘምልኹ ክገብር፡ ቁጠባ ክዐሪ፡ ፍትሒ ዘይብሉ ነገራት ክጥፍእ ወይ ናብ ፍትሒ ከምጽእ ይኽእል እዩ። እዚ ክብሪ እዚ ንብዙሕ ነገራት ከግዝእ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ርድኢት ብዛዕባ እዚ ክብሪ እዚ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ገና ሕጂ ዝእቶ ዘሎ እዩ።

ዲቦራ- ነዚ ንዛረበሉ ዘለና ተግባራት ዝፍጽም ክብሪ ኣምላኽ ወሪዱ ድዩ ዋላስ ብመጠን ርድኢት ናይ ሰባት እዩ ክወርድ?

መልሲ- ክብሪ ኣምላኽ ካብ ቀደም ነይሩ፣ ሕጂ ኣሎ፣ ኣብ መጻኢ ውን ዝህሉ እዩ። ፍልጠት ብዛዕባ ክብሪ ኣምላኽ ኣባና እዩ ዝውሰኽ። ንኽብሪ ኣምላኽ ከመይ ጌርና ከነስርሖ ወይ ክንቅልሶ ከም ዘለና፣ ዘፍልጠና ፍልጠት እዩ ክግለጽ። መንፈስ ቅዱስ ነዚ ብርሃን እዚ እናሃበና ክኸይድ እዩ። እዚ ኸኣ እዩ ባብ ናይቲ ቀንዲ ምግላጽ ናይ ክብሪ ኣምላኽ ዘመን።

ዲቦራ- ኣብ ቤት ኣምላኽ ብዛዕባ ክብሪ ኣምላኽ ዘሎ ፍልጠት ከመይ ይመስል?

መልሲ- ቃል ኣምላኽ ኣብቲ መወዳእታ ግዜ ፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ እናወሰኸ ከም ዝኸይድ ይዛረብ እዩ። "ከምቲ ማያት ንመዓሙቕ ባሕሪ ዘጎልብቦ፣ ምድሪ ብፍልጠት ክብሪ እግዝኣብሄር ክትመልእ እያ. . ." ዝብል ጽሑፍ ውን ኣሎ (ኣም2፡12-14)።

ብዙሕ ግዜ ሰብ ነታ ፍልጠት ዘንጊዑ፣ "ምድሪ ብኽብሪ ኣምላኽ ክትመልእ እያ።" ኢሉ ክዛረብ ኢየ ዝሰምዕ። ግን ከምኡ ኣይኮነን። ሃዲእና እንተድኣ ኣንቢብናዮ፣ እቲ ጽሑፍ፡ "ምድሪ ብፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ክትመልእ እያ" እዩ ዝብል።

ኣብ ምድሪ ዘለና ኸኣ ንሕና ኢና። ስለዚ ኣመንቲ ኢና ብፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ክንመልእ። ብመሰረት ኣብዛ ዝጠቐስናያ ጥቕሲ ዘሎ ምልኣት ዘይብሉ ርድኢት፣ ኣብ ዝበዝሑ ኣመንቲ፣ ብዛዕባ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዘመን ዝግለጽ ፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ዘሎ ርድኢት፣ ኣዝዩ ትሑት እዩ።

ዲቦራ- ብፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ምምላእ እንታይ ማለት እዩ?

መልሲ- ብፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ምምላእ ማለት፣ ልክዕ ከም ንሓንቲ መኪና ንምዝዋር ዘድሊ ፍልጠት ምሓዝ ማለት እዩ። ንኣብነት መኪና ክዝውር ፍልጠት ናይ መኪና ምዝዋር የድልየኒ። ነቲ ክብሪ ኣምላኽ ከኣ ክጥቀመሉ እንተኾይነ፣ ፍልጠት ብዛዕባ ክብሪ ኣምላኽ የድልየኒ።

እዚ ፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ እዚ፣ ደጋጊምና ክንዛረበሉ ከም ዝጸናሕና፣ ኣብ ገጽ ምድሪ ዘይገብሮ ነገር የለን። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኴንና ክንርእዮ ከለና፣ ዘይፈለጥናዮ ስለዝኾንና ወይ ድማ ዘይርኣናዮን ኣብ ህይወትና ዘይተሞኮርናዮ ስለ ዝኾንና፣ ጽውጽዋይ ክመስለና ይኽእል እዩ።

ግን ከምቲ ኣብዚ እዋን ብቛንቋታት ምጽላይ ተራ ነገር ዝኾነ፣ ሽዑ ውን ብረዲኤት መንፈስ ቅዱስ፣ ብፍልጠት ክብሪ እግዝኣብሄር መሊእና ነዚ ብርቅን ድንቅን ዝኾነ ህይወት ክንነብሮ ኢና።

ዲቦራ-ኣብቲክብሪኣምላኽካብዝኸውንነገራትገለ?

መልሲ- ኣብ መንግስተ ሰማይ ናይ ጸልማት ሓይልታትን ርኹስ ግብርታቶምን ከም ዘይህሉ ዝገበረ ክብሪ እግዝኣብሄር እዩ። ኣብቲ ክብሪ ኣምላኽ ዘለዎ፣ ኣብኡ ሓርነት ኣሎ።

እዚ ክብሪ እዚ ኣብዚ መወዳእታ ዘመን ምስ ተገለጸ ድማ፣ ልክዕ ከምቲ ኣብ መንግስተ ሰማይ፣ ኣብ ምድሪ ውን ሓርነት ዘምጽእ እዩ።

ኣቐዲምና ተንኪፍናዮ ዝጸናሕና፣ "ከምቲ ማያት ንመዓሙቕ ባሕሪ ዘጎልብቦ፣ ምድሪ ብፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ክትመልእ እያ እሞ ኣብ ኩሉ እቲ ቅዱስ ከረነይ ሓደ እኳ እከይን ጉድኣትን ዝገብር ኣይክህሉን እዩ።" ዝብል ጥቕሲ ኣሎ (ኣም2፡12-14)።

ስለዚ እቲ እከይን ጉድኣትን ዝገብር ነገር (ዋላኳ ንዝተወሰነ ግዜ ይኹን ደኣ እምበር)፣ ኣብቲ ክብሪ ኣምላኽ ዝግለጸሉ ግዜ ክቐውም ኣይክእልን እዩ። እቲ እኩይ ዝገብር ደው እንተዘይ ኢሉ ድማ እቲ ዕዮኡ ደው ክብል ኣይክእልን እዩ።

ዲቦራ- ነቲ ምድሪ ብፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ትመልኣሉ ዘመን ንኣትዎ ከምዘለና ዝሕብሩ ምልክታት ኣለዉ'ዶ?

መልሲ- እዚ ዘለናዮ ዘመን መእተዊ ናይቲ ዓቢ ምግላጽ ክብሪ ኣምላኽ ዝግሃደሉ ዘመን እዩ። ነዚ ብምንታይ ኢና ክንርድኦ ንኽእል እንተድኣ ኢልና? ኩሉ እቲ ዝተለማመድናዮ ናይ ቤተክርስትያን ልምምዳት ድዩ፣ እቲ ዘሕለፍናዮ ብምልኡ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ምልኣት ዝበጽሓሉ ግዜ እዩ።

ስለዚ ድማ ኣብ ልቢ ነፍስወከፍ ኣማኒ፣ ንብድሆታትካ ብመንፈሳዊ መገዲ ናይ ምስዓር ድሌት ዝነቓቕሓሉ፡ ነቲ ኣብ ህይወቱ ይኹን ኣብ ናብርኡ ዝገጥሞ ብድሆታት ብመንፈሳዊ መገዲ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ስዒርካ፣ ናብዚ ምድሪ ናይ ምምጻእ ዝብል ድሌቱ ጥርዚ ዝበጽሓሉ፡ ዝትንስኣሉ፡ንዝኾነዓመጽርእዩድማስቕዘይብለሉ፣ ዋላ ብሓይሊ ኣይመልሶ፣ በቲ ካብ ኣምላኽ ዝተዋህቦ ኣጽዋር ግን ዝምልሰሉ ዘሎ ግዜ እዩ።

ከምኡ ውን መንፈስ ሰብ ክንዮ እዚ ሕጂ ኣብ ልምምድ ዘሎ፣ ካልእ ሓድሽ ነገር እናጸምኤ ይኸይድ ኣሎ። ካብዚ እቲ ድሌትን ግብርን ዝገብር ኣምላኽ፣ ነዚ ድሌት ኣብ ልቢ ሰብ ክሕድሮ ከም

ዝጀመረ ኢና ንርዳእ። እቲ ግብሪ ኸኣ እናመጸ ይኸይድ ኣሎ። በዚ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም ዝግበር ዘሎ ግብርታት ከኣ፣ ነዚ ዘመን ንኣትዎ ከም ዘለና ዝእንፍት እዩ።

ዲቦራ- እቲ ምድሪ ብፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ክትመልኣሉ ዝተመደበ ዘመን ክይግሃድ ዝዕንቅጹ ዕንቅፋታት ኣይህልዉን’ዶ?

መልሲ- ጠጠው ክብልዎ እኳ ኣይክእሉን እንድዮም፣ ግን ዕንቅፋት ክኾንዎ ዝኽእሉ ክልተ ነገራት ኣለዉ። እቲ ቀዳማይ ዕንቅፋት ካብ ጎደሎ ፍልጠት ናይ ህዝቢ ኣምላኽ ዝነቅል እዩ።

ብዙሕ ካብ ህዝቢ ኣምላኽ በዚ ፍልጠት እዚ ስለ ዘይጸንሐ፣ ማለት ነዚ ነገር እዚ ጋሻ ስለ ዝኾነ፣ ኣብ ርእሲ እቲ ሽዑ ዝትግበር ልዕለ ኣእምሮ ዝኾኑ ተግባራት፣ ነቲ ኣብ ቐጠባ ጸላዊ ምኳን፣ ኣብ ዓለማዊ ምሕደራ ጸላዊ ምኳን ወይ ኣብ ወሳኒ ቦታ ምቕማጥ ዝብል ሓሳብ፣ ምስ ምድራውነት እዩ ዝተሓሓዝ ካብ ዝብል ርድኢት፣ ብኡ ንብኡ ሓንጎፋይ ኢሉ ኣይክቐበሎን እዩ።

እዚ ግን ግጉይ ርድኢት እዩ። ንኣብነት ከም ንኢሳቕ እግዝኣብሄር ብቐጠባ ምስ ባረኾካ ኣብ ቐጠባ ጸላዊ ትኸውን።

ከም ንዮሴፍን ንዳንኤልን እግዝኣብሄር ብጥበብ ምስ ባረኾካ፣ ንሳቶም ኣብ መንግስታት ግብጽን ባቢሎንን ተደለይቲ ከም ዝነበሩ፣ ንስኻ ድማ ኣብ ቤተ መንግስቲ ተደላዪ ትኸውን።

እቲ ካልኣይ ዕንቅፋት ከኣ እቲ ኤዛቤሊካዊ መዋቕራት ኣብ ኣእምሮን ኣብ ዓለማዊ ኣካይዳን፣ ልዕል ኢሉ (ጽኑዕ ዕርድታት ሒዙ) ስለ ዝጸንሐ፣ ክሳዕ ዝፉሓቕ ንግዚኡ ዕንቅፋት ክኸውን እዩ።

ዲቦራ - እቲ ሽዑ ዝዝውተር ልምምዳት ክሳዕ ክንደይ ረቂቕ ነገር ኮይኑ እዩ ንኣመንቲ ጋን ክገብር ዝኽእል?

መልሲ- እዚ ብምንታይ ክንምስሎ ንኽእል መስለካ፣ ኣብ ዘመነ ሉተር ብቛንቋታት ከም ምጽላይ፣ ወይ ካልእ ናይ መንፈስ ቅዱስ ውህበታት ኣብ ተግባር ከም ምውዓል እዩ።

ንኣብነት፣ ብዛዕባ ኣብዚ እዋን ዝግበር ዘሎ ብቲቪ ወንጌል ምስባኽ፣ ምንጋፍ፡ ምፍዋስ፡ ዝሓጸረ እግሪ ወይ ኢድ ምንዋሕ፡ ብ ካሜራ ካብቲ መንፈሳዊ ዓለም ደረቕ ወይ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ቀዲሕካ ምርኣይ ወዘተ፣ ነቲ ኣብ ዘመን ሉተር ዝነበረ ኣማኒ ትነግሮ እንታይ ኢሉ እዩ ክቕበለካ።

ከምኡ ኸኣ፣ ኣብቲ ክብሪ ኣምላኽ ብሓይሊ ዝግለጸሉ ዘመን፣ ክሳዕ ልዕለ ኣእምሮ ዝኾኑ ተግባራት ክዝውተር ክንርኢ ኢና። ገለ ካብኡ ውን ኣብ ገለ መደበራት ተሌቭዥን ይቀላቐል ኣሎ። ሽዑ ግን ዝውቱርን ተራ ነገርን እዩ ክኸውን። ምኽንያቱ በቲ ዝግለጽ ክብሪ ኣምላኽ ዘይከውን ነገር ኣይክህሉን እዩ። እቲ ልምምድ ብገለ መልክዕ ንህይወት መንግስተ ሰማይ ናብ ምድሪ ክሳዕ ምግሃድ ዝኸደ ክኸውን እዩ።

ዲቦራ- ኣብ መጻኢ ካብ ዝግበሩ ልዕለ ኣእምሮ ዝኾኑ ተግባራት ኣብነት ሂብካ ‘ዶ ነዚ ሓሳብ መራጎድካልና?



መልሲ- መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነት ናይ ደቂ ዘይቲ ኣሎ (ራኢ11፡5)። ዝኾነ ነዞም ክልተ ነብያት ክጎድኦም ዝፍትን ጸላኢ፣ ከይጎድኦም ገና ኣብ ምሕሳን ወይ ኣብ ምዝርራብ እንከሎ፣ ካብኣፎምብዝወጽእሓዊከምዝብላዕተጻሒፉኣሎ።

እዚ ኣብ መወዳእታ ዘመን ናይ ነብያት ብቕዓት ክሳዕ ክንደይ ከምዝዓቢ ዝእምት እዩ።

ዲቦራ- እቲ ኣብ ህዝቢ ኣምላኽ ወይ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ክኸሰት ዝኽእል መኻልፍ ብኸመይ ክዓርፍ እዩ ትብል?

መልሲ- እቲ ዝግለጽ ክብሪ እግዝኣብሄር ዓቢ ካብ ምኳኑ ዝተላዕለ፣ ሰማያት ጸርዩ፡ ህልውና እግዝኣብሄር ኣብ ነፍስወከፍ ኣማኒ ክግለጽ ስለ ዝኾነ፣ ድምጺ እግዝኣብሄር ንምስማዕ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኣይክኸውንን እዩ።

ጎይታ ብመንፈሱ፣ በብግዚኡ ነቲ ግዜ ዝኸውን ዝተፈላለዩ ብርሃናት (ፍልጠትን ልቢ ዘዕርፍ ሰላምን እናሃበ)፡ ዘገርሙ ነገራት እናገበረ፡ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፣ እቲ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኣምላኽ (ቤተክርስትያን) ዝግበር ቅሩቁስ ክስገር እዩ።

ዲቦራ - ህዝቢ ኣምላኽ ናብ ሓደ ምርዳእ ምስ መጸ ስዒቡ ዝኸውን እንታይ እዩ?

መልሲ- ድሓር ህዝቢ ኣምላኽ ብሓንሳብ ናብቲ ካልእ፣ ማለት ኤዛቤሊካዊ ስርዓትን መዋቕራትን ምዕናው ኣብ ዝብል ነገር ከተኩር እዩ። እቲ ግዜ የሱስ ክርስቶስ ንጸላእቱ፣ ብኹሉ መዳይ መርገጺ እግሩ ዝገብረሉ ግዜ እዩ ክኸውን። እቲ ዝግለጽ ክብሪ ድማ ነዚ ክገብር እዩ።

ከምቲ ዝሓለፍናዮ ዓመታት ኣብ ቤተክርስትያን ሰብ ምስ ማእሰርቱ ወይ ምስ ሕማሙ ወይ ምስ ጸገሙ ዝመላለስ ዝነበረ፣ ሽዑ ከምኡ ኣይክኸውንን እዩ። ክርስቶስ ኣብ ኩሉ ዝግሃደሉ ወይ ዝርኣየሉ ግዜ ስለ ዝኾነ፣ ሕማም፣ ድኽነት፣ ማእሰርቲ ወዘተ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኣይክብልን እዩ። ጎይታ ብኽብሩ

ኣብ ግኡዝ ዓለም፡ ኣብ ምሕደራ፡ ኣብ ናብራ፡ ኣብ ኩሉ መዋቕራት እናተገለጸን እናተጋሃደን ዝኸደሉ እዋን እዩ።

ዲቦራ - ጎይታ ቅድሚ ሕጂ ዘይገበሮ ብሕጂ ዝገብሮ ሓድሽ ነገር ኣሎ ድዩ?
መልሲ- ሓድሽ ዝግበር ነገር የለን። እቲ ዝነበረ እዩ። እዚ ናይቲ ጎይታ ኣብ መስቀል ዝስዓሮ ስዕረት ወይ ኣብ መስቀል ዝተዓወቶ ዓወት ምልኣት እዩ። ክርስቶስ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ህይወት መድሓኒ ዓለም ከም ዝኾነ፣ ናቱ ምልኣት ኢና እንዛረብ ዘለና። ሕጂ ከመይ ጌርና ናብቲ ምልኣት እቲ ንኣቱ ኢና ንዛረብ ዘለና።

ዲቦራ- ብኸመይ ከም እንኣትዎ ሓሳብ ‘ዶ ምሃብካና?

መልሲ- ብኽልተ መገዲ ኢና ክንኣትዎ። መንፈስ ቅዱስ ዝጸወቶ ተራ ኣሎ፣ ብወገን ኣመንቲ ወይ ቤተክርስትያን ክግበር ዘለዎ ግደ ኸኣ ኣሎ።

ዲቦራ- ብመጀመርታ ተራ ናይ መንፈስ ቅዱስ እንታይ ከም ዝኸውን ክትገልጸልና?

መልሲ- መንፈስ ቅዱስ ኣብ ቤተክርስትያን ዝተፈላለየ ኣስተዋጽኦ ክገብር ጸኒሑ ኣሎን። ከም መቐጸልትኡ ኸኣ ኣብዚ እዋን እዚ፣ ነቲ ፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ እናገለጸ ክኸይድ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ናይ ዘይተገለጹ ቃላት ብርሃን ኣብ መንፈስና እናብርሀ ምስ ከደ ክንሕደስ ኢና።

ንኣብነት፡ “ክርስቶስ ንጸላእቱ መርገጺ እግሩ ክገብር እዩ።” ንብል ኢና (እብ10፡12-14)። ሓቂ

እዩ እዚ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም፡ ጎይታ ኣብ መስቀል ብዝኸፈሎ ዋጋ ዝተፈጸመ ነገር እዩ። ብግብራዊ ኸ ክርስቶስ ንጸላእቱ ብምልኣት መርገጺ እግሩ ገይርዎም ኣሎ ድዩ? ኣይገበሮምን። እሞ ብመን እዩ ክገብሮ? ብኣና እዩ ክኸውን።

እምበኣር ነዚ ምእንቲ ክንገብር እዩ መንፈስ ቅዱስ ነዞም ተሓቢኦም ዝነበሩ ቃላት ክብርሃልና። ነዚ ምእንቲ ክንገብር እዩ መንፈስ ቅዱስ ክብሪ ኣምላኽ እነንቀሳቐሰሉ ጥበባት ኣርእዩ፣ ግብራዊ ክእለት ከነጥሪ ክድግፈና።

በቲ ዝግለጽ ፍልጠት ድማ ንኽብሪ ኣምላኽ ኣብ ቁጠባ፡ ኣብ ምሕደራ፡ ኮታስ ኣብ ኩሉ ነገራት እናእተና፣ ንጸላእትና ክንረግጽን፣ ንኹሉ ብድሆታትና ክንስዕርን ከኽእለና እዩ። እዚ ነገር ከኣ ብጽልዋ ናይ መንፈስ ቅዱስ መመሊሱ እናዓበየ ክኸይድ እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ መንፈስ ቅዱስ ንኣምላኽ ናይ ምውፋይ ድሌት ኣብ ኣመንቲ እናኗሕኩሖ ከሕድር እዩ።

ዲቦራ- ተራ ውልቀ ኣመንቲ ኸ እንታይ እዩ ክኸውን?

መልሲ- ግደ ናይ ኣመንቲ እንታይ ክኸውን እዩ? እንተድኣ ኢልና፣ ቀዳማይ በቶም መንፈስ ቅዱስ በብእዋኑ ዝገልጾም ብርሃናት ኣእምሮና ምሕዳስ እዩ። ኣእምሮና ተሓዲሱ ብፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ምስ ኮነ፣ “እቲ እዝስ ኣይክኣልን እዩ!” ዝብሃል ዝነበረ ኣተሓሳስባ፣ እናጠፍአ እናጠፍአ ክኸይድ እዩ።

ከም ውጻኢቱ ድማ እዚ ክንእምቶ ዝጸናሕና ነገራት ክውን ክኸውን ክጅምር'ዩ። “ብክርስቶስ ኩሉ ንኽእል ኢና፡ ብክርስቶስ ካብ ስዓርቲ ንበልጽ ኢና፡ ብክርስቶስ ከምዚ. . .ኢና” ኢልና ምእዋጅ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብግብራዊ ምስ ክርስቶስ ኮይንና፣ ኣብ ባይታ ንገብሮ ነገራት ክህሉ እዩ። ብዙሕ ነገራት እናመጸ እናመጸ ክኸይድ እዩ።

ስለዚ ኣብዚ፡ “እንታይ እዩ ከድሊ? በየናይ ኢና ንገብሮ?” እንተድኣ ኢልና፣ በቲ ብቓል ኣምላኽ ዝተሓደሰን ዝተቓነየን ኣእምሮና እዩ። ምስዚ ተተሓሒዙ ዝኸይድ ካልእ ነገር፣ ናይ ሕልፍኚ ህይወትካ ምዕባይ፡ ርእስኻ ንፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ምግዛእ (ምእዛዝ) ዝኣመሰለ እዩ።

ዲቦራ- እዚ ኣእምሮኻ ምሕዳስ ዝብል ሓሳብ ኣውራ ነገር እንድዩ፣ ተወሰኽቲ ኣብነታት ሂብካ እንተሀብትምካልና ጽቡቕ እመስለኒ?

መልሲ- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና፡ “ብርሃንኪ መጺኡ ክብሪ እግዚኣብሄር ወጺኡልኪ እዩ እሞ፣ ተንስኢ፡ ብርሂ። እንሆ ጸልማት ንምድሪ ጣቓ ንህዝብታት የጎልብቦም፣ ግናኸ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኺ ክወጽእ፣ ክብሩ ውን ኣብ ልዕሌኺ ክርኢ እዩ።” ዝብል ቃል ኣሎ (ኢሳ60፡1-2)። ኣብዚ ክልተ ነገር ኢና ንርኢ ዘለና። ነታ መንግስቲ፡ “ተንስኢ፡ ብርሂ” ይብላ ኣሎ። ነታ ምድርን ነቶም ኣህዛብን ግን፡ “ጸልማትን. . .ጣቓን የጎልብቦም” ተባሂሉሎም ኣሎ። ኣብዚ ሕጂ ዝተሓደሰ ኣእምሮ ክድልየና እዩ። ከባቢና ክጽልምት ይኽእል እዩ። ኣብ ከባቢና ኣንጻር ቃል ኣምላኽ ዝቕመ ነገራት ክህሉ ይኽእል እዩ።

ነየናይ እዩ ግን ኣእምሮና ክሕደስ ዘለዎ? ነየናይ እዩ ኣእምሮና ክቕበሎ ዘለዎ? ነቲ ኩነታት'ዶ ንቓል ኣምላኽ? ብርግጽ ነቲ ቃል ኣምላኽ ጥራይ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣእምሮና ክነሓድሶ ከኣ፣ እግዝኣብሄር እንታይ ይብል ኣሎ? እምበር፣ ኣብ ከባቢና እንታይ ሓበሬታ (ኩነታት) ኣሎ? ከገድሰና የብሉን። ዘይተሓደሰ ኣእምሮ እምነት ከምጽእ ኣይክእልን እዩ። ብዘይ እምነት ድማ ዋላ ሓንቲ ነገር ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና።

ዲቦራ- ኣእምሮና ኣብቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ ነገራት እንተ ርዒሙ እንታይ እዩ ዝኸውን?

መልሲ- ኣእምሮና ነቲ ኣብቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ ነገራት እንተ ርዒሙ ግን፣ እቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ብርሃን ክወጽእ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ቃል ኣምላኽ፡ “ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ” እዩ ዝብለና (ሮሜ12፡2) - ነቲ ናይ ዓለም ቅዲ ኣይትሰማምዕዎ እዩ ዝብለና። ምኽንያቱ ዓለም ነቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ብርሃን ዘጸልምት ምኽሪ እዩ ዘለዎ። ምኽሪ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ግን ንምብራህ እዩ። ስለዚ ምስ ዓለም ምስምማዕ ምስ ኣምላኽ ምጽላእ እዩ። ምስ ኣምላኽ ምስምማዕ ከኣ ምስ ዓለም ምጽላእ እዩ (ያቆ4፡4)። እዚ ካብ ኮነ እቲ ሓቂ ምስቲ ቃል ኣምላኽ ዝብለና ብምስምማዕ ኣእምሮና ነሐድስ።

ዲቦራ- ኣእምሮ ወዲሰብ እንተዘይተሓዲሱ ክሳዕ ክንደይ እዩ ንእግዚኣብሄር ዕንቅፋት ዝኾና?

መልሲ- ኣዝዩ ይሽገር እዩ። ንኣብነት ናይ ሙሴ ህይወት እንተርኢናዮ፣ እግዝኣብሄር ናብ ፎርኦን ክልእኮ ምስ ጸውዖ፣ ኣብ ፈለማ ሓንሳብ፣ “ኣነ መን'የ ናብ ፎርኦን ዝኸይድ?” ሓንሳብ፡ “ኮልታፍ እየ” ወዘተ እናበለ እዩ ኣሸጊርዎ ነይሩ (ዘጽ3፡11, 4፡10)። ኣብ መወዳእታ ግን ኣብ ሓሳብ እግዝኣብሄር ኣትዩ ንፍቓዱ ከተግብር ከሎ ኢና ንርእዮ። ካብዚ ብምሕዳስ ሓሳባትና ኣእምሮና ምስ ቃል ኣምላኽ ከም ዝሰማማዕ እንተዘይጌርና፣ ምስ እግዝኣብሄር ክንሰርሕ ከምዘይንኽእል ኢና ንርዳእ። ስለዚ ምእንቲ እግዝኣብሄር ክጥቀመልና፣ ኣእምሮና ብምሕዳስ፣ ኣብቲ ቅዱስ ከረን ኣምላኽ ልዕል ዝበልና ሰባት ክንከውን ኣለና።

ዲቦራ- ግደ ናይ ቤተክርስትያን ከመይ ክኸውን እዩ?

መልሲ- ኣቐዲምና እዚ ሕጂ ዘለናዮ ዘመን ብዙሕ



ዝተፈለየ ሕቡእ ብርሃናት ዝግለጸሉ ዘመን እዩ ኢልና ኔርና። እዚ ማለት ምግላጽ ናይቲ ክርስቶስ ንጸላእቱ መርገጺ እግሩ ዝገብረሉ ናይ ክብሪ ዘመን እዩ። ዕላማ ናይዚ ናይ ክብሪ ዘመን፣ ንቤተክርስትያን ብምልኣት፡ ብሓይሊ ኣብ ገጽ ምድሪ ንምግላጽ፣ ንሰይጣን ኣብ ምድሪ እንከላ ሕነ እናፈደየቶ ከም ትኸይድ ንምግባር እዩ።

ስለዚ ቤተክርስትያን ናብዚ ናይ ክብሪ ዘመን ክትኣቱ እንተኾይና፣ ኣውዲቓቶም (ደርብያቶም) ዝነበረት፣ ነዚ ንብሎ ዘለና ከተግብሩ ዝግብኦም ዝተፈላለዩ ዝተሓብኡ ብርሃናት ከተልዕሎምን፣ ኣብ መእመን ብትምህርትታት ከተስርጾምን ይግባእ። ኣብዚ ሓደ ነገር ክንግንዘቦ ዘለና፣ ከምቲ ዳንኤል ተቐዲሱ ምኽንያት ምቕዳስ ንብጾቱ ዝኾነ፣ ኣብዚ ዘመን እዚ ውን ብረዲኤት ኣምላኽ፣ ናብ ክብሪ ኣትዮም ዘእትዉና ናይ እምነት ጀጋኑ ኣብ ቤተክርስትያን ክህልዉ እዮም። ምሕዳስን ምልዋጥን ናይ ውልቀ ኣመንቲ፣ ምሕዳስን ምልዋጥን ናይ ቤተክርስትያን እዩ። ምስግጋር ናይ ኣመንቲ ምስግጋር ናይ ቤተክርስትያን እዩ። ኣመንቲ ብውልቐም ኣብ ክብሪ ምስ ኣተዉ ቤተክርስትያን ኣብ ክብሪ ኣምላኽ ኣትያ ኣላ ማለት እዩ።

ዲቦራ- ዕላማ ናይቲ ኣብ ዙርያና ዘሎ ክብሪ ኣምላኽ እንታይ እዩ?

መልሲ- ክብሪ ኣምላኽ ንኽንቱ ኣይኮነን ዘሎ። ንሕና ምእንቲ ክንጥቀመሉ እዩ። ግን መዓስ ኢና ክንጥቀመሉ? ፍልጠት ብዛዕባኡ ምስ ረኸብናን ብፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ምስ መላእና እዮም ነገራት እናበርሁ፡ ትምህርታት እናጓሞቐ፡ ነገራት ከኣ እናተገዝኡና ክኸዱ። ካብ ፍልጠት ክብሪ እግዝኣብሄር ዝተላዕለ ናይ ብዙሕ ሕቶታት መልሲ ክርከብ እዩ። ኣብዛ ምድሪ ድማ ዝተፈላለየ ኣስተዋጽኣታት እናምጽአ ክኸይድ እዩ።ብሓጺሩ እግዝኣብሄር ኣብ ገጽ ምድሪ ክህሉ ዝደልዮ ነገራት፣ ዋላ ክሳዕ ቤተኽርስትያን ትንጠቕ ይኹን ደኣ እምበር፣ ብገለ መልክዑ ክዉን ክኸውን እዩ።

ዲቦራ- ኣብዚ እዋን ዘገልግሉ ኣገልገልቲ ከመይ ዝበሉ እዮም ክኾኑ ትብል?

መልሲ- ሕጂ ዝመጹ ናይ ኣምላኽ ሰባት ወይ ድማ ኣብዚ ግዜና እናመጹ ዝኸዱ ሰባት፣ ዘገርሙን ዘደንቑን ሰባት እዮም ክኾኑ። ነቲ ዓለማዊ ስርዓት ድማ ኣብዚ ትረፍ ኢሎሞ ዝሓልፉ እዮም። ኣብ ቁጠባ ይኹን፡ ኣብ ምሕደራ ይኹን፡ ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ጸብለል ዝብሉ እናኾኑ እዮም ክኸዱ። ብፍላይ ከኣ ነብያት።

ዲቦራ- እዚ ግዜ እዚ እቲ ናይ ጸረ ክርስቶስ ሲስተም ትሕተ ቅርጺ ዝንጽፈሉን፣ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ከኣ ዝቀላቐለሉን ዘሎ ግዜ እዩ። እዚ ነዚ ትብሎ ዘለኻ ምግላጽ ክብሪ ኣምላኽ ኣይዕንቅጾን ‘ዶ? ብዛዕባ እዚ እንታይ ትብል?

መልሲ- እዚ ዘመን እዚ ዓቢ ክብሪ እግዝኣብሄር ዝግለጸሉ፡ ቤተክርስትያን ከኣ ካብቲ ቀዳማይ ክብራ እቲ ዳሕረዋይ ክብራ ኣዝዩ ዝዓብየሉ ግዜ ስለ ዝኾነ፣ ልዕሊ ዝኾነ ግዜ ናይ ምትግባር ዓቕማ ጎልቢቱ፣ ንጸላእታ ሕነ ትፈድየሉ ግዜ እዩ እሞ፣ ናይ ጸረ ክርስቶስ ምስፍሕፋሕ ብዙሕ ዘሰግእ ኣይኮነን። ድሓር ከኣ ከምቲ ኣብ 2ይ ተሰሎንቄ 2፡1-6 ተገሊጹ ዘሎ፣ ቤተክርስትያን ኣብ ምድሪ ክሳዕ ዘላ፣ ጸረ ክርስቶስ ብሓይሊ ክግለጽ ኣይክእልን እዩ።

ዲቦራ- ከምዚ ክትብለና ዝጸናሕካ ፍልጠት ብዛዕባ ክብሪ እግዚኣብሄር ገና ሕጂ ዝትኣታቶ ዘሎ ክኸውን ይኽእል እንድዩ፣ ዛጊት ብወገንካ ዘሎ ተመክሮ ከመይ ይመስል?

መልሲ- ኣነ ብወገነይ እዚ ሕጂ ዝገልጸልካ ንክሕተም ዝበቅዕ ተመክሮ እዩ እኳ እንተዘይበልክዎ፣ ግድን፡ “ገለ በል” ካብ በልካንስ፣ ሓደ ክልተ ክጠቅስ።

ብዛዕባ ፍልጠት ክብሪ ኣምላኽ ዘሎኒ ርድኢት እናዓበየ ምስ ከደ፣ ከምቲ ጸልማት ንብርሃን ዘይሕዞ፣ ኣብቲ ክብሪ ኣምላኽ ዝተገለጸሉ ቦታ፣ ሰይጣንን ዕዮታቱን ደው ክብሉ ከምዘይክእሉ ምስ ተገንዘብኩ፣ ነዚ ክብሪ ብእምነት ክንቀሳቐሶ ከለኹ፣ ትምህርቲ ኣብ ዝምህረሉ ወይ ቃል ኣምላኽ ኣብ ዘካፍለሉ ግዜ፣ ካብቲ ዝግለጽ ክብሪ ዝተላዕለ ጥበብን ምግላጽን ይወሃበኒ፣ እቲ ስዓታት ናይ



ትምህርቲ እቶም ተመሃሮ እናናፈቕዎ ንኹላትና ከይተረድኣና ይጽንቀቕ።

እዚ ክብሪ እናተርድኣኒ ምስ ከደ፣ ነዚ ክብሪ ብእምነት ክንቀሳቐሶ ከለኹ፣ ኣብ ልዕለይ ፍሉይ ሞጎስ ክመጽእ ጀሚሩ። በዚ መጎስ ከኣ ኣብ ስራሕ ልዕለይ ዘለዉ መሳልል ከስልጥዎ ዘይክኣሉ፣ ኣነ ናብቲ ቦታ ብምኻደይ ጥራይ፣ ኣፈይ ከይከፈትኩ ብኽምኡ ክሰልጥ ጀሚሩ።  ኣእምሮ ናይ ደቀይ ካብ ጽልዋ ኣጋንንቲ ሓራ ወጺኡ፣ ደቀይ ኣብ ትምህርቶም ኣዝዮም ውጽኢታውያን ኮይኖም።

ኣብ ኣካላተይ ቃንዛን ሕማምን ክስምዓኒ ተጀመረ፣ ነቲ ክብሪ ኣስተንትኖን ኣብኡ ኮይነ ብእምነት ገለ እብልን እሞ፣ ብኡንብኡ ካብቲ ስምዒታት እላቐቕ።

ኣብ ደቀይ ውን ገለ ጥዕናዊ ጸገማት ምስ ዝኽሰት፣ ነዚ ክብሪ ኣብ ልዕሊኦም ብእምነት ክንቀሳቐሶ ከለኹ፣ ኣብኦም ውን ኣዝዩ ቅልጡፍ ፈውሲ እርኢ ኣሎኹ። ካልእ ሕጂ ክዛረበሉ ግዚኡ ዘይኮነ ካብዚ ዝጠቐስኩልካ ልዕል ዝበለ ነገር ውን ኣሎ። እዚ ክብሪ ኣምላኽ ከተንቀሳቐሶ ምስ ጀመርካ ካብ ዝኸውን ኣዝዩ ተራ ነገር እዩ። ግድን፡ “ገለ በል” ስለ ዝበልካኒ እየ ገለ ክብል ፈቲነ።

ዲቦራ - ኣንበብትና ነዚ ኣበጊስናዮ ዘለና ሓሳብ ከራጉድሉ ዝኽእሉ ጽሑፋት ወይ ቅድሓት ካበይ ክረኽቡ ይኽእሉ?

መልሲ- ብ ብራይን ጆንስ ዝተዳለወት “ዘ ሪስቶረር” ትብል መጽሓፍን፡ ብ ኣፖስትል ጉሌርሞ ማልዶናልዶ ዝተዳለወት “ግሎሪ” ትብል መጽሓፍን፣ እንተድኣ ኣንቢቦም ተወሰኽቲ ሓሳባት ክርኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ዲቦራ- ኣብ መወዳእታ ክትብሎ ትደሊ ነገር እንተሎ?

መልሲ- ብምሕዳስ ሓሳብና እናተለወጥና ልብና ነርሕብ ክብል እደሊ። ልብና እንተርሒብና ኣተግበርቲ ናይዚ ትንቢት ክንከውን ኢና። ልብና እንተጸቢቡ ግን ንኣገልገልቲ እዚ ዘመን ክንነቕፍን ክንወቕስን ግዜ ከነጥፍእ ኢና። እዚ ንኸይከውን ደጊመ ብምሕዳስ ሓሳብና እናተለወጥና ልብና ነርሕብ ክብል እደሊ።

ዲቦራ-ብኻልእ ኣርእስቲ ደጊምና ክንራኸብ ንትስፎ። ጎይታ ይባርኽካ! የቐንየልና!